ዓቢዱደ ትብልዎ?

በየነ ሃይለ

ኣሕተምቲ ሕድሪ
ሓምለ 2005
ኣስመራ

ኣሕተምቲ ሕድሪ
178 ጐደና ተጋደልቲ
ቀ.ገ 35
ቀ.ሳ.ጸ. 1081
ቴሌ 291-1-126177
ፋክስ 291-1-125630
ኣስመራ
ኤርትራ

ዓቢዱዶ ትብልዎ?

መሰል ድርሰት © 2005 በየነ ሃይለ
መሰል ደራሲ እተሓለወ እዩ።

ቀዳማይ ሕታም 1964
ካልኣይ ሕታም 2003
ሳልሳይ ምብዛሕ 2005

ISBN 99948-0-016-7

ናይ ገበር ዲዛይን - መኰንን ወልደኣብ

ኣብ ኤርትራ ብኣገልግሎት ማሕተም ሳቡር እተሓትመ

መቅድም

ካብ ሽዱሽተ ዓመት ንላዕሊ ይገብር ንዝጸሐፍኩዎ መጽሐፍ መቅድም ክገብረሉ እንከሎኹ ብዙሕ ነገራት ብሐንሳብ ትዝ ይብለኒ ። መጀመሪያ ብፍይ ሐሳብ ጽሙዋ ናብቲ ጊዜቲ ይበጽሕሞ ፥ ናፍቆት ይስምዓኒ ። ነዊሕ ኮይኑ ። ሽዱሽተ ዓመት ። ደድሕሪኡ ብዙሕ ርእየ ፤ ብዙሕ ከአ አጋጢሙኒ ።

ጊዜ ክሐልፍ ጀሚሩ ፤ ሽዱሽተ ዓመት ንድሕሪት ወይ ንቅድሚት ሐሊፉ እንድዒ (ጊዜ ድዩ ዝሐልፈና ወይስ ንሕና ?) ብዛዕባ መጽሐፈይ አካፊለዮም ዝነበርኩ ሒዶት ሰባት እንተሕተምኩዎ ዝበለጸ ምኽኑ ከረድኡኒ ሐቂኖም ፤ አነ'ውን አብ ንእስነተይ ዝጸሐፍኩዎ ልቢ-ወለድ ታሪኽ ዝሞቀ ፤ ዝበልጽ ናይ ስምዕታ ሐቅነት ዝሐዘ ፥ ናይ ሰብን ቦታታትን ፥ ፍቅርን ጽልእን ፥ ብናይ ንእስነት ርእይቶ ዝገልጽ ብሰብ እንተተነበበ ዘኽፍእ መሲሉ ስለዘይተራእየኒ ከሕትሞ ፈቂደ ።

ድሕሪ'ዚ ኩሉ ዓመታት ባዕለይ ዝጸሐፍኩዎ መጽሐፍ ከምሰበይ ክንብቦ ጀሚረ ። ብዙሐት አስማት ካብ ዝኽረይ ክጠፍኡ ጀሚሮም ፤ እቲ ታሪኽውን ሐዲሽ ኮይኑኒ ። እቶም አብቲ መጽሐፍ ዘለዉ ሰባት ናይ ገዛእ ርእሶም ጠባይን ፍታድን ስለ ዝሐዙስ ፈጺሞም ካባይ ነፃ ኮይኖም አርሒቆም ይጥምቱኒ ። ምኖ ልባት ሕጂ ክእዝዞም እንተዝሀቅንሲ ኢደይ'ኳ ምነኽሱኒ ፥ እምበአርከስ መጽሐፍ ወንኻ ዳርጋ ምውጻእ ኢዩ ክበሀል ይከአል ይኽውን ፤ እንተኾነ በዚ ጥራሕ ክውሰን ዝከአል አይመስለንን ፤ ምኽንያቱ ከአ ሽሕ'ኳ እቲ አረአእያን አቲ ሐሳስባን ስምዕታን አዕርዩ እንተተለወጠስ ናይቲ ጊዜ'ቲ ዝተመዝገበ ጽሑፍ ስእሊ ምኽኑ አይተረፍን ኢዩ ።

ብዛዕባ'ዚ መጽሐፍ ካብ አነ አብዚ መቅድም ዝገልጾ አንባቢ ባዕሉ ዝር ድኡ ክበዝሕ ኢዩ'ሞ ቁሩብ መተሐሳሰቢ ማለት በዚ ታሪኽ'ዚ ክግስጽ ወይ ክምህር ቢለ ዘይኮነስ ፥ በቲ ጊዜቲ ብውሽጢ ልበይ ዝተሰመዓኒ ታሪኽ ከካፍል ጥራሕ ምኽኑ ፤ ከምኡ'ውን ከመስግኖ ወይስ ክሽምጥጦ ዝደለኹ ሰብ ከሕስሮ ወይስ ከኽብሮ ዝደለኹ ከተማ ወዘተ-- ከምዘይብለይ ይረድኦኖ ።

በዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዘመን አብ ዓድና ብዙሐት ሰባት ገሊኡ ጊዜአቶም አብ ምጽሐፍ እንዳሕለፉስ ክንደይ መጻሕፍቲ'ኳ ብሕዝቢ ይንበብ አሎ ። እንተኾነ አነ ብዝፈልጦ ሐደ ጸሐፋይ ማለት ካልእ ሥራሕ ዘይብሉ እኳ ዘሎ አይ መስለንን ። ምናልባት ዘለዎም ጊዜ አብኡ ጥራሕ እንተዘሕልፍዎስ ካብዚ ሕጂ ዘሎ ኵነታት ምተሳገርና ኔርና ።

ካልአይ ከአ ናይ ልቢ ወለድ ጸሐፍቲ ካብ ልክዕ ዝሐለፈ ክንምህር ክን ግጽስ ክንመርሕ ዝብል ሕያዋይ መንፈስ ስለ ዘሕደሩስ ብዙሕ ካብ ናይ ጽሩይ ጽባቄ ከይረሐቁ አይክተርፉን ኢዮም ። ከመይ ማለት መማህራን ካልኦት ናይ ልቢ ወለድ ጸሐፍቲ ከአ ካልኦት ከይኮኑ ! --- ልቢ ወለድ ታሪኽ ናይ ርእሱ መልክዕ ዝሐዘ ሐደ ካብ ናይ አርትስ ቅርንጫፍ ኢዩ ፤ ስለዚ ናይ አርት ሥራሕ ክኸውን ቀዳምነቱ ኢዩ ። ምናልባት ንትምህርቲ ዝጠቅም እንተኾነ ብድን

ገት ጥራሕ ምኻን አለዎ ። ብዛዕባ ናቱ ጥቅሚ ክንዛረብ እንከሎና ደሞ ብዛዕባ "ኤስተቲክ" ጥቅሚ ደአ'ምበር ፣ ኤኮኖሚያዊ ምኻን አሎዎ ቢለ አይኣምንን ኢየ ። ብኢድ ዝጭበጥ ግዙፍ ጥቅሚ ንሕዝብን ንዓድን ዘገልግል ፍረ ካብቲ ጸሐፋይ ምጽባይ ልክዕ አይመስለንን ።

ነዚ መጽሐፍ'ዚ ክጽሕፍ ከምኡ'ውን ንከሕትም ብብዙሕ መንገዲ ገዙኒ ካብዚ ቀጺለ ከመስግኖም ይደለ ። መጀመርያ ንክብርቲ አደይ ወይዘሮ ዘውዲቱ ኪዳነ ፤ ሐደ መዓልቲ ከይተጸለአ ናይ ዓድና ባህልን ልዳማድን፣ አብ ዘድልየሉ ብዝጥይቃ ብዝግባእ ስለ ዝሐገዘትኒ ፤ ሐብተይ ወይዘሪት ሉል ኃይለ ዝጸሐፍኩዎ አንቢባ ዝተሰምዓ ምኽርን ዘሐገሱ ምትብባዕን ስለዝሀበትኒ ፤ ካብ ኩሉ ከአ አቶ አብርሃ ገብርሐይወት መጽሐፈይ አንቢቦም ምብርትዕ ጥራሕ ዘይኮነስ ፤ አብ ቤት ማሕተም ምስ አተወት ብዘለዎም ኃይሊ ብምእራም ስለ ዝሐገዙኒ ፤ አቶ መሲሕ ሥዩም ከአ ብዘደንቅ ዓቅሊ መጽሐፈይ ንም እራም ዘለዎም ስምምዕ ስለዘወፈዩለይ ኢዩ ።

ዐ ሐ ፌ ኡ ፣

10 – ሰነ 1964

ምዕራፍ ፩ ።

ይዝከረካዶ?

አብ ዓዲ ግራት ፤ እወ አብ ዓዲግራት ፤ ሐደ መዓልቲ'ኳ አይትዝክርን ? ቆልዓ ሸውዓተ ዓመት ኢኻ ኔርካ ፤ ሽዑ ቀጢን ቀይሕ በዓል ጽቡቕ መልክዕ ኔርካ ። ምዕባይካ ሐብትኻ ትዝክራ እንዲኻ ? ሐቂይ'ዶ ? ንሳ ቆልዓ ሾመንተ ዓመት ነይራ ፤ ግና ካባኻስ አዐርያ ዝጠንከረትን ዝለበመትን ይብልዋ ነይሮም ። ሰዓት ዓሠርተ ክልተ አብ ዓዲ ግራት ከመይ ምኻኑ ትፈልጦ ኢኻ ፤ ማለት ሰን ደቕ ዕላማ ከውርድዋ እንከለዉ ዓቢይ ሥነ ሥርዓት አሎ ። አበይ ከምዝነ በርኩም አይፈለጥናን ፤ ንስኻን ሐብትኻን ኢድ ንኢድ ተታሒዝኩም ተንከል ተንከል እናበልኩም በቲ ቅድሚት ዓግአዚ ቤት ትምህርትኹም ጌርኩም ንማ እከል "ፒያሳ" ተምርሑ ኔርኩም ። ንገዛኹም ትኽዱ ከምዝነበርኩም አየጠ ራጥርን ነይሩ ፤ ምድንጓይኩም ፈሪሕኩም ትጎዩ ከምዝነበርኩም ድማ በረአ እያ አዒንትኹምን ግልጽ ግልጽ ብምብዛሕኩም ትፍለጡ ።

ናይ ሰንደቕ ዕላማ መውረዲ ጥሩምባ ምስ ሰምዔ አብ ፒያሳ ዝነበረ ሰብ ደው ክብል ጀሚሩ ፤ ገሊኡም ንገዝኡም ይኹን ወይስ ናብ ቆጸርኡም ክርከቡ ቢሎም ሀንደፍ ሀንደፍ ዝብሉ ዝነበሩ ሰባት ደው ዝበለ ሰብ ምስ ረአዩ ንሳ ቶም እውን ደው ኢሎም ። ጥዕምትን እተስሕቕን ወግዒ ሒዞም ዝነበሩ ሰባት ድማ ብጎድናቶም አፋቶም ሒዞም ደው ዝበሉ ሰባት ምስ ረአዩ አብዚአ ቦታ ገዲፍናያ ካብዚአ ክንጅምራ ኢና ከይበሉ ነታ ጥዕምቲ ወሪኡም አቋሪጾም ከም ሰቦም ጸጥታ ክሕልዉ ጀሚሮም ። ንእሽቶይ ዓቢይ ሰብአይ ሰበይቲ ከይ ተባህለ ኩሉ ሰብ ደው ኢሉ ። እቲ ሰብ ደው ምባል ጥራሕ ዘይኮነስ ስቕ እውን ስለዝበለስ ፤ ንደቀንን ገዝአንን ቢለን ክደኽማታ ዝውዓላ አዕዋፍ አብቲ ማእ ከል ከተማ ዘሎ ዓበይትን ግሩምን አእዋም ክሠፍራ እንከለዋ ዝገብርኦ ዝነ በራ ናይ ደሐን ሕደሩታ ዜማ ፤ ነታ ኩሉ ዝፈልጣ ናይ ሰንደቕ ዕላማ ቃና የማ ዕርግ ነይሩ ።

እዚ እናኾነ ከሎ ንስኻን ሐብትኻን ሰብ ከምዘሎን ዘየሎን ከይገደሰ ኩም ፤ እንታይ ዝግበር ከምዝነበረ ከይፈለጥኩም ፤ ዞኽዞኽ እናበልኩም ነታ አብ ማእከል ፒያሳ ዝነበረት ናይ አታኽልቲ ክቢ ሕልፍ ኢልኩምዋ ።

ነምዛ ሎሚ ኮይና ትዝከረኒ ፤ ካብታ ንስኻ አንጠልጢልካያ ዝነበርካ ንእሽቶ ጸዕዳ ከረጢት ሐንቲ ንእሽቶ ጸዕዳ እምኒ ወዲቓ ። ሐብትኻ ከአ ካብቲ ጉይአ ደው ቢላ ከተልዕላ ድንን ትብል ፥ ግን ነታ ንእሽቶይ እምኒ ከተልዕል ካበይ መጽአት ፤ መን ደርበያ ዘይትበሀል ገዛፍ እምኒ መጺአ ንሐብትኻ አብ ማእከል በራቂትአ ትወቅዓ ። ከም ምውቲ ኮይና ድማ ንመሬት ዕጽፍ ቢላ ክትወ ድቕ ይርአየኒ ። ንስኻ ከአ ንገለ ቁሩብ አናእሽቶ ደቂቅ ከም ብእምኒ ዝተሠርሐ ሐውልቲ ደው ኢልካ ፤ ቁሩብ ጽንሕ ቢልካ ድማ ከም ብምሣር ዝተቑርጸ ውልዶ ኦም አብ ልዕሊ ሐብትኻ ወዲቅካ ።

ንስኻ ገለ'ኳ አይኮንካን ፤ ስንባዶ ግና ካብኡ ዝገድድ ገይሩካ፤ ንሐብትኻ ብኽሳዳ ሕቑፍ አቢልካ ምስ ሐዝካያ ስደድ እንተተበሀልካ አይሰድድን ፥ ቢልካ አቅቢጽካ ፤ ደሐር ብግዲ አስዲዶም ንሐብትኻን ንዓኻን ክልተ ሰብ ኡት ምስ ተሰከሙኹም ሐደ ሐጺር ረጉድ ሰብአይ ድንን ቢሉ ሐንቲ ንእሽ ቶይ ጸዕዳ ከረጢት አብ ውሽጣ እንታይ ከምዝነበራ እንድዓ ፤ አልዕል አቢሉ ናታቶም ኢያ እናበለ ነቲ ሐ ቑሩኻ ዝነበረ ሰብአይ ሂብዎ ። ዝኾነ ኮይኑ ፥ ሐብትኻ ጸጋመይቲ እግራ ተጎዲአ እምበር አይሞተትን ።

ሕጂ እምበአርከስ ንጽባሒቱ ዝኾነ ነገር ዘክር፤ ንሐብትኻ እትወስድ ሐንቲ ንእሽቶይ መኪና ንገዛኹም መጺአ ድምጻ ምስ ሰማዕካ ተቀዳዲምካ ንደገ ወጺእካ ነታ መኪና ርኢኻያ ። ቅርብ ቅርብ እናበልካ'ውን ጎማታታን ካልእ ቦታአን ትሪአ ነርካ ። ብደንገት ቀሊሕ እንተበልካ ድማ ሐፍትኻ ሐት ነኻ ትዕበ ጸይረናአ ናብታ መኪና አቢለን ክወስደአ እንከሎዋ ርኢኻ እናበ ኽኻ ናበይ ክወስደአ ከምዝደለያ ንስኻ ምስአ ክትከይድ ከም እትደልይን ፥ ነጊርካየን ። ሐትነኻ ትዕበ ንሐብትኻ ብዝተኻእለን ጥንቃቄ ናብታ መኪና አእትየን ንባዕለን ከአ አትየን ። ትዝክር እንተኰንካ በቲ መስኮት ኢደን እው ጺኤን ንዓ በላኻ እሞ ቅርብ ምስ በልካ ሐብትኻ ክሕክማ ቢለን ክንዲ አደኻ ንሰን ንዓዲ ቀይሕ ይኽዳ ከም ዝነበራ ገለጸናልካ ። ቆልዓኮ አይኮንካን ንስ ኻስ እባ ምስ አደኻ ተሪፍካ ገዛ አታሐላልወን እኳ ኢለናኻ ። ብዙሕ ዘሐ ጕስ ድማ ፤ ሽሕ እኳ ክትከይድ ደሊኻ እንተነበርካ ሐቦ ጌርካ ሕራይ ምባልካ ኢዩ ። ንሐብተይ ደሐን ቀንዩ ኢለባ ክስዕማ ምስ በልካየን ትዕበ ዓዒንተን ብንብዓት ሐቢጡ ።

መኪና ምስ ከደት ኵሉ ነገር ዝኽደ መሲሉ እናተራእየካ እተን አናእ ሽቱ አእዳውካ አብተን አናእሽቱ ናይ ስረ ጁባታትካ አእቲኻ ርእስኻ ንባይታ ደፊእካ አብ ውሽጢ ገዛ ኾይነን ዝትክዛ ዝነበራ አደኻ ንምርካብ ቢልካ አቲኻ ።

እተን ሕያወይቲ አደኻ ንባዕለን ምዓንጠኤን ይሕረራ ደአምበር ንዓኻ ከሕዝናኻ ስለ ዘይደለያ ሐብትኻ ብቅልጡፍ ሐውያ ከም እትመጽእ ነጊረ ናኻ ። ንውሽጢ ገዛኹም አብ መደቀሲኤን አትየን "መዝገበ ወደይ ንዓሞ" ኢለናኻ ፤ ምስ አተኻ ድማ አብታ ዝፈትውአ መጸግዒ ዝነበራ ዓባይ ክብርቲ ወንበር ኮፍ ቢለን ብግርማን ብሕያውነትን ዝመልአ ሰውነተን ከምዝዓርፍ

ጌረን ፍሽኽ እናበላ ፤ "መዝገበ ወደይ ብናይ ትማሊ ዝአክል ብዙሕ'ዶ ሐዚ ንካ ኢኻ? ሐንቲ'ኳ አይኮነን ፤ ሐብትኻ ቀልጢፉ ክትሐዊ ኢያ ምስ መጸት ድማ ከም ቀደምኩም ክትጸወቱ ክትንየዩ ክትውዕሉ ኢኹም" ኢለን ብኽ ልተ አእዳወን መንኩብካ እናሐዛ ጽቡቓት አዒንትኻ ይጥምታ ነይረን ። ንስኻ ኽአ ፤ "እሞ አንቲ አደይ ብሐቂዶ ሐብተይ ትሐዊ ይመስለኪ ፤ እግራኮ ተሰይራ ኢያ ፤ ሐንካስ እንተኾነትከ ክንሐዝን እንዲና" ኢልካየን ።

አዴኻ እዚ ኹሉ ከም ዘይሐዘና ክመስላ ቢለን ዝጥንቀኞአ ዝነበራ ረሲ ዔን ንዓኻ አብ ደረተን ሐቑፈን በኽየን ፤ ንስኻውን በኺኻ ። ትጥዕስ ቢለን ድማ ንብዓተንን ንብዓትካን በቲ ግሩም ጋቢኤን እንዳ ሐሰሳ ፤ "መዝገበ ወደይ አበይ'ከ—ኢኹም ክሳብ ሰዓት ዓሰርተ ኽልተ አምሲኹም" እንተበላኻ "አደይ መንስ ክንጸወት ኢልና ኰንና አምሲና ፤ ዘይ በቲ ድሕሪ ግምሩክ ዘሎ ቦታታትስ ጽቡቕ ዝኾነ አእማን ስለ ዝርከብ እሞ አነ ከአ ንሐብ ኮይ ካብኡ ቀሩብ ነምጽእ ምስ በልኩዋ አብ ንእሽቶይ ጻዕዳ ከረጢት እርይ አቢልና ክሳብ ንመልእ እንዳአሉ ዝመስየ" ኢልካ መሊስካለን ።

"እንታይ ! አእማን ! ንምንታይ ዝኽውን ? እዋእ ! ነቲ ዝደርበየልኩም እኳ ደርቢኹሙሉ ትኾኑ ? እንታይ ደአ ! ነእማን ኢልኩም ደአ ክሳብ ሰዓት ዓሰርተ ክልተ ትጸንሑ ብሐቂዶ ነእማን ኢልኩም ኢኹም ፤ ወይ ከአ ከመይ ዝበለ እምኒ አብ ጥቓ ገዛውትና ዝይርከብ ኮይኑ ኢዩ" ክብላኻ እንከለዋ ዓይነን ገጸን ብምሉኡ ፤ አእዳወን እንተተመልከትካ ናይ አዝዩ ምግራምን ምጥርጣርን ጥያቄን ዘርኢ ነይሩ ። ኽዑ እምበአርከስ ንስኻ ክትፈርሕ ትጅምር ፤ ሕማኽ ገይረ ግዲ ኢየ ፤ ብአይ ሰንኪ ግዲ ኢዩ እዚ ኹሉ ዝመጸ ትብል እሞ ብፍርሐትን ጥንቃቐን ነተን ኮፍ ቢለን ብሰላማዊ ግና አብ ውሽጢ ሐይሊ ዝመልኤ መንገዲ ገይረን እንካባኻ መልሲ ዝጽበያ ዝነበራ አዴኻ ክትገልጸ ለንን ከተረድኤንን ትፍትን ። "እቲ እምኒኮ ከም ማንም ሱቕ ኢሉ እምኒ አይኰነን ። መጀመሪያ ብጣዕሚ ጻዕዳ ኢዩ ፤ ደሐር ብገለ ሐጺን መሳሊ ሐኺ ኽካዮ ድማ ሑጻ ዝመስል ይረግፍ እሞ ዝደለኻ ክትጽሕፈሉ ትኽእል ።አነኳ ብዛዕባዚ እምኒዚ ዝፈለጥኩዎ ሐደ መዓልቲ በቲ ቦታ አቢለ ምስ ብዙሓት ቆልዑ እንክሐልፍ ከሎኹ ብድንገት ሐንቲ ጻዕዳ ጽብቅቲ እምኒ ክንድዛ የማ ነይቲ ኢድኪ ምስ ጨበጥካያ ትኽውን ረኺበ ። ምስ ረአኹዋ ከምዛ ገንዘብ ወዲቃ ዝረኸብኩ ብቅልጡፍ አልዕል አቢለ ከይትሕወሰኒ ከይትጭመሩኒ እንተበልኩ እዞም ኩሎም ቆልዑ እናሰሐቁ ንእምኒ ደአ መን ክጭመረካ ኢሎሙኒ ፤ ንዓይ ግን ዓቢይ ሐጐስ ተሰሚዑኒ እናጐየኹ ንገዛይ መጺኤ ብንእሽተይ ሐጺን ገይረ ክፍሕፍሐ ጀሚረ፤ከርእየኪ እንተደሊኺ ድማ ጽንሒ" ቢልካ አብታ ንእሽቶይ ገዛኹም አቲኻ እንካብቲ አቑሑተይ የቐምጠሉ ኢየ እትብሎ ሥፍራ ሐንቲ ንእሽተይ ጻዕዳ እምኒ ሒዝካ "እዚአ ኢያ አደይ ፤ ርአይያ እሞ፤ ቅድም'ኮ ከባብ ኢያ ነይራ ፤ አነ ግና እናፋሕፋሕኩ ጸፋሕ ገይረያ ። ምስ ጸፍሔት ቀሩብ ሕስብ እንተበልኩ ዘይጽሕፈላኽ ኢለ ኽመ ይን ኽም አቦይን ጽሒፈላ እሞ አነ እንታይ ሐሲበ ከምዘለኹ ትፈልጢዶ ?

በቲ ከምኡ ዝበለ አእማን ገይረ እናፋሕፋሕኩ ስእልታት ክገብረሉ ኢየ ዝደሊ ትብለን ። በቲ መልስኻን አገላልጻኻን አይሕጕስቲ አይሕዝንቲ ኮይነን "በል እስኪ ንርእየካ" እናበላኻ ናብ ኪሽነ አቢለን እናኸዳ ዋዕ ቢለን ብዛዕባ ምግቢ ምስ ሸቃሊትኩም ክዛረባ ትሰምዕ ኔርካ ።

ንበይንኻ ምስ ተረፍካ እትሐስብ ስኢንካ እታ ሽምካን ሽም አቦኻን ዝቀረጽ ካላ ጸዕዳ ጸፉሕ እምኒ አብ ኢድካ ነይራ ። እናገላበጥካ ክትርእያ ጀሚርካ ። ጽንሕ ኢልካ ሕርቅ ትብል'ሞ አብ ውሽጢ ገዛ በዚወገንዚ ከይበልካ ክትድርብያ ቢልካ ኢድካ ስንዝር ከተብል እንከሎኻ ፡ ብዓቢይ ዝተሳእለ ናይ አዴኻ ስእሊ ትሪኢ'ሞ ልክዕ አዴኻ ዝደፈርካ መሲሉካ ቀስ አቢልካ ናብታ ናይ አዴኻ ልስ ልስቲ ዓባይ ወንበር ተቀምጣ ድሐር ንባዕልኻ አብልዕልታ እምኒ ተደፊእካ ፈቅፈቅ እናበልካ ትበኪ። መጀመሪያ ስቅ ኢልካ ንገለ ሠለስተ አርባዕተ ደቂቅ ዝሽውን ትበኪ ። ድሐር ግና ብሐንሳእ ብኽያትካ ደው ተብሎ'ሞ አብ ዓቢይ ናይ ሐሳብ ቀላይ ትጠልቅ ፤ ስለምንታይ ኢየ ዝበኽኹ? ስለምንታይ? ግናኮ ሐብተይ ሐሚማ እያ ዘላ ፤ አደይ ድማ ሐዚና ፡ አቦይ ምስ ሰምዔ እንታይኮን ይብል ይኸውን? አቦይ ቍጡዕ ኢዩ ክቍጣዕ ከሎ ክሰምየ አይፈቱን እየ ። እዞም ሐኽይም እግራ የሕውዩዋዶ ይኾኑ? ከመይ አቢሎም የሕውዩዋ ይኾኑ? ምስኡ ኽይደ እንተዝኽውን ክንደይኮን ጽቡቅ ነይሩ? ሐትነይ ትዕበ ግና ጥዕ ምቲ ኢየን ፡ ዳርጋ ምስ አዴኻ ዘሎኻ ኢዩ ዝመስለካ ።

ከምዚ ወድዚ እናበልካ ተደፊእካ ክትሐስብ እንከሎኻ ብየማናይ ኢድ ካ ሃሰስ ኢልካ ነታ አብቲ መንበር ምሳኻ ዝነበረት ጸዕዳ እምኒ ትሕዛ ። ርእስኻ ቅንዕ አቢልካ መዝገበ አማኑኤል እትብል ባዕልኻ አብታ ጸዕዳ እምኒ ዝቀረጽ ካያ ትምልከት ። ንዓአ እናረኤኻ አብ ዓይንኻ ካልኦት ብዙሐትን ዓበይቲ ጸዓዱ አእማን ይረአየካ ፡ አብተን ዓበይቲን ጸፉሕትን አእማን ብዓቢይ ጽሕ ፈት መዝገበ አማኑኤል ቢልካ ትጽሕፈለን ይመስለካ ። ነዚ ኩሉ ሐሳባትካ ብሐንሳእ ደው እተብሎ ናይ አዴኻ ድምጺ ምስ ሰማዕካ ኢዩ፤ «መዝገበ መዓር ይ ክሳዕ ሕጂኸ ቍርሲ አይገበርካን ኢኻ ንዓሞ እዛ ንእሽቶይ ፍትፍት ንዓኻ ቢላ ዝተገብረት ብልዓያ» ኢለን ሐንቲ ጽብቅቲ ኩላሶ ሰሪሔን የኾልሳኻ ፤ «በል ሕጂ ባዕልኻ ብላዕ ፡ ጥዕምቲ ገይረ እየ ሰሪሔልካ ፡ በልኮ» እናበላ ካል አይቲ ኩላሶ ድማ ይደግማኻ። «ጸባ ድማ ከምጽአልካ ኢየ ነዚአ ወዲእካያ ጽን ሐኒ» ኢለን ከምጽአልካ ከምብሐድሽ ንኪሽነ ይኸዳ ። አብ ክንድነሊ ዝኽውን ብርጭቆ ጸባ መሊኤን ናባኻ እንዳመጻ ዋዕ ኢለን እንዳሰሐቃ፡ «መዝገበ ጥውም ወረ ስማዕ! ናይ መን ወረ ይመስለካ? ብዛዕባ ሐብትኻ እኮ'ዩ ፡ ሐብትኻ ድሐን አላ ኢሎም ስልኪ ደዊሎሙልና ድሕሪ ሐደ ሰሙን ከአ ኽትመጽእ ኢያ ።» ሽው ንስኻ ካብ መቀመጢኻ ሐፍ ትብል ፡ ገጽካ ብናይ ሐጕስ ፋኑስ ይበርህ ልብ ኻ ትግትግ ይብለካ ናይ ጥምየት ስምዒት ካባኻ ርሒቁ ብጽጋብ ክትመውት ትደሊ ፡ ዐይንኻ ብልጭልጭ እናበላ ነቲ ግሩም ናይ አዴኻ ቅርጺ ይምልከታ ድሐር አደይ ቢልካ በተን እናእሸቱ አእዳውካ

አብ ብርከን ተጠምጢምካ ተሐቆፈን። ደሐር ነተን ጽቡቃት መዓጉርትኻ እና ሰዓማ፡“ወይ መዝገበ! ዓቢ ሰብአይ እንካ ኰንካ ኢኻ፣ ንስኻ እኮ ኢኻ እዚ ገዛና ትሕልዎ ዘለኻ እምበር ሰረቅትስ አቦኻ የለን ኢሎም ምአተዉና ኔሮም” ይብ ላኻ ። አብ ልብኻ ናይ ውሽጣዊ ትዕቢትን ኵርዓትን ይስምዓካ ፤ እምበአርከስ ዓቢየ ኢየ ፤ ሰብአይ ኢየ ፤ ንሰረቅቲ የፍርሕ ኢየ ትብል ። ወዮ ንስኻስ መብ ራህቲ ዘይብሉ ክፍሊ ምእታው ፤ ምስ ጸልመተ አብ አፍደገ ምቅልቃልን ንበ ይንኻ ምሕዳርን ከም ገሃነብ እሳት ገይሩ ኢዩ ዘፍርሐካ ነይሩ ። እንተኾነ በቲ ናይ አዴኻ ምስጢራዊ ናእዳ አብ ዓለም ሐደ ነገር ዘፍርሐካ ዘየሎ መሲሉ ተራ እዩካ (ምናልባት እውን ካብቲ ናይ ቀደም ጠባይካ ዝልውጥ ዘፍርሐካ ነገር አይረኸበካን ትኸውን) ።

ዝኾነ ኾይኑ እታ መዓልቲ ሐሊ’ፉምበር ንዓአ ክትብል ኢያ ። ወላኳ ደስ አይበለካን ፤ ሐሳብ ዘይትፈልጦ ክትሐስብ ውዒልካ ፤ ሐዘን ዘይትፈልጦ ክት ሐዝን ውዒልካ ፡ ንጽባሒቱ አቦኻ ካብ መቀለ ክመጹ ኢዮም ስለ ዝተባህለ ምስ ሠራሕተኛኹም መለስ ኰንካ ክትቅበል ትኸይድ ። በቲ ማእከል ከተማ ክትሐልፍ እንከሎኻ ብዙሓት ሰብኡት አንስቲ ፤ ቆልዑ ምናልባትውን ገዛ ውትን እንስሳታትን አእዳዎም ወጥ እንዳበሉ “እዙይ ኢዩ እወ እዙይ! እዚ ንእሽቶይ ቆልዓ ምስቲ ሰብአይ ዝኸይድ ዘሎ” ክብሉኻ ክትሰምዕ ብዙሕ ትስንብድን ትግረምን ። ግና መለስ ሕያዋይን መስተውዓልን ኢዩ ነይሩ ። ፈሊጡ ብዛዕባ ካልእ ነገር እናዛረበ ከምዘይትፈርሕን ከምዘይትግደስን ብዛ ዕባኡ ፈጺምካ ከምዘይትግደስን ይገብረካ ነይሩ ።

ክጽብቅ ኢሉዎ ናይ መቀለ አውቶቡስ አቦራ ተሸፊና ቀልጢፉ ትመጽእ እናጐየኹም ትቀርቡዋ ፡ አቦኻ ኸአ አብ ቅድሚት ተቀሚጦም ስለዝነበሩ ዝል ኢሎም ምስ ወረዱ ሳንጥኦም ሐደ ሰብአይ አብ ውሽጢ ዝነበረ የቀብሎም ብጸጋመይቲ ኢዶም ነታ ንእሽቶ ሳንጥኦም ሒዞም ንየማን ንጸጋም ቕሊሕ ከይበሉ ንገዝኦም አቢሎም መንገዶም ክቅጽሉ ክጅምሩ እንከለዉ ንስኻ አቦይ ቢልካ ትሐቍፎም ፤ መለስ ድማ በቲ መዓር ዝጥዕም አዘራርባኡ “ጐይ ታይ እንቋዕ ብደሓን አተዉ ይሃቡኒ እታ ሳንጣ” ቢሉ ኢድ ይነስእሞ ፤ ብላታ አማኑኤል ድማ ብታሕጓስ ሰላም ይብልዎ ። አቦኻ ገዛ ምስ አተው ብዙሕ ደስ ይብለካ ።

ግና አቦኻ ንመቀለ ዝኸዱሉ ምኽንያት ብፍቅሪ አቶ መብራህቱ ምኳኑ አይተረድአካን ነይሩ ። አቶ መብራህቱ አብ ዓዲግራት አብቲ ማእከል ከተማ ዝዓበየ ፤ ኵሉ ዓይነት ዝርከቦ ድኳን ነይርዎም ። አዝዮም ገርሀኛን መፍቀር ሰብን ስለ ዝነበሩ ፤ ሐደ ዝአምንዎ ሰብአይ ሐሙሽተ ሽሕ ቅርሺ ሰሪቁዎም ንመቀለ ይኸይድ። ነቦኻ ምስ ነገርዎም ንዓርኮም ከሰንዩ ቢሎም ኢዮም ንመ ቀለ ዝኸዱ ። ከመይ ማለት ብዙሕ ፍቅሪ ነይሩዎም ።

በል ሕጂ ንገረኒ ፤ ካብቲ ዝዝከረካ መዓልቲ ጀሚርካ ብዘይ ምሕባእ ፡ ግለጸለይ ። ንዓኻ ኹሉ ሐደ ኢዩ ። ንዓና ግን ንበይኑ ኢዩ ። በል መዝገበ ወደይ

አነ ብሐይሊ ንገረኒ አይኮንኩን ዝብለካ ፤ ብልማኖ ኢየ ። ካልኦት ክምርምሩኻ ደልዮም ነይሮም ፤ አነ ግና ባዕለይ ብስምምዕን ፍቅርን ገይረ ክዛረብ ኢየ ኢለዮም ስለምንታይ ዘመደይ ኢኻ ።

ም ዕ ራ ፍ ፪ ።

ዝ ዝ ከ ረ ኒ ።

ወዲ ሾውዓተ ዓመት ምስ ኮንኩ ሐደ ንግሆ ናበይ ምኻኑ ከይፈለጥኩ አቦይ ንዓናይ ምሳይ ፤ ነዲኻ ክዳውንተይ ቀይርለይ በላ ይብለኒ ። ከምኡ ምስ በለኒ ሽሕ እኳ ናበይ ምኻኑ እንተዘይፈለጥኩ ፤ ምሳይ ንዓናይ ጥራይ ስለዝበ ለኒ ብቅልጡፍ ክዳነይ ተኸዲነ በል እኒሄኹ ሕራይ ይብሎ ።

አብ መንገዲ ሐንቲኻ አይተዛረብናን ። አነ ሐደ ቕሩብ ጥያቄታት ጠይ ቀዮ ፤ አቦይ ግና ከምዛ ዘይሰምዔ ስቅ ይብል እሞ አፍና ሐቲምና መንገድና ክንቅጽል እንከሎና ናይ አቦይ ቆርበት ጫማ ንናይ ዓድግራት ሑጻ መንገዲ ክረግጽ ከሎ ናይ ሐጫጭ ሐጫጭ ድምጺ ጥራይ ይሰምዕ ነይረ ። ዘረባ ስለ ዘይገበርና እንካብ ገዛና ክሳብ ፕያሳ ዝበጽሕ ብዙሕ ነዊሕ መንገዲ ኮይኑ ተሰ ሚዑኒ አብታ ዓባይ ሆቴል ምስ በጻሕና አቦይ ናብአ የአቱ ይኸውን ቢለ ይሐ ስብ ነይረ ፤ ግና አቦይ አብአ ከምዝነበረት እኳ ዘስተውዓለላ አይመሰለንን ። ትኸ ኢሉ እናኸደ ነቶም ሐደ ክልተ ሰባት ድሐንዶ ሐዲርካ ዝብልዎ ብቅል ጡፍ ሰላምትአም እናመለሰ አብ ሐደ ብጣዕሚ ዓብይ ገዛ ብቀይሕ ዝተለመጸ ምስ በጽሐ ደው ኢሉ። ሽው ብኢደይ ሕዝ አቢሉ አርባዕተ ደረጃ ቀስ ኢሉ ድይብ ምስ በለ ብሐደ ብምብዛ ገፊሕ ዝኾነ ማዕጾ ሒዙኒ ይአቱ ።

እትው ምስ በልና ሐደ ገፊሕ አደራሽ ብምርአየይ ብዙሕ ይግረም ። ከመይ ማለት ቅድሚኡ ክንድኡ ዝገፍሕን ንዝጽብቅን አደራሽ ርእየ አይፈል ጥን ። ነቦይ ምስ ረአዩ ሐደ ዘብዔኛ እዳቕልጠፉ ይመጹ'ሞ ድሕሪ ቕሩብተይ ዘረባ መሪሐሙና ናብ ሐንቲ ንእሽቶይ ክፍሊ የእትውና ። አብታ ንእሽቶይን ብእልፊ መጻሕፍትን ዓቅላ ዝጸበባ ጸሐፊ ኢዮም ይመስለኒ ሐደ ሰብአይ ይጸ ንሑና ። ንሶም ከአ ምስ አቦይ ተዛራሪቦም የቀንየለይ ተባሃሂሎም በል ንዓ ናይ ቢሉ አቦይ ብኢደይ ሒዙኒ ንደገና ንወጽእ። አንቀጥቂጠ ይፍራሐዮ እም በር ነቦይ ብዛዕባዚ ከይሐተትክዎስ ስቅ ክብል አይከአልኩን ። እምብዛ ከቢ ዱኒ፤ አዙይ ብዛዕባዚ ይኸውን ቢለ ክግምት እንተበልኩ ይአብየኒ ። ስለዚ ፤ "አቦይ እንታይ ኢዩ ? እንዳምንታይ ኢና ዝኸድና ? ስለምንታይ" ቢለ ደፊረ ይሐቶ ፡ ንሱ ብቀስታ "ደጊም ቀልዲ የልቦን ፤ ቤት ትምህርቲ አቲኻ ኢኻ ፤ እዚ ዓቢይ ገዛ ዝረአኻዮ ቤት ትምህርትኻ ክኸውን ኢዩ ። ካብ ሰኑይ ንደሐር አብዙይ እናመጻእካ ክትምሃር ኢኻ ። ምህሮ ንወድሰብ ብዙሕ ጠቃሚኡ

ስለዝኾነ ንስኻ ድማ ብምህሮ ዓቢኻ ዓቢይ ሰብ ክትከውን ኢየ ዝደልየካ ። ዶክቶር እንተኹንካ እሞ ዓቢይ ደስታ ክስምዓኒ ኢዩ ።'' እናበለ ብናይ አባታዊ ጥውያ'ን ግሩምን አገላልጻ ገይሩ የረዳአኒ ። ካልእ ሕቶታት ክሐቶ ደልየ ነይረ ግን እቲ ከምብረት ዝሑል ዝኾነ ገጹ ምስ ረአኹ ነታ ዓባይ ሕቶይ ተጸሚመ ይውሕጣ ። ሰኑይ ድሮ መጺአ ንእሽቶ ሳንጣ ተሐንጊጠ ምስ ሐደ ዓብይ ጎረቤትና ዝነበረ ወዲ ኾይነ ቤት ትምህርቲ ይአቱ ። ካብቲ ዓብይ ገዛ ደም ዝመስል ቀለም ዝተለመጸ እንታይ ከምዝረክብ እንታይ ከምዘፍሪ አይ ፈለጥኩን ። እቲ ዝተደነቅኩሉ ዓብይ አደራሽ ክፍለይ ኮይኑ ሃ-ሁ ክመሃረሉ ጀሚረ ። እታ ምስ አቦይ ዝአተኹዋ ክፍሊ ድማ እንዳ ዲረክተረይ ምኻና ተረዳኡኒ ።

እምበአርከስ ከምዚ ቢለ ብ፲፱፻፸፯ ዓ፡ም፡ ኢ፡ ትምህርቲ ጀሚረ ። ትምህርቲ ሽዑኡ ከምዚ ሎሚ አይተመሐየሸን ነይሩ ፣ ግና ከምዚ ናይ ሎሚ ጊዜ ፍልጠት አይህብን ነይሩ እንተበልኩ ይሕሱ ይኸውን ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ከመይ አበለ ከምዝተላመድክዎ አይፍለጠንን ። ግን ከምዝተላመድክዎ ምስ ተመሃሮ ከምዝተላመድኩ አዕሩኽን ጸላእትን ፡ ከምዝገበርኩ አዕርዩ ይዝክረኒ ። ናይ ሰብ ዓይነት ክንደይሞ ይበዝሕ ፣ ገሊ አም ተመሃሮ አለዉ ሽድሽተ ዓመት ሸውዓተ ዓመት ምሳኻ ተማሂሮም እንተ ርፊ ድሕንዶ ውዒልካ ድሕንዶ ሐዲርካ ወይ አዕሩኽትኻ ዘይኾኑ ወይ ከአ ዘይቅሉድልካ ። ገሊአም ከአ አለዉ ከምዝሎሚ ተፋሊጦምኻ ከም ጽባሕ ተዓራሪኾምኻ ከምዚ ድሕሪ ጽባሕ ተፋቲሮምኻ ከምዚ ድሕሪኡ ዝባአሱኻ ጸኒሖም ደመኛታት ዝኾኑኻ ። ካልኦት ዓይነት ከአ ብንቡርን ግቡእን ተፋሊጦምኻ ተዓራሪኾምኻ ዝነብሩ ። ግና እዞም ኩሎም ንዓለም አድለይታ ምኳኖም ይርዳአኒ ኢዩ ።

ድሕሪ ክልተ ወርሒ አቢለ ነቲ ገዚፍ ናይ ቤት ትምህርቲ ቅድሚት እንቁስ ተበሃልኩሉ ብዓብይ ዝተጻሕፈ ጽሕፈት ከምዘለዎ ይፈልጥ ። በተን ሓደስቲ ዝተማሃርኩወን ሃ-ሁ ገይረ እቲ ጽሕፈት አግዓዚ ትምህርቲ ቤት ዝብል ምኻኑ ይፈልጥ ። ዝተሐንስኩዎ ታሕንስ መቸም እዚይ አይብልን ። ምንባብ ክኢለ ማለት እኮ ኢየ ።

ብዛዕባ ተምሃሮ ደአ ከዛርበኩም ፣ ሐደ መዓልቲ ናይ ዕረፍቲ ደወል ተደዊላ ምስ ወጻእኩ ቆልዑ ተአኪቦም ንዓ ንዓ እናበሉ ናብ ማእከሎም ከእትዉኒ ብምድላዮም ይግረምን ይፈርሕን ። ሽዑ አብ አግአዚ ትምህርቲ ቤት ክልተ ዓመተይ አሕሊፈ ነይረ ፣ ግና ኩሉ ዝፈለጥኩ መሲሉኒ ነይሩ ደአምበር ዘይፈልጦ ብዙሕ ነይሩ ። እንታይ ኢዩ ቢለ ቀስ እናበልኩ ናብቶም እኩባት ቆልዑ ይወርድ ። ሐደ ሐንሶ ዝሽሙ መማህርተይ ክልተ አእዳዉ ከም ጥሩ ምባ አምሲሉ ''ታታራራ ራራ ታታራራ ራራ'' ይብል ። እቶም ቆልዑ ንዕኡ ምስ ሰምዑ ንዓይ እናረአዩ ብስሐቅ ይልለዉ ። ከም ሽዑ መዓልቲ ተገሪመን ፈሪሐን ተቐጢዔን አይፈልጥን ። ምስ መን ኢየ'ሞ ዝበአስ ።

ሐጐስ ከደረዋይ ቍመቱ ክንዳይ ግዳ ካባይ ሀጥር ይብል ነይሩ ። መል ክው ጽቡቅ ኢዩ ክበሃል ይከአል ። ጸጉሪ ርእሱ ለምጫጭ ስለዝነበረ የንው ሐሞ ፡ ጽቡቅ ገይሩ ከአ ይምሸጦ ነይሩ ። እንካብ ኵሎም ምስ ሐጐስ ክበአስ ደልየ ፤ ከመይ ማለት ቅድሚኡ አብ ክፍሊ ንሱ ክምልሳ ዘይከአለ ሕቶ ስለ ዝመለስኩ ቀኒኡ ተጻሪፉኒ አሕሊፈሉ ነይረ ። ሕጂ ግና ክብአሶ ደልየ ።

መሊሱ ከአ ናብ ጥቃይ እናቀረበ ታታራራ ክብል ጀሚሩ ። እቶም ቆልዑ ከአ ትርአየሎም ! ዘስሕቅ ነገር ዝረአዩ ይመስሉ ኪርኪር ይብሉ ። ምስ ገደደኒ ‘‘ሐጐስ እዚ ትገብሮ ዘሎኻ ሥራሕ ናይ ዕቡድ ኢዩ’’ ይብሎ ። መልሲ ረኺቡ ግዳ ብዙሕ ተሐጕሱ ‘‘እ! እንታይ ? ታታራራ አይትበል ዲኻ ትብለኒ?’’ እናበለ ነቲን አፍጡሩምባ ከምዝመስላ ዝገበረን አእዳዉ ናብ እዝነይ አጥ ቢቁ ታታራራ ክብል ጀሚሩ ። አነ ከአ ተጠማጢመዮ ። ንሱ ክንደይ ሻብ ከም ዝወቅዓኒ ወይ ከአ አብ ምንታይ ቦታ ከምዝሃሰየኒ አይፈጥልን ፤ አነ ግን ብገለ አርባዕተ ሐሙሽተ ጽቡቃን ጉስ ጥን ካልኦት ናይ ሽንጥጥጥ ማህረምትን ሕርቃነይ ከምዘውጸእኩ ይዝከረኒ ።

ምስ አገላገሉና ሐጐስ አብ ሐደ ጸግዒ አነ አብ ሐደ ጸግዒ ደው ኢልና ሐጐስ ንዓይ ክመልከኒ ከምዘይክእል ተረዲኡዎ ግዲ ኾይኑ ርእሱ አድኒኑ ይትክዝ ነይሩ ። እቶም ምስኡ ኾይኖም ንዓይ ዝስሕቁኒ ዝነበሩ አዕሩኽቱ ግን ሰሐቅ ግዲ ዘይጸገቡ ኾይኖምስ መመሊሶም ንዓይ እንዳጠመቱ ክስሕቁኒ ጀሚሮም ። ምሕራቅ ሐሪቀ እንታይ ከምዝገብር ግና ብፍጹም ጠፊኡኒ ። ተንሲኤ ካብኡ ምርሐቅ ድማ ከምፍርሐት ገይረ ቆጺረዮ ። ገሊኦም ቆልዑ በቲ ዝረ ኸቦ ዝነበርኩ ስቅያት ይድንግጹለይ ከምዝነበሩ አብ ገጾም ይረአይ ነይሩ ።

እምብዛ ተገሪመ ሐሳብ አትዩኒ ርእሰይ ናብ ጸጋመይቲ ኢደይ አጕዝ ጉዝ ክትክዝ ከለኹ ‘‘መዝገበ ካብዚ ርሒቀሎም ንዓናይ ምሳይ’’ ዝብል ጥዑም ድምጺ ይሰምዕ ። ቀስ ቢለ ካብ እግሩ ክሳብ ርእሱ ቍሊሕ እንተበልኩዎ ፤ አብ ቅድመይ ሐደ ቍመቱ ክንዳይ ዝኸውን ረጉድ ቆልዓ ደው ቢሉ ይሪኢ ። አዒንቱ ፉሩያት ነይረን ግና ካብ ፈጣጥ ክትብሎ ሐወይ ወድነይ ክትብሎ ትግ ደድ ። ከመይ ማለት እተን ፉሩያት አዒንቱ ብዙሕ ዝርእያ ፤ ብዙሕ ዝቅበላን ብዙሕ ዘፍቅራን ይመስላ ። ቅልጥፍ ቅልጥፍ እናበላ ሰምሰም ይብላሞ ነቲ ማዕንር ጽቡቅ ገጹ ናይ ጨውን ምፍታውን መልክዕ ይውስኻሉ ።

አነ ድማ ከይተወሳወስኩን ከይተጠራጠርኩን ትንስእ ኢለ ምስኡ ይኸ ይድ ። ክሳብ ርሑቕ ኬድና ናይቶም ሰሐቕቲ ቆልዑ ድምጺ ምስማዕ ንስእን ፤ ወላኺ አይተዛረብናን፡ ንበይንና ምስ ኮንና እቲ ወዲ ‘‘መዝገበ ናይዞም ቆልዑ ጠባይ አይትፈልጦን ዲኻ ? ሰብ ድሕሪ ሐሪቁሎም ፤ ድሕሪ ቀልጢፉ ተቆጢ ዑሎም መፍተቶም እንዳአሉ ። ንስኻ ኵሉ ጊዜ ከምዚ ክገብሩኻ እንከለዉ ከም ሐደ ንእሽቶይ ነገር ከምዝቆጸርካዮ አረዳእየም። ክስሕቁኻ ከለዉ ምስአቶም ሐቢርካ ስሐቅ ። ከምዚ እንተገበርካ ብጽቡቕ ክትነብር ትኽእል ኢኻ ። አነኳ ሕጂ ብሐጺሩ ንዓኻ ንዓናይ ክብለካ ከሎኹ ክንደይ ተዛሪቦም ክንደይ ሸምጢ

ጦም ፤ ግን ከምዘይሰማዕኩዎም ክምስ እናበልኩ መጸኤ ። ስለዚ አጅኻ አይ ትሕዘን ። ” እናበለ እንካብ ሐውኻ ዘይርከብ መዓር ዝጥዕም ምኽሪ አብ እዝ ነይ አናሲሱለይ ከመይ አቢለ ከምዘመስግኖ ክንደይ ከምዘመስግኖ ክግምቶ አይክአልኩን ። ክንደይ ዝሐዊ ቆልዓ ኢዩ ፤ ክንደይ ይጥዕም ፤ ክንደይከ ይመ ክር እናበልኩ ብውሽጠ ልበይ ሐሲበ ። ከይተፈለጠኒ ካብ ዕረፍቲ ንክፍሊ እተው - ደወል ትድወል ። ርሒቅና ስለዝነበርና ከይንዝንግዕ ብማለት እንዳን የና ክአትዉ ቢሎም ክስርዑ እንክለዉ ነርክብ ። አብ ጥቃቶም ዝተሰርዑ ተመ ሃሮ ምስ በጸሕና ነፍሰይ ምግባር ይአብየኒ ፤ ነዚ ቆልዓ ክንድዚ ሐጊዙንስ ክንደዚ ጠቂሙንስ ገለ ናይ ምስጋና ቃል ክምዝተሐጐስኩ ዝገልጽ ከይተ ዛረብኩዎ ይብል እሞ ፤ “አንታ ሐወይ ” ምስ በልኩ ደው ይብል ። ጐረሮይ ምዝራብ ይአብየኒ ፤ ግና ሐንቲ ቃል ዝገበርኩ ገይረ ካብቲ ተዓጽዩ ዝነበረ ጐረሮይ የውጸእ ፤ “የቀንየለይ” ። ንሱ ብምላሽይ ዝሰንበደ ፤ ዘይግባእ ነገር ዝበልክዎ መሲሉዎ ሐፊሩ ርእሱ አድኒኑ ናብ መስርዑ ይጽንበር ።

ካብኡ ንደሐር ሐጐስ ጸላኢየይ ገብረ ፈታዊየይ ይኾኑ ። ናይ ሐጐስን ናተይን ጽልኢ ንበይኑ ዓይነቱ ኢዩ ዝነበረ ። ዘረባ ብፍጹም እኳ አይገደፍናን ድሕሪ ባእስና ቍሩብ ጽንሕ ቢልና ክንዛረብ ጀሚርና ፤ ካብኡ ንንየው ንሐ ንሳብ ንጸወት ንዛረብ ንስሕቅ ኔርና ። ግና ባእስና ጸሊም ቂምታ ኮይኑ ንቀይሕ ልብና አጸሊሙዎ ከምዝነበረ ርግጽ ኢዩ ። አነ ጽቡቅ ክረክብ እንከለኹ ፤ ንሐጐስ ከም ሐደ ዓብይን መሪርን መርድእ ኾይኑ ይስምዖ ። አነ ግን አብኡ ከለኹ ብሐፈሻ ደአ ይጸልአ ነይረምበር ፤ ብፍጹም ሐንስ እዚ ረኺቡ ከምዚ ኾይኑ ቢለ አይግደስን ነይረ ።

ገብረ ብጣዕሚ ዓብይ ሰብ ፤ ንሰብ መኽበርን መፍቀርን ኮይኑ ረኺበዮ ። ካባይ ብሐንቲ ክፍሊ ይትሕት ነይሩ ፤ ካባይ ብትምህርቲ ይትሕት ግን ማለት ስሕተት ኢዩ ። ካብ ምህሮስ አእምሮ ከምዝበሃል ፤ ገብረ በተን ዝነበራኡ ቍሩብ ፍልጠት ብጽቡቅ መንገዲ ይጥቀመሉን ነይሩ ። እንካብ ኩሉ ዘገርም ገብረ ዝረአያ ነገር ቀልጢፉ ክቀድሕን ከጽንዕን ይደክም ነይሩ ።

ናይ ሐጐስን ገብረን ናተይን ገዛውቲ አብቲ ላዕለዋይ ገዛ ተባሂሉ ዝጽ ዋዕ ናይ ከተማ ክፍሊ ስለ ዝነበረ ፤ ዳርጋ ጐረባብቲ ክንበሃል ንኽእል ። ገዛ ይን ገዛ ገብረን አብ ሐደ ጐደና ክሎ ገለ ናይ ዓሰርተ ገዛውቲ ርሕቀት ነይርዎ ምስ ናይ ሐጐስ ክአ ብዓሰርተ ሐሙሽተ ገዛውቲ ይረሐሐቅ ።

አብ ናይ ሰለስቴና ገዛውቲ ኩንኒ ንጐልጐል ነፃ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ልምላሜ አብነት ክኸውን ዝኽእል ሰፊሕ ሻኻ ብቀሊሉ ክትሪኦን ከተደንቆን ትኽእል ። ከመይ ማለት አብ ቅድሚት ገዛውትና ኢዩ ተዘርጊሑ እሞ አብ ዓመት ምልእቲ አብ ገዛውትና ኩንካ ብዙሕ ትርኢት ክረኤ ይከኣል ። ክረምቲ ማይ ክወቅዕ ምስ ጀመረ ፤ ብናይ ሐጋይ ጸሐይ ደሪቁ ዝነበረ ጎልጎል ቀጠልያ እናዮነ ክኸይድ ከሎ ክትዕዘብ ዝስምዓካ ደስታ ንበይኑ ኢዩ ።

ጽባሕ ጸቢቹ ከሐድር ኢዩ ድሕሪ ጽባሕ ድማ አዕርዩ ከጽብቅ ኢዩ ኢኻ ትብል። መዓልቲ እለዎ ድማ እዛ ኩላ ዓባይ ኻኻ ውሒዝ ድፍን አቢሉዋ ማዕበል ዝተ ናወጸ ውቅያኖስ እትመስለሉ ። ከምኡ ዝበለ ውሒዝ ክልዓል እንከሎ ወይ ሰብ ወይ እንስሳ ከይትማልኤ አይኮነሉን ።

ክረምቲ ክውዳእ ቢሉ ቀውዒ ክቀራረብ እንኪደሊ ከሎ ፣ አብ ዓለም ምሉእ ክርከብ አይከአለን ዝብሃል መልክዕ ንወይዘሮ ጐልጐል ነፃን-ነአካባ ቢአን ይወርሰን ። ብጫ ናይ ገልገለ መስቀል ዕንባባታት አብቲ ለምሊሙን ደሚቁን ዝርኤ ረጮድ ነዊሕ ሳዕሪ አብ ማእከሉ ክረኤይ እንከሎ ፣ ጸዓዱን ጸለምትን ቀያሕትን ዝንጉርጉርን ዝኾና ጽጉባት አሕ ፣ አድገ በቅልን ጠለ በጊዕን ድማ ብሃብቶን ዝጸገባን ዝኰርዓን መሲለን ደው ቢለን ብየማንን ብጸ ጋምን አካቢቡወን ዘሎ ጽባቄ ክምልከታ ንወዲ ሰብ ደስታ እንታይ ምኳኑ መረድኤ ።

እንድዒ ድማ በየናይ መጸ ክይተባህለ ብጥዑም ናይ ዕንባባታት ሽታ ዝተጻዕነ ንፋስ ጸጸኒሑ ፈሽፈሽ ክብል ከሎ አፍንጫኻ ናይ ዘለዓለማዊ ቀለባ ዝረኸበት መሲሉካ ፍጹም ሐጐስ ይስምዓካ ። እንካብ እንዳ አቡነ አረጋዊ ዝተባህለ ዓብይ ገዳም ከምዝመጸ ምስ ፈለጥካ ድማ ፣ ነቲ ቤተ ክርስትያንን በዓቢይ ግርማ አካቢቡዎ ዘሎ ዕንባባ ዘውጽእ ጐዳንን ነዋሕትን አእዋም ከይ ረአኻዮ ፣ ምስ ረአኻዮ ኽአ ሰንበት ሰንበት ድሕሪ ዘይበጺክሕዮ ከም ዓብይ ወልፌ ርእስኻ ከም ዘሕመካ ርግጽ እዩ ።

ጐልጐል ነፃ ኩሉጊዜ ሰላማዊት አይኮነትን ፣ ክረምቲ ይአቱ ንእንባ ታት ወርሐት ዓለቋ ወዘተ ፡ ብብርቱዕ ማይ ይሐጽበን ፣ ንሳተን ከአ ከዕቑ ሮአ ስለዘይከአላ ፣ ወላኳ አእዋማተን አጕናዳተንን ደናጕለኤንን ተሰኪሙ እንተኾደ ሰቅ ቢለን ናብ ጐልጐል ነፃ ክኸይድ ይርእዮአ ። እምበአርከስ እታ ሐንሳእ ሰላማዊት ቀጠልያ ልምልምቲ ጐልጐል ክንደይ ሰላማውያን እንስሳ ታትን ተጻወቲ ጓሶትን ሒፃ ዝነበረት መልክዓ ብፍጹም ይልወጥ ። አብ ከክ ንዲ ልምሉም ሳዕሪ በብዓይነቱ ዕንባባታት ሐመድ ዝሰተየ ናይ ውሒዝ ማይ ይርኤ ፣ አብ ከክንድቶም ቀስ ቢሎም ዝኸዱ ሰላማውያን እንስሳታትን ብሐ ጐስ ዝነጥሩ ፍሹኻት ጓሶት ድማ ከክንዲ ገለ ዝኸውን ደናጕላታትን አጕና ድን ክገላበጥ ይረአይ ። አርሒቅካ ክትርእያ ፤ ጎልጎል ነፃ ናይ ብርቱዕ ማዕበል ዝተላዕሎ ባሕሪ መልክዕ ትሕዝ ። ብርግጽ ዓብይ ማዕበል ኢዩ ። ከክንዲ ማይ ንላዕሊ ዝውንጨፍ ደአ ደናጕላን አጕናድን ዝውንጫፍ ኮይኑምበር ። ከምዚ ዝበለ ብርቱዕ ውሒዝ እናኸመጽእ ወይ ሰብ ወይ እንስሳ ከይተማልኤ ከደ ዝብል መልሐሱ ይቕረጽ ። ሐደ መዓልቲኻ ይዝከረኒ ሰለስተ አናእኸቱ አዋ ልድ አብዚ ወሰደን ከይተባህለ ጸሪጉ አጥፊኡወን ።

ናይ ከምዙይ አቢሉ ወሲዱዎ ከምዚይ አቢሎም ድሒኖም ከምዚይ ቢሎም ሞይቶም ዝበሃሉ ሰባትን እንስሳታትን ዝሰማዕኩዎ ወረ ብዓይነይ

ዝረአኹዎ ማህለቅያ የብሉን ። ውሒዝ ዝግ ምስ በለ አብ ጸግዒ ኮይኑ ዝምል ከት ዝነበረ ሰብ አጕናድ ክቀዳደም ይጓየ ። ገሊኦም ጕንዲ ሒዝና ክብሉ ብኡኡ ገይሩ ዝወስዶም ኣለው ፤ ገሊኦም ከአ ንወርሒ ምሉእ እተንድዶም ዓባይ ጕንዲ ረኺቦም ይሕጐሱ ።

አግዓዚ ትምህርቲ ቤት ለሚደዮ ራብዓይ ክፍሊ በጺሐ ። ከም ልማድ ኮይኑ፤ ተምሐሮ ቀዳምን ሰንበትን እንክኸውን ንኽተማ ዓዲግራት አካቢቡዋ ዝርከብ በረኻታትን እንባታትን መሪጾም በብተራ ይኸዱሞ ወይ ሃድን ወይ ከአ ኻልእ ዓይነት ጸወታ ይጸውቱ ።

ሐደ መዓልቲ ቀሩባት ቆልዑ ካብ ዓሰርተ ዘይንበዝሕ እራር ዝተባህለ እምባ ንቀዳም ክንከይድ ቢልና ተቋጺርና ። ካብዞም ቀሩባት ቆልዑ ሐጐስን ገብረን ከምኡ ኽአ ካልኦት አዕሩኽትናን ደቂ ኽፍልናን ነይሮም። ቀዳም በጺሐ በሉ ንኽድ ተባሂልና መንገድና ብጽቡቅ ቀጺልና ። ብእንዳ ዓዲ ሊቅ ካህናት ጌርና ፤ መንገዲ ዓድዋ ንጸጋም ገዲፍና እናጕየናን እናነጠርናን እናደረ ፍናን ናብቲ ዝደለናዮ ሥፍራ ተቀራረብና ። ማይ ስለ ዝጸማእና ኩልና እንገ ብሮ ጠፊኡና ከሎ ፤ ለምለም ዝተባህለ ሃገረሰብ ዕባይ ከተማ ነባር ንዑ ንዑ ቢሉ ሑጻ ፍሕር ፍሕር እንተበለ ማይ ፈለኽ ይብል ። ክሳብ ዝአኽለና ሰቲና ምስ ረወና ፤ ንለምለም እንዳመስገንና ንእምባ አራር ምድያብ ንጅምር ። እምባ እራር ዓባይ ወይ ነዋሕ አይኮነትን ፤ ልክዕ ከም አጕዶ መሲላ ኢያ ተሰሪሐ ፡ ግዳስ ብሐንቲ ወገና ምስ ካልእ ገዛፍ ደንጐላ ትመስል ፤ እምባ ስለዝተጣበ ቀት አዝያ አጕዶ ምምሳል ትገድፎ ። ንእንባ አራር ክትድይብ በታ ደንጐላ ትመስል እንባ ጌርካ እንተዘይኮይኑ በቲ አጕዶ ዚመስል ወገናታ ክትድይብ ብጣዕሚ አሸጋሪ ነገር ኢዩ ። ከመይ ማለት ብቀይሕ ሐመድ ጥራይ ስለዝተ ሰርሔት ሸተት የብለካ ። በታ ደንጐላ ትመስል እንባ ደይብካ ላዕሊ ምስ በጸ ሕካ'ሞ ብዘይ ጸዕሪ ሸተት እናበልካ በቲ ብቀይሕ ሐመድ ዝተሠርሔ አጕዶ ዝመስል ወገናት ንታሕቲ ክትወርድ ዝስምዓካ ደስታ እዚ አይብሃልን ።

ኵልና ክሳብ ንመንዎ ሸተት ኢልና ፤ ደሐር ከነዕርፍ ቢልና አብ ጽላል ዘለዎ ቦታ ኮፍ ኢልና ። አነ ንበይነይ ፍልይ ቢለ ፤ ማለት ኩላቶም ምሐዙተይ አብ ታሕቲ እንከለዉ አብ ላዕሊ ኮፍ ቢለ ንበይነይ ስለዝነበርኩ ክጽምወኒ ጀሚሩ፤ ካብኡ አርሒቀ እንተጠመትኩ ከተማ ዓዲግራት አጸቢቀ ይርእያ ነይ ረስ ከምዚ ጊዜ መሕለፊ ቢለ እዚአ ገዛ እከለ እዚአ ገዛና እናበልኩ ይቆጽር ። ብኽምኡ ምግባር ደኺመ ደርፊ ጀሚረ ፤ ግን ነታ ዝጀመርኩዋ ደርፊ ብድ ሕረይ ዝመጸ ቆልዓ ወዲኡዋ ። ንድሕሪት አቢለ ቀኺሕ እንተበልኩ ሐጐስ እናሰሐቀ አብ ኢዱ ተፈርካሻይ እምኒ ሒዙ ንታሕቲ ስቅ ኢሉ እንዳደርበየ "መዝገበ ንበይንኻ ደአ እንታይ ትገብር" ይብለኒ ። አነ ድማ ብምጽኡ ወይ ከይተሐጐስኩ ወይ ከአ ከይሐዘንኩ "እሂ ድአ ሐጐስ! ደስዶ ኢሉካ? አነሞ ክደኽመኒ ደልዩ" ይብሎ ። ሐጐስ መሊሱ እናሰሐቀን መመሊሱ ካብቲ

ፍርሽኽ ፍርሽኽ ዝብል አእማን ንታሕቲ እናደርበየ "ዓዲግራት ትሪአ ዶ አሎኻ? እንዳ ሻሂዶ ትሪአ አሎኻ አብታ ጥቃአ እኮ እያ ነቲ ሎቅማጽ ወዲ ሐመድ ዘስሓንክዎ" እንዳበለ የዛርበኒ ። "እዚ ኹሉ ገዛውቲ ብጸዕዳ ጥራይ ድዩ ተለሚጹ? እቲ አብኡ ኩንና ቀጠልያ ዝመስለና ዝነበረ አእዋም ሕጂ ጸሊም ኮይኑዶ ይረአየካ?" ቢለ ይጥይቆ ። ቀጺለ ኸአ ዓዲግራት ጽቡቅ ገይረ ይሪአ አሎኽ ፡ ናብአ ብእግረይ ምምላስ ግን ጽልእ ኢሉኒ አሎ" እንተበል ኩዎ መንፈር ደአ ዘይተውጽአ ሰለል እንዳበልካ ከም ኸላ አብታ ገዛኻ ኮፍ ክትብል" ይብለኒ "ሐቅኻ ኢኻ ምናዳ ምናዳ ዘይደኽመኒ እንተዝኽውን'ሞ ንብምልእታ ከተማ ሸምበለል እንዳበልኩ ክዛራ" ቢለ መሠረት ዘይብሉ ትም ኒቲይ ይነግሮ ።

ንሱ ኸአ "ክትነፍር እንከሎኻ ገሊኣም ተኩሶም ከይቀትሉኻስ ንጥይት ዝከላኽል ነገር እንተዝህልወካ ክንደይ ጽቡቅ ነገር ነይሩ" ይብለኒ ።

"እንካብ ኩሉ ድማ ንትፈትዎ ሰብ ሐዚልካዮ እንከሎኻ ክትነፍር ትኽእል እንተትኽውን ክንደይ ምጸበቀ ፣ አይሐቀይን'ዶ ሐጐስ" እንዳበልኩ ገጹ ይጥምቶ ።

ሐጐስ ቁሩብ ሕስብ አቢሉ "ወረግ ዝደለኻዮ ክትገብር እንተት ኽእል እንታይ ምገበርካ" ቢሉ ጽቡቅ ምላሽ እንዳተጸበየ ይሐተኒ ።

ሕቶኡ ጽግም ቢላትኒ "እንድዕ'ኽ ንስኻኽ እንታይ ምገበርካ" ይብሎ ።
"አነስ እዞም አብ ዓዲግራት ዘለው ሃብታማት ከም በዓል አቶ መብራህቱ ከም በዓል መሐመድ ወዘተ፡ ንገዝአም አትየ ኩሉ ገንዘቦም ዘሎ ሐንቲ ከየትረፍኩ ምወሰድኩዎ ፤ ደሐር ንባዕለይ ከመይ ዝአመስለ ገዛ አስሪሐ ብሃብቲ ምነበርኩ " እንዳበለ ከምዚ ዝነአድ ትምኒት ዝተመነየ ይመስል ብናይ ዙርዓት ዓይኒ ይጥምተኒ ።

"አነስባ ሐወይ ኩሉ ነገር ክገብር ዝኽእል እንተዝኽውን ንቅድስቲ ሐብተይ እግራ ጥዕይቲ ኽምትኽውን ምገበርኩላ ። ክንደይ ከአ ደስ ምበለኒ" ቢለ ክምልሸሉ ከለኹ ንብዓት ክመጸኒ ይደሊ'ሞ ንንየው ገጸይ ይገብር ።

"መዝገበ ስማዕባ ፤ ሐብትኻ ኽመይ ክትብል ኢያ እግራ ተሰይራ ? እግራ እንተዘይትስበር እኮ ከምአ ዝበለት ጽቡቅቲ ጓል አብ ዓዲግራት አይምተረኽበትን ፤ ብትምህርቲ እንካ ንዓአ እትዳረግ ጓል ከምዘየላ ኩሉ ሰብ ኢዩ ዝም ስክረላ" ይብለኒ ።

"ሐቅኻ ኢኻ ሐጐስ ፤ ግን ናይ ቅድስቲ ሐብተይ እግራ ምስባር ኩሉ ጊዜ ከም ሐድሽ ነገር ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ ። እግራ ክመልሰላ ዝብለኒ እንተዝረከብ ርእሰይ ቆሪጸ ምሃብኩዎ" ይብሎ ።

ብዛዕባ ቅድስቲ ሐብተይ ቅድሚኡ አዛሪበዮ ስለ ዘይፈልጥ ወላኳ እግራ ከመይ ክትብል ከምተሰብረት ዝፈልጥ አይመስለንን ነይረ ። ስለዚይ "እዋእ

እግራ ደአ ከመይ ክትብል ተሰይራ ? ስባራከ ከመይ ኢዩ? እቲ እግሪ ዝመስል ዕንጸይቲ አበይ ረኺብኩምላ?'' እንዳበለ አጥቢቁ ምስ ጠየቀኒ ፤ ነዛ ንእሽቶ ሕትኡ ብሐጺሩ ''ሐብተይ ሐደ ሰብአይ እምኒ ደርብዩ አብ ማእከል በራቂቶአ ስለ ዝወቅዓ ፤ ካብ ማእከላይ በራቂቶአ ንታሕቲ ትስበር ። ዓድቀይሕ ምስ ከደት ፤ ሐካይም ብዕንጸይቲ ዝተሰርሔት እግሪ ትመስል ገይሮ'ሙላ'' እንዳበልኩ ብንእሽቶ ታሪክ መሳሊ የረድአ ።

መሕዘኒት ዝኾነት ታሪኽ ስምዕ አቢሉ ሐጐስ ''በል ሕጅስ ንዓናይ ንታሕቲ ንውረድ ፤ ደጊምስ ምሐዙትናውን ይጽበዩና ይህልዉ ኢዮም ፤ ንገ ዛውትና ከነምሲ ኢና'' ይብለኒ ።

''ሕራይ ንዓናይ ግና አነ ሸተት እንዳበልኩ አይወርድን ኢየ ፤ ተጸሊኡኒ ኢዩ ዘሎ'' ቢለ በታ ደንጎላ ትመስል ቦታ ክወርድ እንተበልኩ ፤ የለን ስለም ንታይ እንዳበለ ''ንዓናይ ደአ ሸተት እንዳበልና ንውረድ ፤ ቀልጢፍና እንተ ወረድና እንዶ አይሐይሽን ፤ ንዓናይ ደአ ወደይ'' እንዳበለ ጐስጕሱ ይወስደኒ ።

ተጸሊኡኒ እንከሎ ሸተት ክብል ደልየ ኮፍ ይብል ። ንሱ ኸአ ብድሕሪይ ኮፍ ይብል ። ክኸይድ ቢለ ጅምር እንክብል ከሎኹ እግሩ ገይሩ አብ ሕቆይ ናይ ሐይሊ አቡኡ እንክነድሐኒ ይፍለጠኒ ። እንካብኡ ንንየው ግና መደራ ጕሕ እምኒ ኾይነ ። ዘሎ ሐመድ አብ ዓይነይ ፤ አፈይ ፤ እዝነይን አፍንጫይን ክአትወኒ ፤ ምሉእ ክዳውንተይ በጥረቅረቅ ኢሉ ክኾደድ ፤ ሰውነተይ ብም ልኡ ሐመድ እንኪሰቲ ፤ ድሐር ድማ አብቲ ጥቃ እግሪ አቢለ ክበጽሕ ምስ ሐንቲ ዓባይ ደንጎላ ክጋጨው እንክብል ለምለም ከም ዅዕሶ ክቆልበኒ'ሞ ኩላቶም ሕያዎት መሐዙተይ ከም ምዉት ተሰኪሞም ናብቲ ካብ ሑጻ ፍሒ ርካ ዝወጽእ ማይ ወሲዶም ክሐጽቡኒ ፤ እሞ ድሐር እንዳተባረዩ ናብ ገዛይ ከእትውኒ ፤ ብፍጹም አይተፈለጠንን ። ንጽባሒቱ ልበይ ይፍለጠኒ ፤ ግና እዚ ኹሉ ነገር ዝበጽሐኒ ስለዘይመሰለኒ ከምቀደመይ በርግጽ ቢለ ክትንስእ እን ተበልኩ ፤ ካብዚ መጻእካ ዘይብሎ ቃንዛታት አብ ርእሰይ ፤ አብ እግረይን ኢደ ይን ይስምዓኒ ። ብኢደይ ሃሰስ ቢለ ርእሰይ እንተሐዝኩ ብዓቢይ ጋርዛ ተሸ ፊኑ ይረኽቦ ። አእዳወይን አእጋረይን እውን ብጋርዛ ተጀኒኑ ከምዝነበረ ይፈ ልጥ ።

እንታይ ደአ ኾይነ ኢየ ፤ ከመይ ኢሉ ኢዩ እዚ ኹሉ ነገር በጺሑኒ? ከምኡ ቢለ ነገሩ ደሐን መሲሉኒ ክግምጠል እንተበልኩስ ብቃንዛ ክመውት ይብል ። ''አደይ አደይ'' እንዳበልኩ ከምተኻእለኒ ዋዕ ኢለ ይጽውዕ ። ግና አደይ ዘይ ሰምዓትኒ ግዲ ኾይናስ መለስ ድአ ይመጽእ ። ''መዝገበ እንታይ ኩንካ ኢኻ? አጆኻ ደሐን እኮ ኢኻ ዘሎኻ ፤ እንካሞ እዚአ ውሑጥ'' እንዳበለ ሐንቲ ክኒና አብ አፈይ የእትወለይ ። ብማይ ገይረ ምስ ወሐጥኩዋ ''መለስ ሐወይ በጃኻ ግዳ መስትያት አምጽአለይ ገጸይ ምእንታን ክርእየሉ'' ይብሎ ።

ገጺይ አብ መስትያት እንተረአኹዎ ልክዕ ጻዕዳ ዕማመት ዝገበርኩ ይመስል ። አብቲ ጥቃ ዓይነይ ፤ አፍንጫይ ፤ ከንፈረይን ምዕጉርተይን እንተስተብሃልኩሉ ሕብጥብጥ ኢሉ ይረኤ ። ድሕሪ ቕሩብ ደቓይቅ ድኻም ይስምዓኒ ።

ነታ ሒዘያ ዝነበርኩ መስትያት ቀስ አቢለ ይፍንዋ ፤ እዚ ዘይበሃል ብር ቱዕ ረስኒ ድማ ንሰውነተይ ብምሉኡ ይወርሶ ፤ ጽንሕ ቢለ ናይቲ ድኻምን ረስንን ሐይሊ ግዲ በርቲዑንስ ለሽ ቢለ ይድቅስ ።

እምበአርከስ ብሐጐስ ዝተላዕለ አብ ሕማም ይወድቅ ፤ ወርሒ መመላእታ ድማ አብ ዓራት ይጋደም ። ንሐጐስ ወይ ከአ ንወለዱ ገለኳ አይበልናዮምን ። ቆልዑ ንቆልዑ ክጻወቱ እንከለዉ ዝተረኽበ ድንገት እንዳአሉን ተባሂሉ ናብ ዓቢይ ነገር እኳ አይበጽሑን ። ሸለል ኢልናዮ ።

ምዕራፍ ፫ ፡

ቅድስቲ

ናይ ፍቁር ሐወይ ታሪኽ ክዛረብ እንከሎኹ መጀመሪያ ነገር ከምኡ ዝጽብቅ ሰብ ከምዘይተፈጥረ ይነግረኩም። እንድዒ መልክዑ ክገልጸልኩምስ አዝዩ የሸግረኒ። እንካብ ኩሉ ሰብ ይጽብቅ ነይሩ ማለተይ ብቁመቱ፡ ብመጠንነቱ ነቲ ብጽባቁ አካላቱ ፡ ብቅርጻ ፊደላት ገጹ ወይ ከአ ብቂሑ አይኮነን ። ክትጥምቶ እንከሎኻ እዚ ኹሉኳ አይተስተውዕልን አይትሐስብን ። ግና ናይ ባዕሉ ንበይኑ ዝኾነ ዓይነት መልክዕ ነይሩዎ ። ክትሪኦ እንከሎኻ ዘይነውሔ ዘይሐጸረ ፡ ዘይረጕደ ዘይቀጠነ ዘይቂሔ ዘይጸለመ አይትብልን ። ከመይ ማለት አሚንቱምበር ካልእ አካላቱ ክትጥምቶ አይከአልን ። አሚንቱ ምስ ጠመትካ ግን መዝገበ ጽቡቕ ኢዩ ትብል ። ፍሩያት አሚንቲ ዝነበሮኣ ይመስለኩም ይኸውን ፡ እምብዛ ደቀቕቲ ደአ አይነዐራን እምበር ፍሩያትስ አይነበራን ። እንታይ ደኣ'ኮን-ዩ ነይሩወን ዘፍቱ ዘዕብድ ዘጸልል? ናይ በይኑ ቋንቋ ነይሩዎ፤ ሒይወቱ ትንፋሱ አብአተን ዝተመስረተ ኢዩ ዝመስለካእምብዛ ክትጥምተን ከምዝኽአልካ ንመዝገበ ትፈትዎ ፡ ሐንሳብ ሐንሳብ ከምገለ ገይሩ ሰምሰም አቢሉ አጠማምተኤን ድሕሪ ለዊጡለን ንብዓት የምጽአልካ ፡ ዓቅለይ ይጸበኒ ብዛዕባ አሚንቱ ክዛረብ ፤ ብሐጺሩ ናይ ሰብ አሚንቲ ዓይኒ ቢልካ እንተጸዋዕካዮ አይነበሮን ፡ ንዕዑ ድማ ርግጸኛ ክትከውን ትኽእል ፤ ስለምንታይ ናይ ካልእ ሰውነቱ መልክዕ ከይረአኻ አሚንቱ ጥራይ ጠሚትካ ጽቡቕ ነይሩ ኽትብሎ ብምኽአልካ ኢዩ ።

መዝገበ ሐወይ ብትምህርቲ ቀዳማይ አይነበረን ፤ ግን ማእኽላዋይ ነይ

ሩ ። "ሰነፍ ዝብሎ ሰብ ብፍጹም አይተራእየን ። ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ዝበ ጽሕ ከም ማንም ተመሃራይ ከም ማንም ደቂ ዕድሚኡን አዕሩኹን እምበር ዘገርም ነገር አየርአየን ። ክጻወት ይሪኦ ምስ አዕሩኽቱ ክኸይድ ይሪኦ ፤ ክም ሃር ድማ ይሪኦ ፤ ካሊእ ነገር ክገብር ግና አይረአኹዎን ። ነዲኡን ነቡኡን ከምኡ ድማ ዝፈቱ ወዲ አይረአኹን ብሕልፊ ድማ ንዓይ ይፈትወኒ ነይሩ ።

ሐደ መዓልቲ ይዝከረኒ ፤ ሰንበት ድሕሪ ቀትሪ ኢዩ ነይሩ ፤ አደይን አቦ ይን ክልቲኦም ገዛ አይነበሩን ፤ መለስ ፡ ዓሽከርና ድማ ፍቃድ ተዋሂቡ ክዛ ወር ወጺኡ ብዘይካ ሐንቲ ዘይፈትዋ ዝነበርኩ ሸቃለትና ማንም ሰብ አይ ነበረን ። ዝዛወረሉ ቦታ ስኢነ ዘጻውተኒ ሰብ ጠፊኡ ዝገብሮ ነገር ከአ ዘይብ ለይስ ዓቅለይ ጽብብ ኡሉኒ ። ድሐር ሐንቲ መስኮት ንጽርጊያ ገጻ እትኸ ፈት ከፊተ ብኸንደይ ሽግር ናብአ ደይበ ዝሐለፈ ሰብ ምምዕዳው ጀሚረ ብር ሑቅ ገለ ዓሰርተ ዝኾኑ ተምሃሮ ይርኢ ነይረ ፤ ብውሽጢ ልበይ ድማ መዝገበ ምስአቶም እንተገሀሉ ጽቡቅ ነይሩ እንዳበልኩ ይትምነ ። ከምትምኒተይ ብርግጽ እወ ነይሩ ። ምስአቶም ኮይኑ ክመጽእ እንከሎ ሐደ ካብአቶም አይ መስልን ። ወይ ክሸጥዎ ኢሎም ንዕዳጋ ዝወስዱዎ ዝነበሩ ፤ ወይ ክሪኡዎ ኢሎም ዝተአከቡ ወይ ከአ ክዕዘቦም ምስአቶም ዝኸይድ ዝነበረ ይመስል ። ከምክለቱ መጠን ንዓአቶም ክመስል ቢሉ ይስሕቅ ይዘልል ነይሩ ፤ ግና አይ ከአሎን ። ዋይ'ዚ ሐወይ እንታይ ደአኾን ክኸውን ኢዩ? ብርግጽ ወይ ናይ ብጣዕሚ ጽቡቅ ወይ ከአ ሕማቅ ነገር መራሒ ክኸውን ኢዩ ። ብሕያውነቱ ተዓዚበ ግና ናይ ጽቡቅ'ዩ ዝኸውን ቢለ ወሲነዮ ።

አብ ጥቃይ ብጽሕ ምስ በሉ ናይ መዝገበን ናተይን አዒንቲ ተጋጢመን። ካብ ውሽጢ ልቡ ዘውጽአ ናይ ልቡ ታሕጓስ ዝገልጽ ፍሽኽታ ንገጹ አብሪ ሁዎ ። እንካብአቶም ፍልይ ኢሉ ቅድስቲ እንዳበለ ናባይ መጺኡ ። "እን ታይ ትገብሪ ? ንበይንኺ ዲኺ ? ጸሚዩኪ'ኳ ይኸውን " እንዳበለ ብተርታ ይሐተኒ ። ድላዩ እንታይ ምኳኑ ፈሊጠ "ደሐን'የ ዘሎኹ ፤ ወላኳ አይጸመወ ንን ። ከይገድፍኻ ግዳ አርክቦም ። ሐጎስ ድማ ምሳኻትኩም ይዛወር አሎ ጽቡቅ" እንዳበልኩ ምሳይ ከምዘይተርፍ ክገብሮ ተጋዲለ ።

ንሱ ግና "ንዓአቶም ገዲፈዮም ምስአቶም ውዒለ ፤ ንስኺ ከምዝጸመ ወኪ ድማ አይጠፍአንን ። ንዕናይንዶ ግዳ ንእንዳ አቡነ አረጋዊ በጺሕና ክን መጽእ ። ትርኢቱ ብዙሕ ዘሔጉስ ኮይኑ ኢዩ ዘሎ ። ሐደስቲ አዕዋፍ ንበይ ነን ዝዓይነተን ነቲ ዘገርም ጽባቁ ክሪአ ቢለን ግዲ ኾይነንስ ካብ ርሑቅ ዓዲ መጺኤን አለዋ ፤ እቲ ጐልጐል ለምሊሙ ኢዩ ዘሎ ፤ እቲ አእዋም ከአ ዓን ቢቡ ጥዑም ምዓዛ ኢዩ ዝነዝሕ ዘሎ ። ንዕናይ ቅድስቲ ጽቡቅ ነገር ምርአይ ጽቡቅ ኢዩ ።" ቢሉ ሰበኸኒ ።

ዘረባ መዝገበ ሐወይ ንበይኑ ዓይነቱ ኢዩ ነይሩ ፤ ናይ በይኑ ቋንቋ ነይ ሩዎ ፤ ናይ በይኑ ትግርኛ ነይሩዎ ፡ ዝድልዮ ነገር እንክሐትት ፤ ብዛዕባ ዝረአዮ

ነገር እንከውሪ ፤ ሐሳቡ ኸአ እንኪገልጽ ብፍጹም እንካብ ናይ ማንም ሰብ ፍሉይ ነይሩ ። ዘረባኡ ብእዝነይ ይሰምዖ ኢየ እንካብ ምባል ይሰምዓኒ ምባል ይሐይሸ ። ከመይ ማለት ዝድገም ቃላት አይነበሮን ። ቃላት ንቃላት አጋጢሙ ጹርይ እረፍተ ነገር አቕሙ ናይ ሰዋስው ሕጊ ተኸቲሉ አድርቅ አቢሉ አይኮነን ዝዛረብ ። ንአብነትኳ ንሐንቲ ቃል ከም ገለ ገይሩ የድምጻሞ ነቲ ዝሰምዓ ሰብ ብዓልቲ ብዙሕ ትርጉም ኮይና ትስምዖ ። ከመይ ማለት አሚ ንቱ ሰምሰም እንዳበላ ብዙሕ ይሕግዝኦ ነይረን ። ሕጂ እዚ ከምዚ ቢሉኒ ኢለ ዝነግረኩም ብርግጽ ንሱ ዝተዛረቦ አይኮነን ፡ አዘራርባኡ ኸምኡ አይኮነን እተን ዝበለኒ ድሕሪ ነጊረኩም ንሐደ ሰብ ንኸሰምዖ ብዙሕ የሸግራ ኢየን ። ስለዚ ባዕለይ እቲ ማለቱ ከየጥፋእኩ በዘራርባይ ገይረ ኢየ ዘዘንት ወልኩም ።

"ንዕናይ በሊ" ምስ በለኒ ክዳውንተይ ቀይረ ስለ ዝነበርኩ ፡ ደርጓዕጓዕ እንዳበልኩ ካብታ መስኮተይ ወሪደ ብቅልጡፍ ወጺኤ ሕራይ ንዓናይ ኢለዮ

"ቅድስቲ ሐብተይ ከማይ ክቅልጥፍ ቢልኪ አይትጋደሊ አነ ኢየ ከማኸ ቀስ ክብል ቢለ ኸጋደል ዝግብአኒ" ቢሉ ምጽንናዕ ዝመልአ ምኸሩ ሂቡኒ ።

"መዝገበ እዛ ሐዳስ ምርኩስ ካብ እትመጸንስኮ ደሐን ገይረ ይቅልጥፍ ኢየ" እንዳበልኩ ከምክእለተይ መጠን ምእንታን ከየሸግሮ ቢለ ክቅልጥፍ ጀሚረ ። ረሃጽ ክመጸኒ እንተደለየ ኸአ ንሱ ከየስተብሃለሉ ቀልጢፈ ይጸርጎ ። እንዳተጻወትና ፡ እንዳተዛረብና በቲ ማእከል ለምለም ዝኾነ ሻኽ ኸንሐልፍ ከሎና ብዙሕ ዘሐጉስ ነገር ንሪኢ ኔርና ። ኩልጊዜ ሕጉሳት ዝኾኑ አናእሽቱ ጓሰት ክስሕቁን ክዘሉን ፤ ናይቶም ሕጉሳት ዝኾኑ ክብቲ ኣቅርንቶምን ሕብሮምን ከገርመና ፤ ናይ አፍራስን አባቅልን ቅርጻቶም ከሐጕሰና እንከሎ ብኡነት ካብ ክፍእቲ ዓለም ንቑርብተይ ጊዜ ዝወጸእና መሲሉ ይረአየና ነይሩ ።

ነዚ ኩሉ እንዳስተበሀልና እንዳተሐንስና እንዳሰሐቅናን ደው ቢልና እንተተመልከትናስ ድሮ ንእንዳ አቡነ አረጋዊ ቀሪብና ። አነ ግና ዘሎኒ ሐቦ ገይረ ድአምበ'ር ብፍጹም ድኻም ተሰሚዑኒ ። መዝገበ ድማ ረሲዕዎ ከም ምስ ጥዑይ እግሪ ዘለዎ ሰብ ዝኸይድ መሲሉዎ ክቅልጥፍን ብታሕጓስ ክዘልለን ጀሚሩ ። ከይተፈለጠ ካባይ ገለ ዓሠርተ ሥድሪ ዝኸውን ቀዲሙ ይኸይድ ነይሩ ። ዋላ'ኳ ዝነበረኒ ሐቦ ዝነበረኒ ኃይሊ እንተገበርኩሉ ምኸአል አብዩኒ ምርኩሰይ ሸተት ኢላትኒ ረማዕ ኢለ ይወድቅ ። መዝገበ በጋጣሚ ክወድቅ እንከሎኸ ይሪኤኒ ። እንዳጎየየ መጺኤ «እንታይ ኮንኪ ቅድስቲ ? ሸተት ኢልኪ ደኺሙኪ ድዩ? » ቢሉ ይሐተኒ ።

አነ ከአ «ድሕን እየ ጥራይ ቁሩብ ደኺሙኒ ኢየ» ይብሎ ። ነቲ መን ገዲ ምሉእ ክሐብአ ክሸፍኖ ዝወዓልኩ ናይ ድኻም ርሐጽ ሸው ይርእዮ ። ብኢዱ እንዳጸረገ "እዋእ! ርሐጽ'ውን ርሒጽኪ እንዲኺ ። ሐቅኺ ኢኺ ነዊሕ መንገዲ ኢና መጺእና ። አዕርፍ አቢልና ካብዚ ንመለስ» ይብለኒ ።

ካብቲ ዘዕረፍናሉ ቦታ ንእንዳአቡነ አረጋዊ ካብ ሚእቲ ስድሪ ዝበዝሐ ርሕቀት አይነበሮን ። እቲ ዘዕረፍናሉ ቦታ ግን ብጣዕሚ ዝፍቶን ብለምለም ሳዕርታትን አእዋማትን ዝመልአ ነይሩ ። እግረይ አሳፈሕ አቢለ ኡፍ እንዳ በልኩ ከዕርፍ እንከሎኹ ብዙሕ ርሐጽ ክወርደኒ ጀሚሩ ።

መዝገበ ብገርሁ «ንስኽስ ስቅ ኢልኪ ኢኺ ፤ እዚአ ከተድክመኺ ፤ » እንዳበለ ይስሕቅ ።

አነ ሰሐቅ ዋላ አይተራእየንን «እታ እግረይ ከምታ ሐንቲ እግረይ እን ተትኸውን ብፍጹም አይምደኽምኩን » ቢለ ክሳብ ሎሚ ዘጣዕሰኒ ደረቅ ምላ ሽ ይምልሰሉ ።

«እዋእ! » ቢሉ ይጥምተኒ ። ነቲ ብንብዓት ተሠፈሩ ዝሐበጠ አዒን ተይ ምስ ተመልከተ ከም ሕፃን ኮይኑ ይበኪ ፤ "ቅድስቲ አይትሐዝለይ ከም ኡ ማለተይ አይኮነን ፡ ዋላ'ኳ አይሐሰብኩዎን ፡ ይቅረ በልለይ" ቢሉ ይል ምነኒ ።

ንዕዑ ብምሕዛነይ ዕጽፊ ሐዘን ይስምዓኒ'ሞ "መዝገበ አጀኻ ፤ ክንጻ ወት ቢልና መጺእናስ ክንበኪ" ምስበልኩዎ ደስ ይብሎ ።

ሐንቲ ገዛፍ ጻዕዳ ዑፍ አብ ማዕዶና ኮይና ትለቅም ነይራ ። መዝገበ ናብአ እንዳተመልከተ "ከምዚኣን ዝበላ እኮ እየ ዝበልኩኺ ፤ ጽቡቃት'ዶ?" ቢሉ ጽባቄአን ይገልጸለይ ።

ሩፍታ ተሰሚዑና ክልቴና ብዛዕባ እቲ አብ ፊትና ዝነበረ ናይ እንዳአቡነ አረጋዊ ዱር ፤ ብዛዕባ ዕንባባታትን ብዛዕባ አናእኽቱ ጽቡቃት እንስ ሳታትን ካልእ ሐድሽ ነገር መሲሉ ዝተሰምዓና ትርኢት ተዛራረብና ፡ ዝግ ኢልና ። ክልቴና ከይተዛረብና ከኣ ስቅ ኢልና ።

መዝገበ ንጥንቅልዒት ለጥ ቢሉ ሰማይ እንዳርአየ ይሐስብ ነይሩ ። አነ ቅንዕ ቢለ ንዕዑ ይጥምቶ ነይረ ። ክንደይከ ይፈትዎ? እንታይ ኮይኑ'ኾን ክሪኦ እየ? እንዳበልኩ ይሐስብ ነይረ ። "እታ እንታይድአ ትሐስብ? " ቢለ እንተሐተትኩዎስ ፤ ብፍጹም ዘይሰምዓኒ ። ዓዒንቱ ፍጥጥ ኢለን ናብ ሰማይ ተኵረን ይምልከታ ፤ ንርእሱ ብክልተ አእዳው ደጊፉ ናብ ምንታይኮ'ን ይሐ ስብ ይኸውን? አብ ውሽጢ ርእሱ ገለ ዘሸግሮ ነገር ዝነበሮ ይመስል እሞ ዓቅ ሉ ጸቢቡዎ ዝገብሮ ስኢኑ'ዶኾን ጥበብ ይፈጥር ነይሩ ይኸውን? እንድዒ ! ብፍጹም አፍሪሑኒ ፤ ሐደ ወዲ ዓሠርተው ክልተ ዓመት ከምኡ ገይሩ ንምሕ ሳቡ ። ዓዒንቱ ዋላኳ ሰም አይበላን ፡ ስለዚ አብኡ እንከለዋ ክይነቕጸ ፈሪሑ ቀስ ኢለ ቀሪበ ብየማነይቲ ኢደይ ገይረ አዐምት የብሎ ።

ብር ቢሉ ይትንስእ'ሞ ፡ «አሰንቢድክኒ» ፡ ይብለኒ ።

"ስለምንታይ? እንታይ ኮንካ ትስንብድ?"

"እቲ ጸሊም ሕብሪ ናብ ምሉእ ሰውነተይ ዝተኸዓወኒ መሲሉ ቱሰሚ ውኒ" ቢሉ ይምልሰለይ ።

“ናይ ምንታይ ሕብሪ? ናይ መን? አበይ ዘሎ? መንከ እዩ ዝኸዕወልካ? ” እንዳበልኩ ይሐቶ ።

ንሱ ግን ነዛ ዘረባ አብ ካልእ ከይትበጽሕ ፈሪሑ “ብዛዕባ ሕብርታት ይሐስብ ነይረ ፣ ብዙሕ ዓይነት ሕብርታት ተተበጽቢጹ አብ ገዘፍቲ ጥስትታት መሊኡ ፤ አነ ብዓቢይ መለመጺ ነይረ ካብኡ እንዳጠማዕኩ ይስዕል ነይረ ፤ አብ ብጣዕሚ ዐቢይ ወረቀት ፣ እሞ ንስኺ ክተዐምትኒ እንከሎኺ ካብታ ጸላም ሕብሪ ዝመልአት ጥስቲ እየ ዝጠምዕ ዝነበርኩ ስለዚይ ምስ ሰንበድኩ አብ ምሉእ ሰውነተይ ዝፈሰሰ መሲሉኒ ተሰሚውኒ ። ” ቢሉ ሰሚዔዮ ዘይፈልጥ ዓይነት ዘረባ ንመጀመሪያ ጊዜ የስምዓኒ ።

“ወይ ሐወይ ብቀትሪ እንከሎ’ባ አይትሕለም ለይቲ ከተርክበሉ እንዲኻ” እንዳበልኩ ይቅልደሉ ። ቀጺለ ከአ “ንምኻኑ-ከ መዝገበ ምስ ዓበኻስ እንታይ ክትከውን ትደሊ? ይብሎ ።

“እንድዒ እንታይ’ሞ ኽብለኪ እየ ፣ ሐረስታይ ክኸውን አይደልን ፤ ሐኪም ምኻን አይፍተወንን ፤ ነጋዳይ እንተኾንኩ ዝኸእሎ አይመስለንን ፤ ጠበቃ ምኻን’ሞ የፈንፍነኒ ፣ እንድዒ ! እንዲዒ! በጃኺ ስቅ በለ. ብዛዕባ’ዚ አይትጠይቅኒ ።” ቢሉ እንዳተጨነቀ ይልምነኒ ።

ክቅልደሉ ቢለ “መዝገበ ክትሠርቅከ ትፈቱ’ዶ?” እንተበልኩዎ ፣ እንዳሰሐቀ “ነቲ አቅሑ ምስ ሠረቅክዎ ተሰኪመዮ ዝጎዲ’ሞ አይመስለንን ።” እንዳበለ ብቀልዲ ይምልሰለይ ።

ካብኡ ቀስ እንዳበልና ንገዛና ተመሊስና ።

መዝገበ ኩሉ ጊዜ ይድንግጸለይ ነይሩ ፤ ከምኡ ገይሩ ፤ ብውሽጢ ልቡ ዝድንግጸለይ ፣ ዝሐስበለይን ዘፍቅረንን ሰብ ብፍጹም አይነበረን ። ሐንሳብ ከምዚ ገይሩለይ ፣ ሐደ መዓልቲ ከምዙይ አቢሉ ሐሲቡለይ እንዳበልኩ ድሕሪ ነጊረኩም ጊዜ አይንረኽበሉን ።

ናይ ዳሕረዋይ ሒወቱ ንዝተዓዘበ ሰብ ብቆልዕዑ ከመይኮን ነይሩ ይኸውን እንዳበለ ከምዝሐትት ጥርጥር የብሉን ። ዳሕረዋይ ሒወቱ ከአ ብዙሕ ዘየገርም አይኮነን ።

ብኡነት ፤ ብልቢ ቅንዕና ናይ ሐወይ ፣ ናይ መዝገበ ጥበብ ጊዜ ቁልዕና ከመይ ቢሉ ከምዝሐለፈ ክዛረብ እንከሎኹ ፣ አቀዲመ ብሐጺሩ ብዙሕ ዘገርም አይነበረን ፣ እንዳበልኩ ከም ዓይነት አርእስቲ ይህቦ ።

ካብ ወዲ ሽዱሽተ ዓመት ጀሚሩ ክሳብ ወዲ ዓሰርተ ሽዱሽተ ዝኸውን አብ ዓዲግራት አብ አግዓዚ ትምህርቲ ቤት ተማሂሩ ። እዚ ክብል እንከሎኹ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻምናይ ንምብጻሕ ዓሰርተ ሐደ ዓመት ወዲኡሉ ማለተይ አይኮነን ። ብሕመቁ ወላኳ ክፍሊ አይደገመን ።

ቀዳማይ ክፍሊ አትዩ ክሰምዕ እንከሎኹ አነ አብ አሥመራ ምስ ሐትነይ

ትዕበ ኰይነ ካልአይ ክፍሊ ይገብር ነይረ ። ካልአይ ክፍሊ አብ አሥመራ ምስ ወዳእኩ ግን ናብ ዓዲግራት ፡ ናብ ወለደይ መጺኤ ሳልሳይ ዓመተይ ናብ ትምህርቲ አትየ ። መዝገበ ሐወይ ሽው ካልአይ ክፍሊ ነይሩ ።

ከምዚ ሕጂ ከምዚ ሎሚ መሲሉ አብ ቅድሚ ዓይነይ ይርአየኒ ፤ መዝገበ ንግሆ እንካብ ዓራቱ ትንስእ ቢሉ አዒንቱ ብክልተ አእዳዉ እንዳሐሰየ ምስ አብ ቅድሚኡ ዝጸንሔ ድኳ ወይ ከአ ገረዊና መሳሊ ብእግሩ ገልጠም ጠም እንዳበለ ባዕጊጉ ንደገ ይወጽእ ። ታኒካ ድልይ አቢሉ ካብቲ አብ በር ሚል ነቀምጠ ዝነበርና ጽሩይን ዝሑልን ማይ ቅድሕ አቢሉ ገጹ ይሕጸብ ፡ ገጹ ተሐጺቡ ፡ ርእሱ አበጺሩ ፤ ክዳኑ ቀይሩ ንቑርሲ ክሰናዶ እንከሎ ፤ ብኡ ነት ናይ ጹሪይን ምልኩዕን ንእሽቶ ቅኑዕ ተምሃራይ መልክው ነይሩዎ ። ቑር ሲ እንዳበልዔ እንከሎ ብዛዕባ ናይ ገዛ ስራሕ ቢሎም ዝሃቡዎ መምህር ብዛዕባ ብዝሐለፈ መዓልቲ ዝተጻወቶ ኵዕሶ ፡ ወይ ከአ ብዛዕባ ክጻወቶን ክገብሮን ሐሲቡ ዝነበረ ጸወታ ይዛረብ ። ቑርሱ ብልዕ አቢሉ ምስ ወድኤ አዕሩኽቱ ንዓናይ ንቤት ትምህርቲ ቢሎም ክሳዕ ዝጽውዕዎ እንዳተጻወተ ወይከአ መጽሐፉ እንዳተመልከተ ይጽበዮም ።

ቅድሚ ሰዓት ምእካሉ ካብቶም አብ ቅድሚ አዲአም ቤት ትምህርቲ ከም እኩባት ጽንብላሊዕ ንሐንቲ ሻኻ ዘጸብቱዋ ጌሮም ሒይወት ዝህብዋ ሐደ ኢዩ ነይሩ ። ኵዕሶ ሒዙ ክገሥዩ ፤ ጠለይ ጠለይ ክጻወት ፡ ንሐንሳብ ድማ ካሊ እ ጊዜ ዘምጽአ ናይ ተምሃሮ ጸወታ ክጻወት ይረአይ ። አብ ውሽጢ ክፍሊ እን ትርፊ መሞህር አኽቢሩ አፍቂሩን ፈሪሑን ጸጥታ ሐሊዩ ክሰምዕ ፡ ወይ ምስ ኮፍ መባህልቱ ወይ ምስ መምህሩ ዘየሕጕስ ዘረባ ገይሩ አይፈልጥን ። ብት ምህርቱ ከአ ቀዳማይ ካልአይ ደአ ይወጽእ አይነበረን እምበር ኩሉሳዕ ጽቡቅ ነቕጣ ማለት ዘሕጕስ የምጽእ ነይሩ ። ስለዚ ብጠባዩ ዝተመስገነ ተምሃራይ ነይሩ ።

ሐንቲ ምዓልቲ አብ ጊዜ ምሳሕ ወይ ግሩም እንዳበለ አዕርዩ ክግረ ምረአኹዎ እንታይ ከምዝኾነ ጠይቀዮ ። ንሱ ግን ከይገልጸለይ ምግሩሙ ይቅጽል ። አዕሪዩ ክበልዕ አይከአለን ። ሒዙዋ ዝነበረ ኩሳሶ አልዕል አቢ ሉ ናብታ ጠምያ ዝነበረት አፉ ክንዲ ዘእትዋ ስቅ ኢሉ ይግረም ፡ አነ ብዙ ሕ ተገሪመ "እንታይ ኰንካ ኢኻ በጃኻ? እንታይ ክሳብ ክንድዚ ዘገርም ነገር ረኺብካ ኢኻ? ይብሎ ።

"እንታይ ኮይኑ ዘገየርም ደአ ። ሐደ ተምሃራይኳዶ ንመምህሩ ክደፍር ይግብአ? ሐደ ቆልዓ ምሳና ዝኸፍሉ ፡ ጎይለ ዝሸሙ ትፈልጥዮዶ? እቲ ንውሕ ዝበለ ቀጢን ጸሊም ርእሱኳ ልምሽ ዝበለሞ አንውሕ ዘብለን አብ ቅድ ሚ መምህር ተዛሪቡስ መምህር ተቆጢየም ውጻእ እንተበልዎ እምቢ ኢሉ ዎም ። ደሐር ትፈልጢ ዲኺ ፡ ብኽሳዱ ሒዞም ንደጊኡ ደርብዮምዎ ፡ አነ ከምዚ ዝመስል ነገር አይምገበርኩን ፡ ንሱ ግን ከመይ ዘአመሰለ ደፋር ኮይኑ ኢዩ ከምዚ ዝገብር" ።

“በል እዛ ሐጻር ታሪኽካ ወዲእካ ይመስለኒ ፤ ሕጅስ እዛ ምሳሕካ አዓ ሪኻ በሊዕካ ጽገብ’ሞ ብዘየገርም ነገር አይትገረም ።

ተቆጢዑ እንዳጠመተኒ “እዚ እየገርመክን’ዩ? ከመይ ማለት ዘየገር መኪ፣ ንስኻው’ን ምናልባት ከምኡ ምገበርኪ ኔርኪ” ።

እነ ድማ ምሕራቁ ዘይተርፎ ቢለ “በል ሕራይ ተገረም ደስ ይበልካ” እንዳበልኩ ሐንቲ ኩላሶ ጸጊበ ሒዘያ ዝነበርኩ አብ ቅድሚኡ ደርብየያ ይወጽእ ።

ንዕኡ ዝሃበ ትዕግሥቲ ግና ንኻልእ አይሃቦን ከምዛ ገለ ዘይበልኩዎ ስቅ ይብል ንዓይ ክንዲ ዝጥምት’ኳ ንመሬት ይጥምት ነይሩ ።

ዝኾነ ኮይኑ ናይ አሕዋት ልማድ ካባና ዝተፈልየ አይነበረን’ሞ ድሕሪ ቁሩብ ሰዓት ተመሊስና ንጻወት ንስሕቅን ንደናገጽን ኔርና ።

እንካብዞም ብዙሓት መኻይዱ ፡ መተዓብዱን መጻውቱን ፍልይ ቢሉ ንበይኑ ገብረ ብውሽጢ ልቡ ንመዝገበ ይፈትዎ ነይሩ። እንካብ ናይ ሐቂ ዕር ክነት መሥመር ሐሊፉዎስ ፡ እንካብ ናይ ሐቂ ሕውነት መሥመር እውን ሕሊፉዎ ነይሩ ፡ ንምባል ይከእል። መዝገበ ከምዝነገርኩኹም ሐጎስ ንመዝገበ ሐዲሽ ተመሃራይ ቢሉ ምስ ከምኡ ዝበሉ አዕሩኽቱ ኮይኑ ከላግጸሉን እንከ ብእሶን እንከሎ ብምኽሩን ብግብሩን ገይሩ ዝረድኦ እዩ ።

አብ ዓለም እከለ ርእሲ አለዎ ፡ ናብ ዓቢይ ፍልጠት ክበጽሕ ዝኽእል ሰብ እዩ ተባሂሉ አብቲ ዝበለጸ ቤት ትምህርቲ አእትዩ ኩሉ ዘድልዮ ዝህቦ አይረክብን ፡ ወይከአ እከለ ጽቡቅ ቅርጺ ሰውነት አለዎ ጽቡቅ ክዳን መጥዓ መሉ ተባሂሉ ንዓ ተኽደን ዝብሎ ሰብ የብሉን፡ ከምኡ እንተዝኽውን ገብረ ንዓ ተምህር እንካ ንጥራውዝትኻ እንካ ንቀለምካ ፡ እንካ ጽቡቅ ክዳን ምተ ባህለ ። እንተኾነ ግን ገብረ እንካብ ድኻታት ሥድራቤት እዩ ነይሩ ። አብኡ አብ ዓዲ ሊቀ ኪህናት ናይ ከተማ ዓዲግራት ክፍሊ ይቅመጡ ፤ ሥራሐም እንታ’ዩ እንተበልኩም ቅስና እዩ ። ወዶም ሐደ ገብረ ጥራሕ እንተዝኽውን ምናልባት ኩሉ ዘድልዮ ነገር ሐንቲ ከየጉደሉ ምህብዎ ። እንታይ’ሞ ይኹን ትሽዓት አወዳት ነይሮሙዎም ። አዲአቶም ወይዘሮ ትብለጽ ብናይ ገብረን መዝገበን ፍቅሪ ዝተላዕለ ንገዛና መጺኤን ምስ አቦይን አደይን ተላልየን ። ክሪኤን እንከሎኹ ናይ ሐንቲ ደቂ ስለዘለውዋ እትኮርዕን እትሕጎስን ፤ እት ቅልቦም ስለ ዘይብላ ግን ከይደቀሰት ክትሐስብ እትሐድር ሰበይቲ መልከዕ ነይርዋን ። እዝየን ቀጣን ማእከላይ ቁመት ዘለዋን መልከዐኛ ሰበይቲ ተዘየሉ ቀደም ብንእሽቶየን እንከለዋ መልከዐኛ ዝነበራ ይመስላ ።

እንኳ’ዞም ትሽዓተ አወዳት ደቂ ምህረይ ገረንቺኤል ፡ ገብረ ሣልሣይ ነይሩ ። ስለዚይ ብትሕቲኡ ሽዱሽተ ደቀቅቲ አወዳት ብልዕሊኡ ድማ ክል ተ አኃብዝ ነይሮም ማለት እዩ ። ሐፍቲ ምህረይ ገርንቺኤል ወ/ኪሮስ ዝበ

ሀላ አብ ከተማ ዓዲግራት እንዳተቀመጣ ስዋ ይጸምቋ ነይረን ። በዓል ቤተን ምስመቱ ካሊእ አየዳግምን ፡ ስዋይ እንዳጸመቅኩ ድአ ይበልዕ ቢለን ክቅመ ጣ እንከለዋ ውሉድ ስለ ዘይነበረን ብዙሕ ይጉህያ ነይረን ። እንተኾነ ሐንቲ መዓልቲ ወይዘሮ ኪሮስ እስኪ ንሐወይ ክበጽሕ ቢለን ንዓዲ-ሊቀ ካህናት ደይበን ። አብታ ዐባይ ህሞድ ሐወን ዝቅመጡላ ምስበጽሐ ሐደ ዘሕዝነንን ዘብክየንን ነገር ሪኤን ። ምህረይ ገረንቸኤል አብ አፍደገ ገዝኦም ኮይኖም እንዳነብው ሪኤንኦም ። ብፍጹም ሰንቢደን "አታዮ እንታ ኮይኖም እጆም? እንታይ ተገንዩ እጁ? ይብልኦም ። ንሶም ከአ "እንታይ ክግነ ኪሮሰየ ተሳኢኑ ድአምበር" ቢሎም ይምልሱለን ።

ግን ብናይ ሥድራ ቤቶም ጸገምን ሽግርን ሐዚኖም ይበኽዩ ከምዝነ በሩ ንወይዘሮ ኪሮስ ተረዲኡወን ። ንባዕለንን ንያያምን ክሕግዝ ብዝብል ሐሳብ ንገብረ ምስኤን ናብ ከተማ ዊሲደን ከምህሮኦ ወሲነን ። ገብረ እምበ አርከስ ከምዚ ቢሉ ኢዩ ናብ ትምህርቲ ዝበጽሔ ፡ ምስ መዝገበውን ዝተዓራ ረኸ ። አሕዋቱ ግን ገሊኦም ሐረስቶት ገሊኦም ዓሶት ኮይኖም ተሪፎም ።

ገብረ ናይ ትሕትና ምንጪ ክበሃል ምተኻእለ ፤ ሽሕኳ ምስ አሙኡ እን ዳተቀመጠ ቍሩብ ስኽፍታ ከይሐደሮ እንተዘይተረፈ ፡ ሰውነቱ ኩሉ ጊዜ ሙሉእን ወዛምን ነይሩ ። ትምህርቲ ከአ ብጽቡቅ ይካየድ ። ንገብረ መጀመሪያ ምስ ረአኹዎ ቡዙሕ አይፈተኹዎን ፡ ድሐር ንመዝገበ ሐወይ ከም ሐዉ ኮይኑ ክሐስበሉን ክከላኸለሉን ምስረኤኹ አዓሪየ ክፈትዎ ጀሚረ ። አቦይ አብ ሥርሑ ብዙሕ ክብረትን ዝአክል ገንዘብን ነይሩዎ ። መዝገበ ሐወይ ጽቡቅ ክዳውንቲ ክቀያይር እንከሎ ፡ ገብረ ብኽዳውንቲ ሕጉስ አይነበረን ። ከምሎሚ ኮይኑ ይዝከረኒ ፤ ገብረ መብዛሕትኡ ጊዜ ዘዘውትራ ዝነበረ ክዳን ፤ ሐንቲ ጸላም ጁባ ብርግጽ ንዕኡ ቢላ ዘይተሰፍየት ግዳ እን ካብ ሐራጅ ብቅሩብ ዋጋ ዝተገዝኤት ፤ ስረ ድማ ድሕሪ ሽሕ ዓመት እትአርግ ዘይትመስል አብ ሰውነቱ ጥብቅ ትብል ጊርባ መሳሊት ረጓድ ክዳን ነይራቶ ። እዚአ ተኽዲኑ ንግሆ ንመዝገበ ክጽውዕ ኽመጽእ እንከሎ ናይ ሐደ ቅኑዕ ተምሃራይ መልክዕ ነይሩዎ ።

ሐንቲ እግረይ ዝተሰበርኩሉ ምኽንያት ንሐንቲ ጸዕዳ እምኒ በቲ ድሕሪ ግምሩኽ ዝነበረት ነምጽእ ምስ በለኒ ሕራይ ቢለ ከይደ ስለዘምሰኹ ኢዩ። እዙይ ብልበይ አሚነዮ አይኮንኩን ፤ ከመይ ማረት ገዛይ ምስ በጻሕኩውን አብ ድርኩኺት ተዓንቂፈ ወዲቀ ምተሰበርኩ ነይረ ። እታ ዘምጸእናያ እምኒ ክሳብ ሎሚ አላ ። መዝገበ ሐወይ ብብላኸ አየምጽአን ። ከባብ ዝነበረት እምኒ ጸፉሕ ገይሩ ብዘገርም ጽሕፈት ናብ ውሽጢ እንዳፋሕፍሔ መዝገበ አማኑኤል ቢሉ ጽሒፉላ ። እታ እምኒ አምጺኡ አየዕርፍን ፤ ቀዳም፤ ሰንበት ወይ ድማ ዕረፍቲ ብዝረኽበሉ እዋን እንዳኽደ በቲ ቅድም ዝኽድናሉ ቦታታት አቢሉ እንዳደለየ ከምቲ ቅድም ዘምጸእናዮ እምኒ ዝዓይነቱ ብዙሕ የምጽእ ነይሩ ።

ነዚ ዘምጽኦ አእማን አብ እፍ ደገ ገዛ ኮይኑ ብኻራ ፤ ብስባር ሐጺን ብመ ብረድን ክፍሕፍሕ ንርእዮ ፤ እንትኾርፊ ካራ አይተባላሹ ክንብሎ እዚ ይገብር አሎ ቢልና ብፍጹም አይተገደስናሉን ። ንሱኣም ዘይተገደሱለይ ቢሉ ክሕ ጐስ እንተዘይ ድአኾይኑ ፡ ክንሕግዝ ክንረድኦ አይለመነናን ። ገብረ ንጉሦ ክመጽእ እንከሎ ንመዝገበ እዚ ሥራሕዚ ግደፍ ከይበሎ አይከይድን ነይሩ ። ስለምንታይ ብዝመጽእ ቍጽሪ መዝገበ እግሩ አሳፊሑ ሐንቲ ፍርሽኽ ብሃ ሊት ጸዕዳ እምኒ አብ ቅድሚኡ ገይሩ ብገለ ሐጺን ገይሩ ክፍሕፍሕ ይርእዮ ። ብዝበዝሕ ድማ ናይ ሰብ ሽም አብ ልዕሊኡ ክቀርጸሉ እንከሎ ይረኽቦ ። እን ተኾነ ነቲ ሥራሕ አጥቢቁ ሒዙ ከም ዓቢይ ነገር ክርእዮ ምስ ተዓዘቦ ፤ ግደፍ ከምኡ አይትገብር ክብሎ አይከአለን ። ካብ ኩሉ ዘደንቅ ግዳ ድሕሪ ቁሩብ አዋርሕ ገብረ ባዕሉ ምስ መዝገበ ኾይኑ እምኒ ክፍሕፍሕ ምስ ረአናዮ ኢዩ ።

እንካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ሻድሻይ ክፍሊ ዝበጽሕ እንትርፈ ምስ ገብረ ዓርኩ ኾይኑ እምኒ ከምጽእ እየ ቢሉ ፈቀዶ በረኻ ክኸይድ ፡ አእማን ተሰኪሙ ክመጽእ ኣሕኣሕ እንዳበለ ከጽምመና ፤ እምኒ ፋሕፈሑ ፤ ጸሪቡ አመልኪው እዚአ ገይሩ አይንብሎን ኔርና ። ንሥድራ ቤትና ብሙሉኡ መዛረቢ ኰይኑ ዝነበረ ግዳ ፤ ሐደ መዝገበ ናተይ ሽም አብ ጽብቅቲ እምኒ ቀሪጹለይ ድሕሪ ኢሉ፤ ናተይ እንደግዳ ካብ ናትኪ ካብ ናተይ እንዳበሉ ናተ ይ ትበልጽ ፤ ናይ እከለ ሽም ገና አይተጻሕፈትን ክብሉ መሕለፍ ጊዜ ይኸ ውን ነይሩ ።

ዝኾነ ኾይኑ መዝገበ ካብ ሰላሳ ዝበዝሕ ናይ ሰብ ሽም ዝተቀርጸ ጸፋሕ ቲ አእማን አቑሚጡ ነይሩ ። ንገሊኡ ከቢብ ይገብሮ'ሞ ወሰና ወሰኑ ብናይ ዕንባባታትን አቑጽልትን ቅርጻ ገይሩ ይሸልሞ ፤ ድሕር አብ ማእከሉ ሽም ናይ ሰብ ይቀርጸሉ ። ንገሊኡ ከአ ብናይ ስሉስ ኩርናዕ ወይ ትርቢኒት ወይ ትራፐጺዮ ወይከአ ሮምቦይደ ቅርጺ ገይሩ ሰሰሪሑ ብብዙሕ ሽልማት ሐጺሩ አብ ማእከሉ ናይ ዝደለዮ ሰብ ሽም ይጽሕፈሉ ።

ሐንቲ እምኒ ግና ነይራ ብናይ ስሉስ ኩርናዕ ዝተሰርሔት ካብ ኵላተን ከአ ዝዓበየት ። እንታይ ከምተጻሕፋ ብፍጹም ንሰብ ዘየርእያ ። ካብ ኵላተን የኽብራ ፤ ንበይና ይሐብአ ብድሕሪኡ ክትሪኢ እንተበልካ ድማ ዘይ ትረኽባ ። እንታይ ከምዝተቐርጸ ክፍለጥ ዘይደሊ ሰብ አብ ገዛና አይነበረን ፤ ዝፈልጣ ግን ተሳኢኑ ።

ንሐንሳብ አብቲ ዘጽፍሑ አእማን ናይ ሰብ ሽም ምጽሐፍ ገዲፉ ናይ ሰብ መልክዕ ናይ ከልቢ ናይ ድሙ ፤ ናይ ብዕራይ ወዘተ ሕብጥ ቢሉ ንላ ዕሊ ከምዝረአይ እንዳገበረ ይቀርጽ ። ንልቢ ገይሩ ዘስተባህለሉ ሰብ ሐደ ዓቢ ይ ሥራሕ ይሰርሕ ይምህዝ ከምዝነበረ'ምበር ክጻወት ጊዜ የሕልፍ ከምዘይ ነበረ ክርድኦ ይኽእል ። አብ ትርፈ ጊዜኡ ፤ አብ ሥራሕ ዘይብሉ ጊዜ ፤ ጸወ ታ ብዝተጸልኦ ሐንቲ እምኒ አልዕል አቢሉ ብውሽጢ ልቡ ተመሲጡ ብዘለዎ ጥንቃቀ ክፍሕፍሕ ፡ ክጨላልፋ ፡ ክቀርጻ ከመልክዓ ይረአይ ።

ሽዱሽተ ዓመት ወይ ዝሰዝሕ ዓመታት ዓቢይ ሥራሕ ይሰርሕ እሎኹ እንዳበለ ዝበለጸ እምኒ አብ ከምዚይ ዝአመሰለ ቦታ አሎ ፤ ነዛ እምኒ እዚአ ናይ ከምዚ ቅርጺ ከውጽአላ እንዳበለ ተሸጊሩ ጽዒሩ ዝኽእለቱ ሰሪሑ ። ብዘ ይ ፍረ አይተረፈን ። ብዘገርም ቅርጻ ፊደል ትግርኛ እንዳገበረ ናይ ብዙሐት ሰባት አስማት አብ እምኒ አውጺኡ ። ካብተን ናይ ሰብ አስማት መዝገበ አማኑኤል እትብል ብቆልዑኡ ዝገበራ ብኹሉ ሰብ እተመስገነት ነይራ ።

ብጽሕፈት ጥራይ ዘይኮነ ብዘገርም ጥንቃቀን ክእለትን ገይሩ አብ እምንኒ ይስእል እንካብ ኩሉ በሊጸን ተወሪያን ትርከብ ናይ ሐንቲ ጀበና ፍን ጃውልታን ዘውጽአ ኢያ ። ከምዚ አብ ሐጺን ገንዘብ ናይ ነጋውሥ ወይ ከአ ናይ ካልእ አሳእል ካብቲ ገንዘብ ንላዕሊ ሕብጥ ኢሉ ዝወጽእ ፡ ብኽምኡ ዓይነት ገይሩ ከአ ኢዩ ነታ ጀበና ምስ ፍንጃውልታ ካብቲ ጸፊሕ እምኒ ንላዕሊ አሕብጥ አቢሉ ዘውጽአ ። በዚ ዓይነት አሰራርሐ ገይሩ ዘደንቃ ውሩያት ዝኾና አሳእል ገይሩ ፡ ንሳተን ከአ ናይ ሐንቲ ላሕሚ ሰውነት ብምሉኡ ፡ ሐደ ከልቢ ፡ እተገርም ድማ ናይ ክሳድ ዓለቋ እትብሃል ጽብቅቲ እምባ ቅርጺ ኢየን ፡ እዚ ጥራይ አይኮነን ፡ እተን እምብዛ ዝተወርያ ንምንጋር ቢለ እም በር ፡ ክንደይ ንዓይንኻ ደስ ዘብል ቅርጽታት ብጽሕፈትን ብስእልን አሎ ።

ነዚ ነገርዙይ ንምስራሕ ሽዱሽተ ዓመት አቢሉ ወሲዱሉ፡ ንሕና ግን ይጸወት ጊዜ የሕልፍ ንብሎ ኔርና ። ናእዳ ረኺቡ እንተተባህለት "ወይ'ዚ ቆልዓ ጉዳም እኮኢዩ" ኢያ'ምበር ካብአ ዝዓበየት ናእዳ ረኺቡ አይፈልጥን መዝገበ ግዲ አይነበሮን ። ብፍጹም ግዲ ናይ ሰብ አይነበሮን ። ዝበለጸ እም ኒ ዝርከበሉ ፈሊጡስ ብዝበለጸ ዓይነት አሠራርሐ ክሠርሕ እንተድአ ዘይ ኮይኑ ።

ከተማ ዓዲግራት ንዘይረአያ ሰብ ብሐጺሩ እንተገለጽኩዋ ጽቡቅ ከይ ኮነ አይተርፍን ። ከመይ ሚለት ነቲ ዝኽተል ታሪክ አዓሪኻ ንምክትታል ስለዝጠቅም ኢዩ ። እምበአር ከስ ዓዲግራት አግፈሕካ እንተተመልኪትካያ ነቲ ገፈሕ ዝኾነ ነገር ድማ አንእስ አቢልካ እንተጠሚትካዮ ፡ ብሐጺሩ ከም ሐንቲ መጸጸይት ሰፍኢ ጌርካ ክትግምታ ይከአል ። አብቲ ናይ ከብዲ ሰፍኢ ማእከል ከተማ አሎ ። እቲ ርእሲ ሰፍኢ ድማ ብቅርጹን መልክዑን ዘገርም ዐበይቲ እምባታት እዩ ።

ነቲ ከተማ ዳርጋ አብ ክልተ ካብ ሰሜን ንደቡብ መቂሉዋ ዝሐልፍ እንካብ አሥመራ ንአዲስ አበባ ዝወስድ መንገዲ መኪና እዩ ። እቲ መንገዲ አብ ውሽጢ ከተማ እንከሎ ብክልተ ሽም ይጽዋዕ ። እንካብ ማእከል ከተማ ንሰሜን ወገን ዘሎ መንገዲ ሰንዓፈ ፡ እቲ ካብ ማእከል ንደቡብ ወገን ዘሎ ከአ መገንዲ መቀለ እንዳተባህለ ይጽዋዕ ። ሐደ መንገዲ'ውን አሎ ካብ ማእ ከል ንምዕራብ ወገን አቢሉ ዝኽይድ ፤ መንገዲ ዓድዋ እንዳተባህለ ድማ ይጽ ዋዕ ። ዓዲግራት ውርይቲ ኮይና እትርከበሉ ምኽንያት በዘን ሠለስተ መንገ ድታት ከይኮነ አይተርፍን ። ግምሩክ ከአ አብ አብሩ ነይሩ ።

መዝገበ ወዲ ዓሰርተ ሐሙሽተ ዓመት ምስኮነ ሻዱሻይ ክፍሊ ይገ
ብር ነይሩ ። ወዲ ዓሠርተ ሐሙሽተ ዓመት ኮይኑ ዝበጽሐ ቁመቱ ናይ መወ
ዳእታ ቁመቱ ነይሩ ፡ ካብአ ዋላ'ኳ አይወሰሽን ። ቁመቱ ግን ማእከለዋይ ፡
ማንም ሰብ ዝምነዮ ቁመት እምበር ዘንጋር ወይ ክርዳድ አይነበረን ። መል
ክው አዝዩ ጽቡቕ ስለዝነበረ ፡ ዝኾነት ጓል ሽሙ ብዘልዓለት መጠን አብ
ውሽጢ ልባ ውግእት ይስምዓ ። ንሱ ግን ዛ'ጓል'ዚአ ጽብቅቲ ወይ ሕማቅ
ቢሉ ጠሚቱ'ኳ አይፈልጥን ። ሐብቱ ብምኾነይ ብዙሕ ጭንቂ ዝመስል ነገ
ራት የጋጥመኒ ነይሩ ። ኩላተን ክፋለጣኒ'ሞ ምስ ሐወይ ከፋልጠን ይልደ
ያኒ ። ብዘቀባጥራለይ ነገር ይጠፍአን ፡ ዝገብራለይ ይስእና ። አነ ሽሕ ምስ
ሐወይ የፋልጠን እምበር ፤ ንዕኡ ምፍላጥን ዘይምፍላጥን ፍልልይ አይነበ
በሮን ። ብጭራስ ሐንቲ ጓል ደስ እትብሎ አይረኽበን ፡ ስለዚይ ምስ ሐንቲ
ኤን ክዛረብ ሪኤዮ አይፈልጥን ።

ንዓይን ንካልኦት ብዙሓት ሰባትን ብዙሕ ዘደንቅን ዘገርምን ዝነበረ
ነገር ፡ መዝገበ ምስ ሐንቲ ጓል ክዛረብ ብምርአይ ነይሩ ። እታ ጓል ብጣዕሚ
ጽብቅቲ ነይራ ካብአ ዐርየን ዝጽብቃ አዋልድ ግን መሊኤን ነይረን ። ቁመ
ታ ናብ ንውሒ ተብል ፡ መልክዐ ዝወጽአ አይነበራን ፡ ዐሚንታ ከዋኽብቲ
አፍ ካቲም ፡ አፍንጭአ ንክትቅረጽ ዓመታት ዝወድአት ትመስል ጨጉሪ
ርእሳ አብ ልዕሊ ዝባና ዝሕዘል ፡ ደርጊ ስና መብረቅ ፡ መሐውራ ዘለግ ዘለግ
ቢሉ ፡ አጻብዕታ ምራን ዝመስል ፡ ከደራዊት እንከላ ናብ ቂሕ ትደፍእ ነይራ።
ብሕልፊ ዘመልክዐላን ዘማዕርገላን ናይ ደረታ ሃብቲ እዩ ። ኩሉ ጊዜ ጽቡቅ
ክዳውንቲ ትለብስ'ሞ ኩሉ ከአ ሳላ ጽቡቅ ሽምጣ የጥዕመላ ።

ስማ ዛይድ ትበሀል አቦአ ከአ አቶ መብራሀቱ ይበሀሉ። አቶ መብራሀቱ፤
አብ ማእከል ከተማ ከመይ ዝአመሰለ እንዳ ዱካን ፡ ኩሉ ዓይነት አቅሑትን
ብልዕን ዝሽየጠሉ ነይሩዎም ። ምስ አቦይ ፡ ብላታ አማኑኤል እዙይ ዘይ
ብሀል ዐቢይ ዕርክነት ነይሩዎም ። ዕርክነቶም አብ ዓዲግራት ዝተጀመረ
አይኮነን ፤ በናእሽተዮም አብ ጻዕዳ ክሽታን እትብሀል ጥቃ አሥመራ ዘላ
ንእሽቶ ቁሸት ከለዉ ብሐንሳብ እንዳንሰዩ ዓብዮም አብቲ ልዕሊ ዕርክነቶም
ቁሸትና ሐደ እዩ ዝብል አለዎም ። ዝምድናውን እንካብ ሸውዓተ ንላዕሊ
ድአዩ'ምበር አሎናስ ይብሉ እዮሞ ።

እዚ ናይ ሚኪኤል ገብርኤል ጸበል ቢልካ ዘሎ ክርስትና ወደይ ፤ መርዓ
ወይ ተዝካር ክገብር ኢየ እንዳበልካ ምጽዋዕ ከይኮነስ ፤ ዛ'ሰንበት'ዚአ ፤ እዛ
ቀዳም'ዚአ ብሐንሳብ እንዳበሉ ክልተ ሥድራቤት ብሐንሳብ ንውዕል ኔርና ።
ናትና ሥድራ አቦይ ብላታ አማኑኤል ፤ አደይ ወ/ ምዕራፍ ፤ አነን ሐወ
ይን ኮንና አርባዕተ ርእሲ ንኸውን ። ንሳቶም ከአ አቶ መብራሀቱ በዓልቲ
ቤቶም ወ/ ለተኪዳን ምስ ሐንቲ ጓሎም ዛይድ ሠለስተ ርእሲ ይኾኑ ነይሮም ።
ዕርክነት'ምበር ዝምድና አይነበረናን ፤ ግን ከም እዝማድ ጌርና ንቋጻጸር ኔርና ።
ንሐንሳብ ከአ ብናይ አቶ መብራሀቱ ንእሽቶ ካሜንቺኖ መኪና ጌርና
ንምዝዋር እንዳበልና ንበረኻ ንከይድ'ሞ ብዙሕ ንሕጎስ ።

ዛይድ እነን መዝገበን ኩልና ብሐንሳብ ሻድሻይ ንመሀር ኔርና ። እነኳ ልዕሊኦም ክፍሊ ክበጽሕ ምተገበእኒ ነይሩ ፤ እንታይሞ ይኹን ጥዕና ብዙሕ አይረኽብኩን ። ምስ ዛይድ እዚ ዘይባህል ብርቱዕ ምሕዝና ነይሩና ፤ ሰብ ብኣና ይግረም ነይሩ ። ካብኣ ዝሐብኦ ምሥጢር ሐንቲኳ አይነበረንን ፤ ንሳ ብግ ዲኣ ክኣ ከማይ ገይራ እተፍቅራ ምሥጢር እተካፍላ ጓል አይነበረታን ።

ሻድሻይ ክፍሊ እንካብ እንጅምር ገለ ሠለስተ ሰሙን ምስገበርና ሐንቲ መዓልቲ ንዕረፍቲ ወጺእና ምስ ዛይድ ንበይንና ካብ ተመሃሮ ተፈሊና እብ ሐንቲ ጸግዒ ኮፍ ኢልና ፀሐይ ንጽሎ ኔርና ። ዛይድ ሐደ ዓብይ ነገር ከተዛር በኒ ደልያ ከምዝነበረት ጠርጢረያ ። ከመይ ማለት ካብተን ካልኦት መሐዙ ትና ፍልይ እንዳበለት ንዕናይ ንበይንና ኮፍ ንበል ትብለኒ ነይራ ። እፋ ከተዛ ርበኒ ቢላ ትኽፍቶ ፤ ግን ፍርሕ ኢላ ትገድፎ ፤ ኢደይ ጥውቅ አቢላ ትሕዘኒ ትቅንጥወኒ ። ደሐር ሐደ ሐሳብ ኩተካፍለኒ ደልያ ከምዝነበረት አዐርዩ ተረዲ ኡኒ ፤ ንዓይ ድሕሪ ዘይነገረትኒ ንሕንነላ ከምዘጨንቃ ተገንዚበ ከምዚ ዝስ ዕብ ገይረ ተዛሪበያ ፤ “ዛይድ መሐዛይ ካብዘን አብ ቤት ትምህርቲ ዘለዋ ኩላ ተን አዋልድ ንዓኺ ከምዘፍቅር ከምዝአምንን ምሥጢርውን ከምዘካፍልን አይትስሕትዮን ትኾኒ ። ሐደ ነገር ክትነግርኒ ከምዝደለኺ ርግጽ ኢዩ ፤ ንመንድኣ ኢኺ ትሐብእዮ ? ንዓይ ንመሐዛኺ ? ነታ ከም ሐብታ ገይራ ትኮ ጽረኪ ? ንገርኒ ድአ ። ”

“ሐውኺ’ዩ’ምበር ፤ መዝገበ ሐውኺ የፍቅሮ እየ” ።

“ነዚ ዲኺ ድአ’ሞ! አነውን ፈሊጠኩም ነይረ እየ ፤ መዝገበ ስምኪ ብዝ ተቆርሐሉ መጠን ከም ብኵናት ዝተወግአ ልቡ ኢዩ ዝሕዝ” ይብላ ።

“እምብዛ ተሐጉሳ “እስኪ ኢደይ ጥቅዒ ሐቅኺ ዲኺ ? ይፈትወኒ ይመ ስለኪ ? እንድዒ መዝገበ ዝፈቱ ዘፍቅር መሲሉ አይርእየንን እዩ” እንዳበለት ሐሳባ ትገልጸለይ ።

ምሳና ሻድሻይ ክፍሊ ዝምህር ሐጕስ እውን ነይሩ ። “ንሐጕስከ ትፈት ውዮዶ” ቢለ ይሐታ ።

ከምዘይትፈትዎ ከምዘይተቋጽሮ ከተረድኣኒ ብዘረባ ገይራ ክትገልጽ ጊዜ አይረኽበትን ፤ ስለዚይ ሐንሳብ ቱፍ ቢላ ካብ ጥቃይ ተንሲአ ከይዳ ።

ናይታ መዓልቲ እቲአ ምሸት ኮይኑ ፤ ሐወይን አነን ድራርና ወጺእና ንበይንና ኮፍ ኢልና ነርና ። “ሎሚ ዓባይ ወረ ክነግረኪ’የ” ኢሉኒ ።

“ሕራይ መጀመሪያ አነ ምዕባይካ ሐብትኻ ፤ ብሐደ ዓመት ዝዓብየካ ንእሽቶ ወረ ከውርየልካ ድሐር ናትካ ናይ እምኒ ኮይኑ ናይ ደንጎላ ከተዘንት ወለይ ፤ ሕራይ ? ” እንዳበልኩ ይሽፍጦ ።

እሺ ምስ በለኒ ዘረባይ ይቅጽል “ዛይድ ትፈልጣ’ዶ” ?

ሰንቢዱ “እንታይ ማለትኪ እዩ ? ጓል አቦይ መብራህቱ ኮይና ብሐንሳብ ዓቢና ድአ ከመይ ማለት ዘይፈልጣ ? ” ቢሉ ይምልሰለይ ።

“ብዛዕብአ’ሞ እንታይ ትሐስብ” ካብ ኩሉ ትጽብቅ መሲላ’ዶ ትርእየካ?”

ገዱ ምግራም ሐሊፉዎ "ቅድስቲ ሐብተይ ስለምንታይ ኢኺ ጠይቅክኒ ዘይትፈልጢ ሕቶታት ተውርድለይ ?" ይብለኒ ።

ቀሪባ ፌት ንፌት እንዳጠመትክዎ "ከመይ ማለት ዛይድ ንዓኻ ከምእተ ፍቅረካ ሎሚ እየ ፈሊጠ ።" እንተበልክዎ ገዱ ከም ፋኑስ እንዳበርሀ "ዛይድ ንዓይ ተፍቅረኒ ፤ ተፍቅረኒ ! ተፍቅረኒ ? ሐቅኺ ዲኺ ? ኢደይ እስኪ ጥቅዒ ይብለኒ ።

አነ ብሰሐቅ ይመውት ። ንሱ ግን "በጃኺ ብዛዕብአ አዛርብኒ ፤ አነሞ ገሊጸ ክዛረበኪ ካብ ብዙሕ ጊዜ አፍቂረያ እየ ፤ ክልተ ዓመት ይገብር ንበይ ነይ ቀስ ቢለ እንዳኽድኩ ከለኹ አብ ቅድመይ ዛይድ ደው ቢላ ምኻድ ትኽ ልአኒ ዘላ መሲሉ ተራእዩኒ። ስለምንታይ ከምኡ ቢለ ከምዝሐሰብኩ ምኽንያት አይፈልጥን ። ቅድሚኡ ብዛዕባአ ሐሲበ አይፈልጥን ነይረ ፤ ካብታ መዓ ልቲ እቲአ ንድሐር ግን ዛይድ አብ ሐሳበይ ክትሐድር ጀሚራ ። ስለዝፈተኽዋ ምስአ ክጻወት አይበልኩን ። ክፈርሐ ጀሚረ ፤ ከም ቀደማ ምሳይ ክትጻወት እንተመጽኤት ከምዝተኽአለኒ መጠን ይርሕቃ ነይረ ። እዚ መግበርየይ ዓብይ ፍርሐት አብ ልበይ ስለዝሐደረኒ እዩ ፤ ዐብይ ፍርሐት ፤ ፍርሐት አብ ኩሉ ሰውነተይ ዝስምዓኒ ፤ እንታይ ይመስለኪ ዘፍርሐኒ ? አነ ብውሽጢ ልበይ አፍቂረያ ፤ ብዘይከአ ንካልእ ከፍቅር ከምዘይኽእል ተረዲኡኒ ፤ ንሳ ንካልእ ሰብ አፍቂራ ከይትኽውን ድማ ፈሪሔ ። ምስ አፍቀርኩዋ ከምዘይጸልአ ይፈ ልጥ ፤ ንሳ ድሕሪ ጸሊአትኒ ከምዝሐምም ይርድአኒ ። ሕጂ ንስኺ ተፍቅረካያ ምስበልክኒ ሐዲሽ ነገር መሲሉኒ አይተገረምኩን ፤ ከመይ ማለት ቀደም ይፈ ልጦ ነይረ ኢየ ። ንሳ መዓንጣ ረኺባ የፍቅረካ ኢየ ፤ እንካብ ኩሉ ሰብ ይቆጽ ረካ እየ ትብለኒ ድአ መሲሉኒ አይነበረን ። ንመዝነበ የፍቅሮ'የ ድሕሪ ኢላ ትኪ ፤ መዝነበውን ብውሽጢ ልቡ ብምሉእ ሰውነቱ የፍቅረኪ፤ ይሐስበኪ ይምነየኪ'ዩ በልያ ። ባዕለይ ድሕሪ ረኺበያ ክዛረባ'የ ፤ ክገልጸላ'የ ክነግራ ድማ ኢየ ። እንዳበለ አብ ውሽጢ ልቡ ዝስምዖ ኩሉ ይነግረኒ የካፍለኒ ።

መዝነበ ወዲ ዓሰርተ ሐሙሽተ ዓመት ነይሩ ፤ ዛይድ ከአ ጓል ዓሰርተ ሐሙሽተ ነይራ ። መዝነበ ምሉእ ጎበዝ ቀጢን ማእከላይ ቁመት ጽቡቅ መል ክዕ ነይርዎ ። ብሐቂ ዛይድ ብመልክዑ ብጠባዩ ትግረም ነይራ። ሐንቲ መዓ ልቲ ከምዘዛረበትኒ "መዝነበ እዘን አዒንቱ እንተዝቅይረንስ መጽናዕኩ ነይረ" ዋና መልክዑ አብ አዒንቱ ከምዝነበረ ንዛይድ ክሥወራ አይከአለን ።

ክልቲአም ዝነብርዎ ነገር እንካብ ክልቲአም ይሰምዕ ነይረ ፤ ካብ ዘፍ ቅሮ ሐወይን መሐዛይን ።

እንዳቦይ መብራህቱ ድኳኖም ድአ'ዩ ርሕቅ ቢሉ አብ ማእከል ከተማ ዝነበረ'ምበር ፤ መንበሪአም ገዝአምስ ከማና አብ ላዕለዋይ ገዛውቲ ኮይኑ ጥቃ ገዛና እዩ ዝነበረ ። ከም ኩሉ ሰቦም ጎልጎል ነዋ አብ ቅድሚ ገዝአም ተዘርጊሑ ስለዝነበረ ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ክሪአዎ ይኽእሉ ።

ሐንቲ ንግሆ ካብ ገዛ ውጽእ ቢለ አብ ክብ ዝበለ ቦታ ኮፍ ቢለ ናብቲ ለም

ለም ሻኻ እንተጠመትኩስ፤ አማዕድየ ዝፈልጦም ሰባት ዝረአኹ መሲሉኒ። አዓርየ ዝፈልጦም ሰባት እምበር፣ ዘፍቅሮ ሐወይን መሐዛይን ፣ ቀዳም ኢዩ ነይሩ ትምህርቲ አይነበረናን ፤ ምናልባት አር'ሒቅና ንዛወር ተባሂሎም ይኾኑ፤ እም ብዛ ቀስ ቢሉም ብምኻዶም ግን ብሽዱሽተ ሰዓት ሽዱሽተ ስድሪ ዝኸዱ እይ መስሉን ።

እንዳኽዱ እንከለዉ ከይተፈለጦም መዝገበ ብየማናይ ኢዱ ዛይድ ብጸጋማይ ኢዳ መዓንጣ ንመዓንጣ ተታሒዞም ነይሮም ። በቲ ዝተረፈ እእዳዎም ከአ ንዛይድ የማናይ ንመዝገብ ጸጋማይ ተታሒዞም ነይሮም ። ከም አካያይ ድኦም አባ ጎብየ ምቀደሞም ።

ብሐሳበይ ከምዝረአየኒ መዝገበ ክዛረብ ኢሉ አፉ ክፍት አቢሉ ይኸውን ፤ ደሐር ፈሪሑ ዓጽዩዋ ይኸውን ። ጽንሕ ቢሉ ግዳ ከምቲ ተቀራሪቦምዎ ዝነበሩ ዐዐርዩ ጠሚቱዋ ይኸውን ። ንሳ ብዘይ ፍርሐት ብቅንዕና ነቲን ዘደንቕእን ዘገርማአን ጽቡቃት አዒንቱ ትምልከት ከምዝነበረት ምስፈለጠ ብውሽጢ ልቡ እንዳተጨነቀ "ዛይድ --- ዛይድ የፍቅረኪየ ፤ ከማኺ ዝርእዮ የብለይ ይን" ኢሉዋ ።

"አነውን የፍቅረካ ብውሽጢ ልበይ የፍቅረካ ፤ አብ ዓለም ምሉእ ከማኻ ዝበለ ሰብ ዘሎ መሲሉ አይረአየንን ። " ኢላቶ ።

"ብሐቂ ክነግረኪ ሎሚ መዓልቲ ድአ'የ የፍቅረኪ ዝብለኪ ዘለኹምበር አነስ ካብ ቀደም ጀሚረ ከም ዝሐስበኪ ፤ ዝፈትወኪ መረዳእታ አሎኒ ። ገዛ ምስ አተና ከርኤኪ እየ " ።

"መዝገበ ! ንዓይ ካብ ቀደም ከም እተፍቅረኒ ንከተረድአኒ ብዝረአይ ነገር ጌርካ ኢኻ ፤ አነ ንዓኻ ካብ ነዊሕ የፍቅረካ ከምዝነበርኩ ክትርዳእ እንተ ደለኻ ሐደ በሊሕ ሐጺን ካብቲ እምኒ ትቀርጸሉ አምጺእካ ደረተይ ቀዲድካ ብአኻ እትሳቀ ልበይ ርአያ" ቢላ ዘሐጕስ ዘረባ ተስምዖ ።

ቁርስና በሊዕና አርባዕተ ሰዓት አቢሉ ምስ ሐለፈ ፤ ክልቲኣም ፍቁራት ከምታ ተቀራሪቦም ተታሒዞም ዝነበሩዋ ኮይኖም ቀስ እንዳበሉ አብ ጥቃ ገዛ ውትና ይበጽሑ ። ሻብቱይ ምፍልላይ ነይርዎም ፣ ንሳቶም ግን ሐንቲ'ኳ አይዓጀቦምን ። አነ ካብ ወለዶም ሐደ አዲአ ወይ አደይ ከይርእይኦም ፈሪሑ ተሸቢረ። ስለዙይ ናብአቶም ቅርብ ቢለ ንዒ እስኪ ክነግረኪ እንዳበልኩ ካብኡ ፍልይ አቢለ መተዓሻሸዊ ዝኸውን ሐደ ምሥጢር መሳሊ አብ እዝና ሕሹኽ ኢለ ተዛሪበያ ። ድሐር መዝገበ ናብ ገዝኡ ንሳ ናብ ገዝአ ትአቱ ።

እምበአርከስ እቲ ውሩይ ፍቅሮም ሮመዮን ጁልየትን ናይ ሐበሻ ዝበሀል ዝነበረ ይጅመር ። ኵሉ ጊዜ ዝሐብአ ዝነበረ ብቅርጺ ስሉስ ኩርናዕ ዝተሠር ሐት እምኒ ብዘገርም ጽሕፈት ዛይድ ተጻሒፉዋ ከምዝነበረ ይፍለጥ ። አብቲ ትሕቲ ጽሕፈት ክልተ ልቢ ተጣቢቀን ከለዋ'ሞ ሐንቲ ኵናት ንክልቲኤን

ሰንጢቃ ክትወጽእ እንከላ ዘርእይ ብዘደንቅ ጽቡቅ ቅርጺ ሠሪሑላ ነይሩ ። ንዛይድ መስ አርእያ ዝተሰምዓ ሐጎስ መጠን አይነበሮን ።

ሎሚ ሐንቲ ዓባይ ወረ ክነግረኪ'የ ቢሉኒ ክብቅዕ ናተይ ወረ ዝዓቢን ዝጠቅምን ቆጺረ ናተይ ጥራሕ ነጊረዮ ። ንናቱ ክሰምዕ ዓቅሊ ከይገበርኩ ተሪፈ ናቱ ወረ ግና ካብ ናተይ ዓቢይ ይኸውን ። ክነግረኪ ካብ ዝብለኒ ሰሙን ሐሊፉ በል ሕጂ ንነረኒ ከይብሎ ግን ረሲዔዮ ቀንየ ።

ሐደ መዓልቲ ንመዝገበ አብ ምእላሽ አትየ ። ለይቲ ደቂሰ እንከለኹ አብ ሐሳበይ አትዩኒ ። እንታይ ኮን ይኸውን ክብል ድቃስ አብዩኒ ሐዲሩ ። አብ ጊዜ ቁርሲ ከይጥይቆ ብዙሐት ሰባት አብ ገዛና ነይሮም ። ቀትሪ እዋን ምሳሕ ኮይኑ ፤ ትምህርቲ አይነበረንን ። መዝገበ ንግሆ ምስ ወጽአ አይኮመል ሰን ስለዚይ አብቲ ዛሪባና ዝነበረ ለምለም ሣዕሪ አብ ማእከሉ አትየ ፀሐይ እንዳተጸለኹ ለጥ ኢለ ።

ብዛዕባ ብዙሕ ነገር አብ ርእሰይ ክመጽአኒ ጀሚሩ ። ዛይድ ንመዝገበ ልባ አጥፊአ ትፈትዎ ከምዝነበረት ፤ ንሱ ብምንአሱ ከይተመርዓዋ ስቅ ከም ዝብል ሐሲብ ፤ መዝገበ እንተሐሰብኩዎ ዝምርዓው ሰብ ተመሲሉ አይተረአየንን ። ምኽንያቱ ግን ክገልጸ አይክአልኩን ። መዝገበ ብልቡ ደኾን ይኸውን አእማን ብምቅራጽ ዝሕጎስ ? ናይ ልቡ ደኾን ይኸውን ዝግደሰሉ እንዳበልኩ ይግረም ከአ ነይረ ።

ብድንገት ብድሕረይ ሰብ ደው ቢሉ ከምዝነበረ ይስምዓኒ ። ግልጽ እን ተበልኩ ናይ ሐወይ አሚንቲ ከም ልማደን ክስሕቃ ይሪኤን ። ደኺምዎ ግዲ ጸኒሑ ኮይኑስ፤ ኡፈየ! እንዳበለ ምሳይ ጎድኒ ንጎድኒ አብቲ ሣዕሪ ለጥ ይብል ። ግጹ ብምፍሕሻው ብዙሕ ፀሐይ ክወቅዖ ከምዝጸንሐ ይፍለጥ ።

"አበይ ከአ ኔርካ ኢኻ ከምዙይ ቢልካ ደኺምካ ፤ ፀሐይ ተወቂዕካን ፋሕ ሸኻን እትመጽእ ?" እንዳበልኩ ገጹ ጸጉሪ ርእሱ ይድህስስ ።

"አብ ሐንቲ ጽብቕቲ ቦታ ጸኒሔ ። "

ዘረባ ልውጥ አቢሉ "ወረግ ናይዚስ ይጽናሕ እታ ብአምሆ ክነግረኪ እየ ዝበልካኒ ዐባይ ወረኻ ንመዓስ ኢልካያ ኢኻ ዘይትነግረኒ ? " እንተበል ክዎ ዝበልኩኺ ባዕለይ እኮ እየ ነይረ ፤ ንስኺ ክትሰምዕኒ ድአ ጊዜ አይረኸብ ክን እምበር ይብለኒ ።

"በል መዝገበ ሐወይ ሕጂ ንነረኒ ስቕ ቢለ ክሰምዓካ ። " ቢለ ብጸጋማይ ጎድነይ ደቂሰ ፤ ርእሰይ ናብ ኢደይ አሞርኪሰ ይጽበዮ ። ንሱ ድማ እግሩ አዐ ርዩ አሳፍሕ አቢሉ ኮፍ ቢሉ ንዓይ እንዳጠመተ ዘረብኡ ይጅምር ።

"ሸውዓተ ወይ ሸመንተ መዓልቲ ይገብር ፤ እታ ዝሐለፈት ሰኑይ ሐደ ዓብይ ነገር አጋጢሙኒ ። ዓብይ ነገር ማለተይ ጠቃሚ ገንዘብ ወይ ክብረት ወይ ከአ ዓወት ማለተይ አይኮነን ። ሕማቅ ክፉእ ዓቢይ ነገር አሎ ፤ ከምኡ

ድማ ጽቡቅ ዓብይ ነገር አሎ ። እነ ዝረኽብኩዎ ነገር ግን ብምንታይ መንገዲ ንዓይ ዓቢይ ነገር ምኻኑ አይፈለጥኩን ። ዓቢይ ከይበልኩዎ ሱቅ ምባል ድማ ነውሪ ተመሲሉ አብ ውሽጢ ሰውነተይ ይስምዓኒ ። ’’ ቢሉ ነቲ ዘረብኡ፤ዝኾነ ተሎን ዘይክተሎን ፤ ይርድኦን ዘይርድኦን ከምዘለኹ ንምፍላጥ ሐንሳብ ዘረ ብኡ አቋሪጹ ይጥምተኒ ይዕዘበኒ ።

‘‘በል ድአ ቀጽል ፤ ድሐርከ’’ እንዳበልኩ ዘረብኡ ክቅጽል የተባብዖ ።

ዝገበሮ ዘይብሉ ነቲ ለምለም ሣዕሪ አብ ጥቅኡ ዝነበረ ብክልተ አእዳው ገይሩ ምንጭት ምንጭት የብሎ ፤ ካብቲ ብዙሕ ዝበንጠሶ ሐንቲ እንዳሐየኸ ‘‘ሰኑይ ንግሆ ንቤት ትምህርቲ ቀልጢፈ ከይደ ፤ ሰዓት ምእታው ምስ አኸለ ምስ ተመሃሮ ከም ማንም ተመሃራይ ኮይነ አትየ ። እይዝከረክን ድዩ ? ሐንቲ ክፍሊ ምስተመሃርና እቲ ቀጺሉ ዝመጽእ መምህር ተቆጢው ግዲ መጺኡስ ሱቅ ቢልና ዝደለናዮ መጽናዕቲ እንዳገበርና ከነሕልፎ አዚዙና ። ንስኻትኩም ከመይ አቢልኩም ከምዘሕለፍኩምዎ አይፈልጥን ። እነ ግን መንከሰይ ናብ ከብዲ ኢደይ አመርጕዝ በቲ ገፊሕ, መስኮት ንሰሜን አቢለ ይጥምት ነይረ ። ከምኡ ቢለ እከለኹ አብ ሰፊሕ ናይ ሐሳብ ባሕሪ ይጠልቅ ። በቲ መንገዲ ሰንዓፈ አቢለ ይጥምት ፡ ናብ ጉምሩክ ዝአትዋ ፤ ካብ ጉምሩክ ዝወጽአ ወይ ድማ ንአዲስ አበባ ዝኸዳ ዝነበራ ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መኪናታት ይርአያ ነይረን ። እቲ ብሎኮ ቢልና እንጽውዖ ዝነበርና ክኸፈትን ክዕ ጸውን ክርአ ከሎኹ ፤ ሰኑይ መዓልቲ ዕዳጋ ኮይኑ ዕዳጋ ከይሐልፈና ዝብሉ ሀገረሰብ አእዱጎም ፡ አባቅሎም ፡ ባዕላቶም ተተሽኪሞም ብውሽጢ ብሎኮ ገይሮም ክሐልፉ ክደልዩ ፡ ንሐንሳብ ገሊኦም ብፈረስ ገይሮም ክዘልዎ ክደልዮ’ሞ ፈሪሖም ፡ ክምለሱ እንከለዉ ልክዕ ከም ሐደ ውሩይ ተዋስኦ ዝር እይ ዝነበርኩ መሲሉ ይስምዓኒ ነይሩ ። ጽንሕ ቢልና ነቲ ከም ሐደ ትኸ ዝበ ለ ጸሊም መስመር አብ ልዕሊ ቀይሕ ወረቀት ዝመስል ቀጥ ዝበለ ጽርግያ ንሰንዓፈ ዝወስድ ተመልኪተ ። ዓይነይ ምስቲ መንገዲ አርሒቁ ከይዱ ። ክሳብ ክሳድ ዓጥዓጢ ከአ በጺሑ ። አብኡ ምስ በሕጻኩ በብቁሩብ ንጸ ጋመ ክጥምት ጀሚረ ። ቁሩብ ለጥ ዝበለ ገራሁ ሐሊፉ እቲ መሬት ዕቅብ ዕቅብ እንዳበለ ክኸይድ’ሞ ሐደ ክልተ ሀዳሙ ክርኢ ጀሚረ ። ብሐንሳብ ዓይነይ ንላዕሊ ቋሕ እንተበልኩ ዐብይ እምባ ይርእይ ። ቅርጺ ናይታ እምባ ልክዕ ከም እዘን ሑጻ ተሰኪመን ዝኸዳ መኪናታት ዝገልበጥእ እኩብ ሑጻ ይመስል ። አብ ልዕሊኡ ግና ብባዴላ ጌርካ ምድምድ ዘበልካዮ ይመስል ። በቲ አብ ላዕሊ ዝወቅዖ ዝናብ ግዲ ኮይኑስ ፡ በዚ ናብ ደቡብ ዝር እይ ግዳ ዐቢይ ሽንጭሮ ትኸ ቢሉ ንታሕቲ ክወርድ ርእየ ። አብቲ ማእከል ሽን ጭሮ እንካብ የማን ንጸጋም እንካብ ላዕሊ ንታሕቲ ጸዕዳ ነገር ርእየ ። እንታይ ኮን ይኸውን ዝብል መንፈስ አብ ልበይ ክሕድር ጀሚሩ ፡ ኪድ ርእ ዮ እንዳበለ ከአ አዳፈኡኒ ። እታ እምባ ስፍሕ ንሰሜንን ደቡብን ይር እይ ፡ ንምሥራቅ ዝርኢ ግና ሰፊሕ አይነበረን ። ብምዕራባዊ ጫፍ ምስ ካልእ ካብአ ትዓቢ እምባ ተጣቢቃ ነይራ ። እታ እምባ ቀያሕ መሲላ ተራእ ያትኒ ። እስኪ ክሪአ ክኸይድ ቢለ ሐፍ እንተበልኩ ፤ ዕረፍቲ ውጹ-ደወል

ካው ካው ክትብል ምስ ሰማዕኩዋ ዝሰንበድኩዎ ስንባድ ዐቢይ ነይሩ ። ዕረ ፍቲ ውጽአ ምስ በልና እንዳጎየኹ ፤ ዘኹዘኽ እንዳበልኩ ፡ ብዝተኻእለኒ መጠን ከአ እንዳቀልጠፍኩ ንብለኮ ሸሊኮ ሐሊፈ ፤ ብጽርግያ ገይረ ሐደ ኪሎሜትር ዝኸውን ምስ ከድኩ ክሳድ ዓጥዓጢ ይበጽሕ ። ካብኡ ንጸጋም ተጠውየ ቁሩብ ለጥ ዝበለ ግርሁ ሐሊፈ ዐቀብ ምስ ጀመርኩ ክልተ ሠለስተ ዝኾና ሀዳሙ ይሐልፍ ። ገጸይ ንሰሜን ገይሩ ይቅጽል ፡ ድሕር ነቲ ከም ሰፈሕ ደረጃ ኮይኑ ዝተሠርሐ ገርሁ እንዳደየብኩ ንላዕሊ ክድይብ ይጅምር ። ንላዕሊ ቀጺለ ዐበይቲ ደናጉላ ረኺበ ሐጸርቲ አእዋም ሐሊፈ ። ቁሩብ ንማእከል እንተበልኩ መንገዲ ውሕጅ ይረክብ ፤ ብሐንሳብ እቲ አብ ክፍሊ እንከሎኹ ዝርአኹዎ ዐቢይ ሽንጭሮ ምኳኑ ይርድአኒ'ሞ ንዕዑ እንዳተኸተልኩ ይድይብ ። ሸተት ይብለኒ ፤ ከወድቅ ይብል ድኻም ተሰሚዑኒ ርሒጸ ። አብ ሐደ ጽላል አም ኮፍ ቢለ ከየዐርፍ ነፍሰይ ምግባር አቢዩኒ ፡ ከምዚ ናብ ዝፈልጦ ዝነበርኩ'ሞ ዝናፈቕኩዎ ቦታ ዝኸይድ ይመስለኒ ሐት ሐት እንዳበልኩ ይቅልጥፍ ናበይ ይኸይድ ከምዝነበርኩ'ሞ አይፈለጥኩን ፡ ወይ አብቲ ጫፍ ወይ በዚ ደይበ በቲ ክወርድ ዘይብሉ ስቅ ቢለ ይድይብ ። ካብ ታሕቲ ንላዕሊ ማእከል ፡ ካብ የማን ንጸጋም ማእከል ምስ በጻሕኩ መሬቱ እንዳተለወጠ ይኸይድ ፡ ሑጻ ወይ ቀይሕ ሐመድ ምኳኑ ገዲፉ ጻዕዳ እምኒ ይኸውን ፤ ጻዕዳ እምኒ ፤ ጻዕዳ እምኒስ ክንድቲ ዝአክል ቦታ ። ገሊኡ ከምዚ ፈሊጥካ ዝነደቅካዮ ተተራኢሱ ከክንዲ ገለ ዝኸውን ጻዕዳ እምኒ ። ሐመዱ ጻዕዳ መሬት እምኑ ጻዕዳ እምኒ ። እቲ ሽንጭሮ ካብ ላዕሊ ጀሚሩ ንታሕቲ ይወርድ ፤ አብዚ ምስ በጽሐ ግን ነቲ መሬት ባሕቑቁ ሐኺኹ ጻዕዳ ፈጢሩ ። ጽላል ክትረኽበሉ እትኽእል በዓቲ ዝመስል አናእሽቱ ሥፍራታት መሊኡ ነይሩ ። ከም ናይ ቶም ቀዳሞት ግብፃውያን ፒራሚድ ንምሥራሕ ዘብቅዕ ጻዕዳ አእማን እውን መሊኡ ነይሩ ። ፍልልዩ ግን ግብፃውያን ነቲ እምኒ ንኽቀርጹ ክልተ ሽግር እንኪረኽቡ ማለት መጀመሪያ ከይተጸርበ ስለዝጸንሑም ፡ ካልአይከአ ንኽቀርጹዎ ስለዘሸገሮም ። እዚ ባዕሉ ጽሩብ እዩ ፤ ብንእሽቶ ሰንጢ ጌርካ ድማ ዝደለኻዮ ቅርጺ ክትሰርሕ ትኽእል ። እዛ እምኒ'ዚአ ፡ ከምዚ ገይረ ክሠርሕ እየ ፡ እቲአ ከአ ከምቲ ዝበለ ቅርጺ ከውጽኣላ እየ ቢለ ምስ ጨረስኩ አብ ሐንቲ ክብ ዝበለት ጻዕዳ ደንጎላ ኮፍ ኢለ ። ፍርቂ መዓልቲ አኺሉ ፀሐይ አብ ማእከል ሰማይ ነይራ ፤ ደበና ስለዘይነበረ ፀሐይ መሪራ ሐሊፉዋ ። ሰማይ ሻብቱይ ናይ ሰማያውነት መልክዕ ብርግጽ ሒዙ ፤ ንማለቱ ንፋስ ስለዘይነበረ አይሽንኳይዶ አእዋም ክዋዛወዝ ክርአይ ሰብ ፤ አዕዋፍን ፡ እንስሳታትን ክወሳወሱ ዝኽእሉ መሲሉ አይስምዓካን ። አብ ጥቃይ ዝነበረ አእማን ሪኤዮ ፡ ሱቅ ቢሉ ነይሩ ፤ ድምፂ ክገብር ዝኽእል አይመስልን ፤ ካብቲ እምኒ ገዲዱ ሱቅ ሱቅ ቢሉ ዝነበረ ፡ ዝመስለካ ከአ እቲ ሰማይ ፤ እቲ አእማን እቲ አቆልቍልካ ትምልከትዮ ሜዳታትን ካብ ኩሉ ድማ ከተማ ዓድግራት። ከተማ ዓዲግራት አብኡ ኮንኪ ድሕሪ ተመልኪትኪያ ፤ ጻዕዳ መንደቅን ጸለምቲ አእዋምን ጥራይ ዘለዋ እዩ ዝመስለኪ ።

አብታ ክብ ዝበለት ጻዕዳ ደንጎላ ተቀሚጠ ነዚ ኩሉ ይዕዘብ.ነይረ እግሪሙኒ ፤ አደኒቁኒ ። ድምጺ ዝስማዕ አይነበረን እንተበልኩ ብፍጹም ድምጺ አይነበረን ማለተይኮ አይኮንኩን ። አብ ጥቃይ አብቲ ጭድድ ጭድድ ዝበለ አእማን ተተራኢሱ ዝነበረ ዕንቅርቢት ክኾና ወይ ካል እት ሐሳኹ ክኾኑ ጺጽጺጽ ይብሉ ነይሮም ። አብ ታሕቲ ሐደ ሐረስታይ ንውልቁ እንዳሐረሰ ብዕራየይ እንዳበለ ይቃኑ ነይሩ ። አበየናይ ጸግዒ አበ የናይ ጽላል ከምዘለዉ ዘይፍለጡ ዓሶት ሻምብቆ ይወቅዑ ነይሮም ። ነዚ ኩሉ ተዓዚበ ንላዕሊ ንታሕቲ አርሒቀ ጠሚተ ፡ ንየማንን ጸጋምን ተመልኪተ ንከተማ ዓዒግራት ሰላም ገይራ ዓሪፋ እንከላ ደስ ስለዝበለትኒ ጠሚተያ ፤ ድሐር ነቲ ዝነበርኩዎ ቦታ ተዓዚበዮ ። አእማን ፡ ጸዓዱ አእማን ጻዕዳ መሬት ፡ አነ ድማ ንበይነይ አብ ልዕሊኡ ። ካብቲ ድቅቅ ዝበለ አእማን ሐደ አልዒለ ሐቑፈዮ ። ብመልሐሰይ ገይረ ጥዕም እንተበልኩዎ ሐንቲ ጣዕሚ አይነበሮን ፡ ንድሕሪት ቁሊሕ እንተበልኩ ሐደ ገዚፍ ጻዕዳ ደንጎላ ይርኢ ፤ ነቲ ሒዘዮ ዝነበርኩ ንእሽቶ እምኒ ብሐይሊ ደርብየ ምስ'ቲ ገዚፍ ደንጎላ የጋጭዎ ፤ ፈርከሽከሽ ቢሉ ይስበር ፤ እቲ ዐቢይ ደንጎላ ግን ገለ እኳ አይሽውንን ። ነዚ ነፍሰይ ተመሊሰ እንታይ ይገብር ከምዝነበርኩ እንተሐተትኩዎ መልሲ ይስእን ። ናይ ሐይሊ አቦይ ዓው ቢለ ይጭድር ፤ ጽንሕ ቢለ ኮፍ ይብል እሞ ከም ናይ ሰቡ ሞት ዝተረድአ ሰብ ኮይነ ይበኪ ፤ ይነብዕ ። እታ ቦታ ክምለሳ እየ ፤ ብዙሕ ሥራሕ ክገብረላ እየ ፤ ከምተሕዝነኒ ግና ጥር ጥር የብሉን ። ከመይ ማለት እንታይ አርእዩኒ ድአ'የ ዝበኽኹ ፤ ዝነባዕኩ ፤ ሐንቲ መዓልቲ ብዑነት ክነብዕ ግዲ ኮይነየ እምበር ። እንድዒ ።'' ቢሉ እታ ዐባይ ወሪኡ ይጭርስ ።

አነ ከምታ ወሪኡ ምስ ወድአ ዝተሰምዓኒ ገይሩ ተሰሚዑኒ አይፈልልጥን ። እንታይ ማለቱ ከም ምኳኑ ክርድአኒ አይክእልን ። ቀሊል ነገር እን ድአሉን ፤ ናይ ቆልዐ ዘረባ እንድአሉን ቢለ ሸላ ከይብሎ ክዛረበኒ እንከሎ ገጹ ከመይ ከምዝነበረ ብምርአየይ ቀሊል ነገር እዩ ክብል አይከአልኩን ። መዝገበ ሐወይ ከምዚ አቢሉ አዛሪቡኒ አይፈልጥን ። እታ ሐንቲ መዓልቲ አብ ሰውሒ ነፃ ደቂስና እንከሎና ጸሊም ቀለም ፈሲሱኒ ምስ በለኒ ዘሰንበድኩላ ተዘኪራትኒ ። ሽዑስ ሕልሚ መሲሉኒ ነይሩ ፤ ሎሚ ግና ሕልሚ ክብሎ አይከአልኩን ።

እንታይ ማለቱ'ዩ ንከምዚ ዝበለ ነገር ዐቢይ ቆጺሩ ዝነግረኒ? እምኒ ዘይተዛረበዶ ድአ ደልዩ እዩ ፡ እቲ እምኒ ከምዛ ዘይዛረብ ሱቕ ኢሉ ነይሩ ዝብለኒ? እንታይ ተሰሚዑዎ ኮን ይኽውን ዝበኽየ፤ ዝነብዐ ፤ ነታ ጻዕዳ እምኒ እንታይ'ታይ ትጥዕም መሲሉዎ'ዩ ዝጠዓማ? ካብ ቤት ትምህርቲ ቦኺሩ ናብ ጽምዋ ሽንጭሮ ምውዓሉ ብዙሕ ደኒቁኒ ።

ሻድሻይ ክፍሊ ንኩላትና ቀሊላትና ነይራ ። መዝገበ ሐወይ ብኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ማእከለዋይ ፤ ማለት ቀዳማይ ሣልሣይ ጥራይ እዩ ዝተርፎ። ዛይድ ድማ ድሐን ነይራ ፤ ግና ብቁጽሪ ዝመጸ ዘረባ አይነበራን ክልተን ክል

ትን'ኮ ምድማሩ የፍርሐ ። ሐጎስ ሽሕ'ኳ አብ ደጊኡ ዕብድብድ ክብል እንተተራእየ ፤ ብትምህርቲ ዝመጸ ቀልዲ አይነበሮን ። ምናልባት መዝገበ ከይበልጸ ቢሉ ይኸውን ድቃስ ዘይብላ ለይቲ እንዳሕለፈ ተገዲሱ የጽንዕ። ንመዝገበ ግን ብፍጹም'ኳ በሊጹዋ አይፈልጥን ።

ዘፍርሐኒ ዝነበረስ ናይ ቀደም ዝነበሮ ከይኣኽሎስ ኩሉ ጊዜ ብቅንአት እዩ ዝሰርሕ'ሞ ከም ብሐድሽ ንመዝገበ ገለ ከይገብሮ እዩ ነይሩ ። በቲ አብ ርእሲ ሐወይ ዘውዓሎ ናይ ጭካኔ ሥራሕ ዝአክል ሰብ ዳርጋ ፈንፊኑዎ ነይሩ። አመል ምስ መግነዝ እንድዩ ፤ እታ ክፍእቲ አመሉ ብፍጹም ጠሚራ ሐወይ ወድነይ ቢላ ምስ ሐዘቶ ፍቅራ ክትውድአሉ አይከአለትን ።

ንሐንሳብ አብ ክፍሊ ክልተ አእማን ሒዙ ይእቱ ። መምህር ውጽእ ምስ በሉ ኳሕ ኳሕ ከብለን ይጅምር ። ሐጎስ እንታይ ትገብር አሎኻ ድሕሪ ኢሎምዎ ፣ "አነ ድኹም አነ ሐጎስ ናይ ሰብ ቅርጺ'የ ዝሠርሕ ዘለኹ" እንዳ በለ ኳሕ ኳሕ ምባሉ ይቅጽል ። ድሐር ግን ገሊኦም ተቆጢየም "በል ሕጅስ እዛ እተገርም ቀልድኻ ሰሚዕናልካ ኢና'ሞ ከነጽንዕ አይትጽምመና" ይብልዎ ። "ዘይሰምዑ እንተሀለዉኽ እንታይ ትፈልጡ" ቢሉ በቲ ሕንቁቅ ህሩፍ ፤ ቀናእ አረአእያኡ ናብ መዝገበ ሐወይ ይጥምት ።

በዚ ከምዚ ዘአመሰለ ጊዜ መዝገበ ጸዕዳ ወረቀት አውጽእ አቢሉ ደስ ዘብሎ ነገር ክስዕል እንከሎ እዩ ዝርአይ ። ሐጎስ ንመዝገበ ሸምጣጤኡ ከስምዖ ቢሉ ከዕለብጥ እንከሎ ፤ መዝገበ ነታ ዝስዕላ ዝነበረ ስዕሊ ከጸባብቅ ከመልክዕ ቢሉ ክድምስሰን ክሕንጥጥን አየስተባህለሉን ። ሐጎስ ቀሊል ፈኩስ ብሞኳኑ ፤ አብ ቅድሚ መዝገበ ደው ቢሉ ርእሱ አድንን አቢሉ ነቲ መዝገበ ዝሶዕሎ ዝነበረ ክምልከት ጀሚሩ ። ጽላል ናይ ሰብ አብ ልዕሊኡ ተሰሚውዎ ቅንዕ ቢሉ እንተተመልከተ ናይ ሐጎስ መንቀኛ ሰውነት አብ ቅድሚኡ ይርእዮ ። እምብዛ ተገሪሙ ካብቲ ቅድም ዝገበሮ ዓቢይ ክፍአት እንታይ ክውስኽሉ እዩ ዝብል ጥያቄ ንርእሱ ከናውጾ ደልዩ ። ብሐቂ ድዩ ሎሚ ድማ ምሳይ ናይ ጽልኡ ነገር ክቅጽል ደልዩ? አይሐፍርን ድዩ? አይፈርሕን? አይጥዐስን?

መዝገበ ንሐጎስ ፈንፈንዎ ክብል ይኽእል ። ገጹ ከምገለ ገይሩ ለዊጥዎ። ዐሚንቱ ካብ ምፍታው ዘፍርሐ ገይሩወን ፤ አፉ ኮምቲሩዎ ድሐር ከም አብ እሳት ዝቃጸል ዝነበረ ፤ ብዝሑል ግን ብርቱዕ ዝኾነ ድምጺ "ሐጎስ ግደፍ ይአኽለካ ካብ ፈተይ ርሐቅ" ይብሎ ። እዘን ሽዱሽተ ቃላት ንሐጎስ ተሰሚዔንኡ ፤ አፍሪሔንኡ ፤ ስለዙይ ቀስ እንዳበለ ካብ ጥቃ መዝገበ ናብ ቦታኡ ይምለስ ።

ኩሉ ሰብ ዝኾነ ተገሪሙ ፤ "ሐጎስስ እንታይ ዘይገበሮ ተሪፉዎ እዩ? እንታይ ኪደግም? መዝገበ ከአ ከመይ ዝአመሰለ ትዕግስቲ ሀልይዎ እዩ? ንክንድኡ ዝኾውን ወዲ ከምዚ እንዳገበሮ እንከሎ ሱቅ ዝብል" እንዳበሉ ተገሪሞም ።

ብዛዕባ ናይ ሐጎስ ክፍእት ድሕሪ ጽሒፈ ፤ ካብ ንጉሆ ክሳብ ምሸት ክጽሕፍ እንተውዓልኩ ፤ አብ ዓለም ዘሎ ወረቀትን ቀለምን እንተወዳእኩ አየህ ልቆን ። ብኽፍአቱ ሐደ ሰብ ዝተሻኽሎ አይነበሮን ። ግን ምስ መዝገበ ክኽ ውንከሎ ነቲ ዐቢይ ክፍአቱ ክንድኡ ዝኽውን ይውስኽሉ ። እንካብ ውሽ ጢ ልቡ ንሐወይ ጸሊእዎ ፤ ቀኒኡሉ ፤ መዝገበ ብዛዕባ ሐጎስ እንታይ ይሐስብ ከምዝነበረ ብፍጹም ሰብ ክፈልጦ አይኽእልን ፡ ከመይ ማለት አብ ውሽጢ ልቡ ናይ ሐጎስ ጽልኢ ሐቲሙ ዓቑሩዎ ነይሩ ። ምዓስ ከም ዝኽፍቶ ንሰብ ይሽግሮ ነይሩ ።

ንአጋ ምሸታ ገብረን ሐጎስን አብ ጸወታ ኩዕሶ ተራኺቦምስ ብርቱዕ ባእሲ ገይሮም ሰሚዔ ። ሐጎስ ክፍአቱ ዘይውዳእ ብምኳኑ ተቀዳዲሙ እን ካብ አናእሽቱ ጓሶት በትሪ ምንጥል አቢሉ ፤ ንገብረ አብ ግንባሩ ወቂዕዎስ ገብረ ግን ፍጡንን ጠንካራን ብምኳኑ ካልአይ ጌዜ ብናይ ሐጎስ በትሪ አይተ ረኽበን ። በተን ጠንካራታት አእዳዉ ግዳ ንሐጎስ አፍንጭኡ ምስ ወቕያ ደም ዛሕዛሕ አቢሉዎ ። ተገላጊሎም ነንገዝኦም ክኽዱ እንከለዉ ሐጎስ ካብ አፍናጫኡ ደም ዛሕዛሕ ክብል እንከሎ ፡ ካብ ግንባር ገብረ ከአ ደም ይፈስስ ነይሩ ። ...

እታ ሕጉስቲ ወርቃዊት ጊዜ ናይ መዝገበ ክትበሃል እትኽእል ። ካብ ሻድሻይ ክፍሊ ክሳብ ሻሙናይ ዝጅምር እያ ። በዘን ክልተ ዓመታት መጀ መሪያ ምስታ ብልቡ ዘፍቅራ ዝነበረ ጽብቅቲ ጓል ፤ ምስ ዛይድ ፍቅሪ ጀሚሩ ነቲ ኩሉ ጊዜ ዝምነዮ ዝነበረ ሥራሕ ቅርጻ እምኒ አዐርዩ ከሠርሕ ንምኽአሉ ድማ ክልኩልን ብዝደለዮ አእማን ዝመልኡ ጽቡቅ ቦታ ረኺቡ ። ምስ ዛይድ ፍቅሩ ንግሆ ንግሆ እንዳበርቲዔ ይኽይድ ብጽርበት ከአ ንግሆ ንግሆ እንዳ ተመሐየሸ ከይዱ ።

ቀዳም ይኹን ሰንበት ወይ ከአ ካሊእ ጊዜ ካብ ትምህርቲ ዕረፍቲ ድሕ ሪ ረኺቡ ፤ ሐንቲ ከረጢት እትመስል ነበረቶ ፤ አብአ እተን ዘድልይአ አቅሑ መብረድ ካራ ሞደሻ ወዘተ ፡ ምልእ አቢሉ ሰላሕ እንዳበለ ካብ ገዛ ይወጽእ ። ናብታ ጽሙዋ ሽንጭሮ ብጽምዋ ቦታ ገይሩ ይኽይድ ፡ አብአ ድማ ካብ ንግሆ ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ዝሐልፍ ብዘይ ምሳሕ ንሐንሳብ ክሳብ ምሸት ጸኒሑ ይምለስ ።

ናብታ ስንጭሮ እቲአ ከይኽይድ ሐደ ሰብ መኪሩዎ ክሰምዕ አይክእልን። ስለ ዚ አደይ ብጥሜት ዝአክል ካልእ ሕማም ከየምጽእ ፈሪሐ ንእሽቶ ሳንጣ ሰፍያ ፤ አብ ውሽጣ መግቢ ገይራ ክከይድ እንከሎ ዳርጋ ብግዲ ተማልኦ ነይራ ።

ሳላ ከምአ ገይራ ብግዲ እንጀራ ከተማልኦ ዝጀመረት ሰውነቱ ድሕን ክኽውን ጀሚሩ ። ንሕና ብዛዕባ መዝገበ ብዙሕ ንኽገርን ንግረምን ኔርና ። አብቲ ንቁጽ ሽንጭሮ ወይ ተመን መሳሊ ወይ ከአ ካልኦት ድንገታውያንሐሳ ኹ እንተነኽስዎ'ሞ አብኡ ሞይቱ እንተተረፈስ እንታይ ክንብል ኢና?

ብኽንቱ ብዘይጠቅም አማውታ ንዕኡ ድንገት ንዓና ዘይወጽአ ጣዕሚን ብር ቱሶ ጓህን ኃዘንን ክኾነና እዩ ። ሰብ ከም ዓርኩ መሳሊ እንተዝወስድ'ኳ ጽቡቅ ነይሩ ንብል ኔርና ። ንሱ ግና ዝተዛረብና እንተተዛረብና ፤ ዘሎና ምኽሪ እንተመኸርና ከሰምዓና አይከአለን ። ሐንቲ ውርይቲ ዘይትልወጥ መልሲ ድአ ነበረቶ "ሐንቲ'ኳ አይኮነን ፤ ሐንቲ'ኳ የብሉን ።"

መስክነይቲ አደይ ብየማነይቲ ኢዳ ልባ ደጊፋ ክሳዳ ናብ የማን አውዲቅ አቢላ ፤ ብሕያውነት ንወዳ እንዳተመልከተቶ ጸኒሐ "እወ መዝገበየ ፡ ሐንቲ አይሀልዎ አይትብከ እንደአሉ ዘብክየኒ ፤ ሐንቲ ድሕሪ ዘይኮይኑስ ጽቡቅ እዩ ፡ " ትብሎ ።

መዝገበ ጥምት የብላ ፤ ርእሱ ንቅንቅ የብል ድሐር ርእሱ ንላዕን ንታሕ ትን ቀስ አቢሉ እንዳአነቃነቀ "ድሐን ድሐን ድሐን" ይብል ። ጽንሕ ቢሉ ፍሽኽ ይብል ፤ አነስ እቲ ጽቡቅ ፍሽኽትኡ ንሰብ ከምዘሐጉስ ፈሊጡ ግድ እዩ ከክንዲ ዘሐጎስኩሙኒ ተሐጎሱ እንዳበለ ዝሀብ ይብል ።

በዚ ግዜ'ዚ ሻድሻይ ክፍሊ እንዳተማህረ ንናይ ልደት ምርመራ ገለ ወር ሒ አቢሉ ተሪፉዎ ነይሩ ። ነቲን ዓሰርተ ሐሙሽተ መዓልቲ ዕረፍቲ ዝሀቡና ከመይ አቢሉ'ኮን ይምነየንን መዓስ እየን ዝመጽአ እንዳበለ ይጽበየን ነይሩ ይኸውን? በቲን ዕረፍቲ እቲአተን ብዙሕ ሥራሕ ከምዝገብር ጥርጥር አይነበሮን ። ግን መዝገበ ናብታ ሽንጮሮኡ ክኸይድ እምበር ገለ ሒዙ ክም ለስ አይርአናዮን ። መዓልቲ ኩሉ ጊዜ በጻሐይ ከምኳኑ እተን ናይ ልደት ዕረፍቲ ይመጽአሉ ።

ንግሆ ምሳይ ብሐንሳብ ንቆርስ ፤ ነቲ እንበልዖ ዝነበርና ምግቢ ብኢዱ ጭብጥ አቢሉ ናይ ሐደ ነገር ቅርጺ ከውጽኡሉ ይደሊ ፤ ንዓይ ድማ ተኵሩ ናብ ዓይነይ አፍንጫይ ፡ እዝነይ ወዘተ ፡ ይዕዘብኒ ። ንመጀመሪያ ጊዜ ከም ኡ መግበሪኡ አይተረድአንን ፤ ድሐር ግን ነቲ ዝቀርጾ ነገር ዝኾነ ይኹን ሐገዝ ደሊየዎ ከምዝነበረ ይርድአኒ ።

ረሲዑዎ ከይከይድ እንዳሐሎና ጸኒሕና ክከይድ ቢሉ ክነቅል እንከሎ እታ ንእሽቶ ሣንጣ ብምግቢ ዝመልአት ወይ አነ ወይ አደይ ወይ ከአ መለስ ነሐንግጦ ። ናይ አቅሑት ዝመልአት ሣንጣ ውስኽ አቢሉ ጽምዋ ቦታ አበ ይ አሎ እንዳበለ ናብታ ብሐቂ ብጽምዋ ቀዳመይቲ ክትበፀል ትክእል ነቃጽ ስንጭሮኡ ክከይድ እንከሎ ፤ ሙቀት ፡ ጽላል ፡ ጣዕሚ ፡ ፍቅሪ ገዛኡ ሰዊኡ ምኳኑ ንማንም ሰብ ክርድኦ ይኽእል ።

አብታ ዝሠርሐላ ቦታ ምስ በጽሐ ከመይ ከምዝገብር ብሐሳበይ ከምዝ ግምቶ ከምዚ ኮይኑ ይርአየኒ ። እተን ክልተ ሣናጥኡ አውርድ አቢሉ ነታ መሣርሒኡ ዝመልአት ቀስ አቢሉ ናብ ሐንቲ ጽብቅ ዝበለት ቦታ የቀምጣ ይኽውን ፡ ነታ ምግቡ ዝሐዘት ሣንጣ ድማ አብ ልዕሊ ሐንቲ ጸፋሕ እምኒ ማለት ሸተት አቢላ አይተውድቅን ዝበላ'ምበር ፀሐይ ወይ ገለ እንስሳታት አይረክቡዋን እዮም ብማለት አይከውንን ።

ድሐር ብቅልጡፍ ነታ መሣርሒኡ ዝመልእት ክሪጢት ብመቀመ ጭእ ብክልተ ኢዱ ሒዙ ይግምጥላ'ሞ ንግፍ ንግፍ አቢሉ ጭልጭል ዝብል ሐጻውን ይወድቅ ይኸውን ። ካብተን ዝወደቃ አቅሑ ሐንቲ አልዕል አቢሉ ንአብየት ካራ እትመስል ነገር ድሕሪ ኮይና ከም በጊዕ ዝሐርድ ሰብ ክመስል ቀጥ አቢሉ ሒዙ ቀስ ቢሉ እንዳሰገረ አብ ትሕቲ ሐንቲ ዘይተመልእት ቅር ጺ ናይ ሐንቲ ሰበይቲ ይምብርከኽ ይኸውን። እታ ሰበይቲ ልክዕ ትሰምየ ይመስል ብጸጋመይቲ ኢዱ ገይሩ አሚንታ ይድህስሳ ፣ ክስዕማ ዝደለየ ይመ ስል ፣ ድማ ቅርብ ቢሉ አብ ዓይና ኡፍ ይብለላ ፣ እቲ ኡፍ ዝበሎ አቦራ ክቦ ክኽ እንከሎ ይርእየኒ ። ጨጉሪ ርእሲ መዝገበ ሐወይ ልክዕ ከም ብሐንቲ ንእሽቶ ደቂቅ ዝሰየበ ይመስል ብሐንሳብ ጻዕዳ አቦራ ይወርሶ ።

ጽንሕ ቢሉ ዝትንስእ ይመስለኒ፤ ካብተን አብ ሣንጣ ዝተማልአን አቅሑ ሐንቲ አድልያቶ ትኹውን ። ንዓዓ ሒዙ ብውሽጢ ልቡ እንዳሐሰበ ቀስ ቢሉ ከምሐድሽ ናብታ ከም ጣዖት አምሊኹዋ ክትበሀል ትክእል ጽብቅቲ ሰበይቲ ይምብርከኽ ፣ ሕጅስ አብ እዝና'ዩ በጺሑ ፤ ምእንቲ ክምልከታ ብእ ኡ'ውን ነቲ ዝተአከበ ሐመድ ኡፍ ክብል ቡሉ ናብ እዝና ክበጽሕ ከሎ ብዙ ሕ ጊዜ ሕሽክሹኽ እናበለ ዐቢይ ምሥጢር ዘካፍላ ዘሎ ይመስል ። ብክንዲ ብዕድሚኡ ብሐቂ ርእሱ ዝስይብ ከእ ፤ ፈታዊኡ ጻዕዳ አቦራ ናብ ጨጉሪ ርእሱ እንዳዓሰለ አጸቢቁ ብዘይ መዓልቱ ማለት ብቅልጡፍ የጻዕድወሉ ።

ከይተፈለጠ ሽዱሽተ ሸውዓተ ሰዓት ደኒኑ ይሠርሕ ፤ ድሐር ኢዱ ከም ድላዩ ምእዛዝ ክአብዮ ይጅምር ፤ ካብ ግምባሩ ከም ማይ ዝመስል ነገር አብታ ልዕሊ ብፍጹም ልቡ ዝፈትዋ ጻዕዳ እምኒ ክነጥብ ይጅምር ምናልባት'ኳ ርሐጽ አብ ልዕሊአ ከይነጥባ ቢሉ ይኸውን ፤ ነቲ ሒዝዎ ዝነበረ መሣርያ ናብቲ ልዕሊ ጻዕዳ ሑጻ ድርብይ አቢሉ ካብታ ዝሠርሐላ ዝነበረ ቦታ ቀስ እንዳበለ ይርሕቅ ።

ብማዕዶ አብ ልዕሊ ሐንቲ ጸፉሕ እምኒ ሐደ ጨርቂ ዝመስሎ ነገር ይር አይ ፤ ናብኡ ቀስ እንዳበለ ይቀርብ ፣ ብኢዱ ሕዝ እንተበሎ ጥርሑ ጨርቂ ከምዘይምኳኑ ይፈልጥ ፤ እንታይድአ ፤ ሒዙዎ ዝመጸ ምግብን ማይን ዝመልአ ሳንጣ ምኳኑ ይርዳእ ። ኮፍ ቢሉ በቲ ሐሙኽሸቲ ዝመስል ኢዱ ገይሩ ክበልዕ ይጅምር ፤ ፍርቂ አቢሉ ምስ በልዐ ሐንቲ ኩላሶ ብኢዱ ሒዙ ገና ናብ አፉ ከየእተዋ እንከሎ ናብታ ዝጸርባ ዝነበረ ቅርጺ ይጥምት ። ምዕ ጉርታ ቁሩብ ርጉድ ኢሉ ይኸውን እቲ ብልዒ ሃህ ቢሉ እንከሎ መሣርሒኡ አልዒሉ ጽርበት ይጅምር ።

አጋምሸት ኮይኑ ቁሪ ምስ ተሰምየ ይትንስእ ይኸውን ፤ ነታ ብልዒ ዘወሰደላ ምሽክነይቲ ሣንጣ ንገዝኡ ኪወስዳ ቢሉ ይደንን ፤ ቁሩብ ብልዒ ተሪፉዋ ከምዝነበረ ይርኢ ፤ ጥሜት ስለ ዝሐለፎ ካብቲ ሀህ ቢሉ ዝወ ዓለ ምግቢ ይበልዕ ። ግን እግዚአብሔር ጥዑም'ዩ ዋላ'ኳ ብእኡ ዝአክል አይሐመመን ።

ቀስ እንዳበለ ነቲ ቁልቁለት ክወርድ እንከሎ ፤ ብድሕሪኡ ዐቢይ ነገር ከምዝረስዐምበር ብቅድሚኡ ዘፍቅሮም ዘፍቅርዎ ሰብ ከምዝረክብ ዝሐስቦ አይመስልን ።

ኢዳ'ኮ አዐርየ አየጸበቅኩዋን ፤ አሚንታ ቁሩብ ፍዝዝ ኢለን ይመስለኒ ፤ ጽባሕ ከዓርያ እየ ፤ ጽባሕ መዓስ እያ እትኸውን እንዳበለ ንገዛ ይአቱ ይኸውን።

ገዛ አትዩ እንትርፊ እታ መዓልቲ ከመይ አቢሉ ብጽቡቅ ከምዘሕልፋ ሐንሳብ ንሐንቲ ቅርጺ ገፃ ከመዓራርያ ክብል አፍንጭአ ከም ዝቆረጻ ሐን ሳብ ፈረስ ክቀርጽ እንከሎ ናይ ሰለፋ ጸዋዳ ከምዘሎ ከምጽአ እንተደለየ ከመ ይ ምኳኑ ከምዝጠፍአ'ሞ ነቲ ቁልቁለት ኸው ቢሉ ከምዝወርዱ ጎልጎል ነፃ በጺሑ ከመይ ከምዝኾነ አብ ርእሱ ሐቲሙ ልቡ እንዳተሐንፈጸ ብጉያ ነቲ ዐቐበት ደይቡ ጽቡቅ ፈረስ ከምዝሰርሐ የዘንትወልና ።

ካብ ኩሉ ዘገርመኒ "ሐንቲ መዓልቲ" ኢሉ ጀሚሩለና ፤ "ናይ ሐደ ጎበዝ ሰብአይ ካብ ክሳዱ ንላዕሊ ጥራሕ ይቀርጽ ነይረ ። ጸጥታ ስለ ዝነበረ እንትርፊ ባዕለይ ዝገብሮ ዝነበርኩ ንሐንሳብ ኣሕኣሕ ንሐንሳብ ሕሹኽሹኽ ዝብል ድምጺ እንተዘይኮይኑ ካልእ ድምጺ ብእምሩ አይነበረን ። እምብዛ ክግ ረም ኢሉኒ ግን አብ አየር ድምጺ ሰሚዔ ። ንሰማይ ተንቃዕሪረ እንተጠመ ትኩ ሐንቲ ዑፍ ብመንፈርፈራን ብድምጻን ሰሚዔዮ ዘይፈልጥ ድምጺ ትግ ብር ከምዝነበረት ተረድኤ ። ድሐር ናብ ጽርበተይ ተመሊሰ ፤ እታ ዑፍ ግን እቲ ትግብሮ ዝነበረት ድምጺ አየቋረጸትን ። ድሕሪ ቕሩብ ጊዜ ኢደይ በቲ ናይታ ዑፍ ድምጺ ተኽቲሉ ብሐባር ክሠርሕ ጀሚሩ ። ክሳብ ደኺሙዋ ካብ ጥቓይ እተልግስ ከአ እናተኽተልኩዋ ድምጻን ናተይ ኣሕኣሕን አሰማሚዔ ጸሪበ ንሳ ምስ ከደት ነቲ ዝጸርቦ ዝነበርኩ ናይ ሐደ ጎበዝ ሰብአይ ቅርጺ እን ተርእኩ ከምዝወዳእኩዎ ይፈልጥ ። " እናበለ ዘገርም ወረ የውርየልና ።

ተቐዳዲመ ዘረብኡ ውድእ ምስአበለ "መዝገበ ሐወይ ዝቐረጽካዮ እምኒ አይተሪኤናን ዲኻ ? በጃኻ ናይዚ ዝበልካና ርእሲ ናይ ሐደ ጎበዝ ሰብአይ ክን ሪእ አምጽአዮ ። " ይብሎ ።

ንሱ ከአ "ሕራይ ከምጽአ ኢየ" ይብለኒ ።

ምስርእኹዎ ብውነት መዝገበ ሐወይ ይቕልድ ወይ ከአ ይጸወት ከምዘ ይነበረ ይርድአኒ ። እቲ ሰብአይ ሽሕ'ኳ ካብ ክሳዱ ንላዕሊ እንተኮነስ ፤ ዝናይ ብሐቂ ዓይኒ ገይሩ ዝጥምት ዘሎ ይመስል ። መልክዑ ልክዕ ከም ካብ ዓለም ምሉእ ብመልክዕ ቀዳማይ ዝወጽአ ሰብአይ ነይሩ ። ካብ ኩሉ ድማ ሕይወት ዘለዎ ይመስል ።

አቦይ ምስ ረአዮ ንመዝገበ ሐወይ ጽውዕ አቢሉ ብክልተ ኢዱ ሒዙ አሚንቱ አጥቢቑ ሪእዎ ። ተመሊሱ ከአ ነቲ ዝሠርሐ ቅርጺ ተመልኪቱ ፤ ድሐር አእዳዉ ግድፍ አቢሉ ብእምብዛ ምግራም ከናፍሩ እናጠምዘዘ ሰቕ ኢሉ ።

ኣደይ'ሞ ልክዕ ወዳ ብእምኒ ገይሩ ሰብ ዝሠርሐ እዩ መሲሉዋ ። ናይ'ዚ

ካልእ ሰብ ምግራምሞ ብፍጹም ክገልጾ አይከአልኩን ። ብኡነት ከኣ ሥርሑ ዘገርም እዩ ።

ሰብ ሐደ ቀሊል ነገር እንተገበረ ቁሩብ ከንእዶ ዝኽእል መሲሉ ድሕሪ ተራእዩዎ ፤ ምእንቲ ክነአድ ንዕኡ ዘልዕል ዘረባ ክዛረብ ይህቅን ። ሽሙ ብዓቢይ ፊደላት አብ ጋዜጣታት ይርአዮ ። ከይተናእደ ድሕሪ ተሪፉ ይሕዝን ። መዝገበ ብዛዕባ እቲ ዝገብሮ ዝነበረ ናይ ቅርጻ እምኒ ክነአድ አይደለየን ። እቲ ዝገበሮ ጽቡቕ ነገራት ድማ ኩሉ ሰብ ክሪኤሉ አይፈተወን ። ብልቡ ድሕሪ ፈትዩካ ክትሪኤሉ ይደልየካ ።

ካብቶም ናይ መዝገበ ጽርበት ብዙሕ ዝረአዩታን ፤ ክሪኡ ዝፈትዉ ዝነበሩ ሰባት መዝገበ ድማ ከሪአም ዝፈቱ ዝነበረ ሐንቲ ዛይድ እያ ነይራ ። ዛይድ ክትረኽቦ እንከላ ንመዝገበ ብዛዕባ ሥርሑ ትጥይቆ ። "መዝገበ ሎሚኽ እንታይ ትቕርጽ አሎኻ ? በቀዳማይ ዘርእኻኒ ናይ ሰበይቲ ቅርጺ ብዙሕ ተፈትያትኒ ። ግን ሐቂ ተዛረብ ፡ ሐንቲ ሰበይቲ ወይ ጓል በቲ ከምቲ ዝበለ ሰውነት ክትረክብ አይትኽእልን ፤ አብዛ ዓለም ብምልእታ ከምቲ ናታ ቅርጺ ዘለዋ ሰበይቲ ድልይ አቢልካ አይምተረኽበትን ። ጽብቕቲ ሰውነታ ሰበይቲ ክትቀርጽ እንከሎኻ ብዙሓት አንስቲ ተስፋ ይቆርጻ ። ንዓኻ ንአብነት ዝፈትዋኻ ነይረን እንተዝኾና ፤ መዝገበ ካብ ሐንቲ ሰበይቲ ወይ ጓል ከምታ ዝቀርጻ ሰበይቲ ዝአመሰላ መልክዕ ሰውነት ይጽበ ይኽውን እናበላ ንሐንቲኤን ከምዘይትፈቱ ይውስና ። "

"አይትተዓሸዊ ዛይድ ፤ ናይ ልበይ ብሐቂ ከዛርበኪ ፤ ክሳብ ሎሚ ዝቐረጽኩወን አንስቲ ክንዳኺ ተመሲለን አሽንኳይዶ ክረአያኒ ምስ ናትኪ ቅርጺ ሰውነት ከወዳድረን ቢለ ሐሲበ'ኳ አይፈልጥን ። ትፈልጢ ዲኺ ዛይድ ? እዚ ኩሉ ምስ አእማን ዝገራጨው ዘለኹ ፤ ናይ ብዙሓት አንስትን አዋልድን ቅርጽታት ዝሠርሕ ዘለኹ ፤ ምናልባት አብ መወዳእታ ናትኪ ብዓቢይ ክእለትን' ብዓቢይ እምንን ገይረ ክቕርጽ ቢለ እንተኾንኩ እንታይ ትፈልጢ ። ናትኪ ቅርጺ በዚ ሕጂ ዘሎኒ ክእለት እንተውጻእኩዎ ልበይ ከምዘቕንዝወኒ ርግጽ እዩ ። ክእለተይ ምስ አማዕበልኩ ፤ ዝበለጸ እምኒ ምስ ረኸብኩ ፤ ብዘሎኒ ክእለት ክሠርሕ እየ ። ድሕርታ ናትኪ ቅርጺ ልበይ ከዕርፈለይ እዩ ። ዛይድ ይርድኣኪ ድዩ ፡ ብውሽጢ ልበይ ከምዝፈትወኪ ? አነ ጥራሕ'ምበር ካልእ ሰብ ክፈትወኪ ከምዘይደሊ ? ንስኺ ከተፍቅርኒ ብምርአየይ ታሕጓስ ኩሉ ጊዜ አብ ልበይ ይስምዓኒ ። ብዝረኽብኩኺ ቁጽሪ ኩሉ አካላትኪ ከጽንዕ ይጋደል ። አዒንትኺ ንምጽናዕ ብዙሕ ጊዜ ወሲዱለይ ፤ ዝኾነ ኾይኑ ገጽኪ አጽኒዔዮ ክብል ይኽእል እየ ። ካብ አብራኽኪ ንታሕቲ ካብ ኩርናዕኪ ንታሕቲ ድማ አብ ውሽጢ ርእሰይ አሎ ። ካልእ ክፍልታት ሰውነትኪ ከጽንንየ ኢየ። ኩሉ ሰውነትኪ መልክዔኛ ኢዩ ፤ ከምዘለዎ ገይረ ድሕሪ አውጺኤዮ ብሐቂ ዓብይ ነገር ከምዝሠራሕኩ መሲሉ ክስምዓኒ እዩ ። ዛይድ ! ብዛዕባ ጨጕሪ ርእስኺ ረሲዔ ፤ ምናልባት ክሳብ ዝባንኪ ለኽ አቢለ ከውርዶ ይኽውን ። "

ዛይድ እዚ ኩሉ ሰሚዓ ብሐጎስ ተፈንጺሐ ፤ ኣእዳዋ እንዳዘርገሔት ‘‘መዝ ገበ ሐወይ ኣይትጽልእኒ ፤ ኩሉ ጊዜ ፤ ንወትሩ ፤ ኣፍቅረኒ ፤ ከይትጸልእኒ ፡ ’’ እናበለት ትሕቀፎ ።

በተን ብሥራሕ ዝበርትዓ ቀላጽሙ ገይሩ ናብ ደረቱ የቅርባ ዐዐርዩ ከኣ ይጠምራ ፡ ናይ ኣጥባታ ጣዕሚ ድማ ኣብ ኣፍ ልቡ ይስምዖ ። ሕሽኩሹክ እንዳበለት ፤ ‘‘መዝገበ ኣይትግደፈኒ’’ ትብሎ ። ንሱ ክዛረብ ዝኽእል ኣይ መስለንን ። ናይ ምዕጉርቱን ምዕጉርታን ምቅርራብ ሰላማዊ ሙቀት ምስ ተሰምዖ ነቲ ዝበሰለ ወይኒ ዝመስል ከናፍራ ክስዕም ቢሉ ይጥወ ። ዘለዓለ ማዊ ደስታ ዝበሀል’ኳ ካብ ከናፍራታ ዝበልጽ መሲሉ ኣይተሰምዖን ። ንሳ ከኣ ኣብ ውሽጢ ሐደ ዐቢይ መካበቢያ ዘይክፈት ሐጺን ማዕጾ ዘለዎ ሀብ ታም ገዛ ኣትያ ንዘለዓለም እትሕጎስ መሲሉ ተራእዩዋ ። ኣብ ውሽጢ መካ በቢያ ቀላጽሙ ክብረት ድፍረት ተሰሚዑዋ ።

ንኩላትና ዝሐጎሰና ነገር ፤ መዝገበ ንገብረ ዓርኩ ናብ’ታ ኣእማን ክጸር በላ ዝውዕል ሽንጭሮ ምስኡ ንክኸይድ ምስ ለመኖ እዩ ። ገብረ ብርግጽ ምስ መዝገበ ከይዱ ምስኡ ክጸርብ ዝብል ሐሳባት ኣይነበሮን ። እንታይ ድኣ ፤ መጀመርያ ነቲ ብልቡ ዘፍቅሮ ዓርኩ ከቐይሞ ብዘይምድላዩ ፤ ካልኣይ ድማ ኣነ ስለ ዝለመንኩዎ ኢዩ ።

ገብረ ምስ መዝገበ ምኻድ ይጅምር፤ ብብዙሕ ነገራት ንመዝገበ ይጠ ቕሞ ። እቲ ምክያድን ምምጻእንክ ናይ መን ኮይኑ ፤ ካብ መንክ ይርከብ ?

ኣብቲ ቦታ ምስ በጽሑ’ውን ብብዙሕ መንገዲ ይረድኦ ፤ ገብረ ሐደ መዓ ልቲ ከምዘዛረበኒ ‘‘ኣንታ’ዚ መዝገበ ከምኡ ቢሉ እዚ ኩሉ መዓልታት ይሐ ልፎ ነይሩ ? ኣብኡ ኬድኪ እንተትርእዮማ ምሐዘንኪ ። ፀሐይ ቀራዕ እናበ ለቶ እንከላ ናብ ጽላል ቦታ ድኣ ክኸውን ኣይብልን ፤ ሱቕ ቢሉ ሥርሑ ይቕ ጽል ። ብጥሜት ኪመውት ቢሉ እንከሎ ብእምብዛ ምምሳጥ ዝኣክል ኣየስተ በሀለሉን ። ንሐንሳብ ድማ ብድኻም ብዝሐት ርሃጽ ጥብጥብ ክብሎ ይጅምር ፤ ሕጅስ ደኺመ ክዓርፍ ዘይብሉ ሱቕ ቢሉ ኳሕኳሕ ምባሉ ይቕጽል ። ድኻም እምብዛ ሐሊፉዎ ኣእዳዉ ከም ብዓጽምን ብሥጋን ዘይተሠርሐ ክመስል ክወ ድቕ ልውይ’ውይ ክብል ምስ ጀመረ የዐርፍ ኣለኹ ቢሉ ነቲ ዝቕርጸ ዝነበረ ደረቅ እምኒ ሐቑፉ ኣብ ልዕሊኡ ርእሱ ኣውዲቑ ይድቕስ ። ደቂሱ ፤ የዓርፍ ኣሎ ክትብል እንከሎኻ ድሕሪ ሐሙሽተ ደቂቕ ተንሲኡ ሥርሑ የምርሕ ። እዚ ኩሉ ምንም ኣይምኽነን ፡ ዝበልዕ ፤ ከብዱ ዝዝክር እንተዝኽውን ። ኣነ ሐውኺ’ማ እዛ ደወል ናይ ሰዓት እናተኽታተልኩ ይጸንሕ። ኣብኡ ኮንካ መቕ ም ግርም ገይራ እያ እትስማዕ። ሁለት ሰዓት ኣራት ሰዓት ኣምስት ሰዓት እናበ ልኩ ጸኒሐ ስድስት ክትወቅዕ እንከላ ፤ ተቕዳዲመ ናብታ ክሐስበላ ዝጸናሕኩ ሚንጣ ይኽይድ ። ኣብ ጥቓ መዝገበ ኮይነ ድማ ፈሊጠ ዓባይ ኩላስ እንዳኩ ለስኩ ምሳሕ ኣኺሉ ጠምዩኒ ይበልዕ ኣለኹ ንዓ ብላዕ ይብሎ ። ከይተሐጸቦ ምስቲ ኣቦራ ኢዱ ክበልዕ ድሕሪ ደልዩ እንካ ማይ ንዓ ተሐጸብ ይብሎ ። በዚኣ ግና ኣይትምጽኦ ንመዝገበ ። ግደፈኒ በጃኻ ኢሉ ከይተሐጸበ ይበልዕ ። ቁሪ

ክብርትዕ ድሕሪ ጀሚሩ ቁሪ በርቲዑ ከምዘሎ የዘኻኽሮ ፤ ከመይ ማለት ከም ዝቆረረ ከይተረድኦ ናብ ሥርሑ ተመሲጡ ይቅጽል ። ግን ሽግር ረኺበዮ ዘሎ ኹስ ከይተዛረብኩ ምሉእ መዓልቲ ብምውዓለይ እዩ። ከምዚ አብ ገዛውትና ዘዛርበኒ መሲሉኒ ከዛርቦ እንተጀመርኩ ብመመልከቲቶ አጸብዕቱ አፋ እንዳ ዓበሰ ስቅ ክብል ይልምነኒ። እምቢ,ለ ድሕሪ ዘረባይ ቀጺለ ናይ ግንባሩ ሠራውር ክግተር ይጅምር ። ስለዚይ ስኞ ቢለ ሐንቲ ጽረባ ዝበለኒ እምኒ ኳሕኑሕ ክብል ይጅምር ። እንታይ'ሞ ይኹን፤ ዋላኳ ምሉእ መዓልቲ እንተሠራሕኩስ ከምታ መዝገበ ብሐንሳብ ኳሕ አቢሉ ዘውድቃ ቅርጺ ክገብር አይክእልን ንሐንሳብ መጻሕፍተይ ሒዘ ይኽይድ ፤ ነገርግን አጽንዕ'ኳ አይመጸንን ዝኾነ ኮይኑ ንዓርከይ እየ ዝረድእን ዝሕሉን ዘለኹ ። ንሱ ካብ ዘይጠቅም ደንጎላ ብዓይንካ ጠሚትካ ዘይምኖ ቅርጽታት የውጽእ። ንሱታት ብምርአይ ደስ ይብ ለኒ ። ብኡ ብኡ ድማ እቲ ናይ ጽርበት ሥራሕ እናተረድኣኒ ይኽይድ አሎ ። ሐደ መዓልቲ ምስወዳእኩዋ ከሪኤኪ እየ ሐንቲ ሰበይቲ እንካብ ሕቁአ ንላዕሊ ምጽራብ ጀሚረ አሎኹ ። ”

“ገብረ ! ንመዝገበ ሐወይ ትገብረሉ ዘሎኻ ናይ ሕውነት ረዲኤት ብጣዕሚ እዩ ። ብገዛና ብውሽጢ ልብና ነመስግነካ አሎና ። በጃካ ግን ገብረ ሐወይ ብፍጹም ተጸሊኡኒ ኢልካ አይትግደፎ ። ከምኡ ምኻን ንዓኻ ብዙሕ አይከሸግረካን እዩ ። ብኽእለትካ መጠን ምግብን ዘረባን፤ ዕረፍትን ከም ዝክር ግበሮ ። ንዓኻ ኢና ንአምን ። ዓቢይ እምነት አብ ልዕሌኻ አውዲ ቅና ኢና ዘሎና ።

“ቅድስቲ ሎሚ ተጋጊኺ ። አነ ድአ ከመይ አቢለ ከም መዝገበ ክኽውን ይኽእል ? መን'ዶ አምሂርዎ'ዩ ? መን አረዲኡዎ ? ምናል ባት ከም ኩልና ግብፃውያንን ግሪካውያንን ሮማውያንን ብእምኒ ገይሮም ናይ ሰብን ናይ ካሊእ ነገራትን ቅርጺ የውጽኡ ነይሮም ቢሉ አብ ቤት ትምህርቲ ሰሚው ተማሂሩ ይኽውን ። ምናልባት ከአ ስዕልታት ሪኡ ይኽውን ። ግን ብርግጽ ይብለኪ አለኹ ፤ መዝገበ ብናይ ሰብአዊ ክእለቱ አይኮነን ከምዚ ዝአመሰለ ነገራት ዝፈጥር ዘሎ ። ሐደ ኃይሊ አብ ውሽጢ ሰውነቱ ኮይኑ ይደፍአ ከምዘሎ ርግጽ እዩ ። አነ ዋላ'ኳ ሽሕ ዓመት እንተተ ማሃርኩ ከምኡ ክኽውን አይክእልን ፤ ተስፋ ቆሪጸ አይኮንኩን ፡ እንታይ ድአ ፤ አዐርየ ስለ ዝተዓዘብኩዎ እዩ ። ” ቢሉኒ ይኽይድ ።

ሐደ ዐቢይ ነገር ዝረሳዕክዎ አሎ። እቲ ዐቢይ ነገር ዝብሎ ንመዝገበ አብ ዳሕረዋይ ሕይወቱ ብዙሕ ዘገድስን ዝተፈተዎን እዩ። ካብ ብንእሽተዩ ጀሚሩ ስእሊ ይፈቱ ነይሩ ። መጀመሪያ ብደረቕ ርሳስ አብ ማንም ወረቀት ፤ ቀጺሉ ብናይ ርሳስ ሕብርታት ፤ ቀጺሉ ብቀለምን ብናይ ማይ ሕብርን ፤ ድሕር ድማ ብዘይቲሕብሪ ምስአል ክኢሉ ።

ምሁር ሰብ አይሰአን ። አኮይ ዝብጽሐኒ ተስፋይ ዝስሙ ተመሂራይ ዓዲ እንግሊዝ ነይሩ ። አብ ናይ ለንደን ዩኒቬርስቲ ናይ ሊቅነት መዓርግ ምስ

ተቀበለ ንአዲስ አበባ እንኪከይድ አብ ዓዲግራት አብ ገዛና ሰሙን ገይሩ ። ገለ ሠለስተ መዓልቲ ምስገበረ ሐደ ንግሆ ንመዝገበ አብ ውሽጢ ገዛ ኮይኑ እናሰአለ ከሎ ይረኽቦ ። ተስፋይ አብ ልዕሊ መዝገበ ጠጠው ቢሉ ንብዙሕ ደቂቅ ንናያ መዝገበ ስዕሊ ተመልኪቱ ። መዝገበ ብርሳስ ሕብሪ ገይሩ ሐደ በእዋምን ብቀጠልያ ለምለም ሳዕርን ዝመልአ ጽቡቕ ቦታ የመልክት ነይሩ ።

ተስፋይ ብናይ መዝገበ ክእለት ተደኒቑ ተገሪሙ ። ወዲ ሐብቱ ከም'ዚ ስለዝኾነሉ ብዙሕ ተደሲቱ ። ንባዕሉ ክስእል አይክእልን ፤ ንዝስዕሉን ንስዕልን መኽበሪ ብምኳኑ ግና ብዝተኻእሎ መጠን ንመዝገበ ክረድኦ ወሲኑ ።

ገለ ክልተ ወርሒ ድሕሪ ተስፋይ ንአዲስ አበባ ብድሕን አትየ ቢሉ ምስ ጸሐፈልና ፤ ሐደ ሰብአይ ካብ ተስፋይ ተላኢኽ እየ ዝብሉ ንገዛና መጹኦም ። ሐንቲ ዓባይ ጥቅላል ብጸጋመይቲ ኢዶም ተኾልዑሎም ነይሮም ፤ ብየማነይቲ ኢዶም ከአ ክልተ መልዕኽቲ ሐንቲ ንመዝገበ ትብል ሐንቲ ከአ ናብ አደይ ትብል ነይራ ። እታ ዐባይ ጥቕላል ብዓቢይ ጽሕፈት ፡ ንንእሽቶ ሐወይ መዝገበ ጥበብ አማኑኤል ፡ ዝብል ጽሑፍ ከምዝነበራ ምስ ፈለጠ መዝገበ ዘሊሉ ሕቑፍ የብላ ።

አብ ውሽጣ ብዙሕ ዓይነት ወረቓቕትን ሕብርታትን ነይሩ ። ናይ ኩሉ ዓይነት ሕብርታት ናይ ኩሉ ዓይነት ወረቓቕቲ ። መዝገበ ነጢሩ ፤ ዘሊሉ ፤ አሽከርኪሩ ክመውት ደልዩ ።

ምናልባት እታ አዝዩ ዝተሐጎሰላ መዓልቲ ንሳ ነይራ ትኸውን ። አብ ውሽጢ'ታ ጥቕላል ሠለስተ ገዝፍቲ መጻሕፍቲ ነይረን ። ብአአተን ገይሩ መዝገበ አለኻኽያ ሕብሪ ፤ ናይ ቀዳሞት ክኢላታት አሰአእላን ዛንታ ስዕልን ፈሊጡ ።

ካብኡ ንንየው ካብ ጽርበት ብዝዐረፈሉ ጊዜ ክስዕል የሕልፎ ነይሩ ። ዕድመ ንተስፋይ ስእሊ ክኢሉ አይብልን ፤ ከመይ ማለት ፡ ብሕብሪ'ኳ እንተ ዘይሰአለስ ብርሳስ ገይሩ ተራእዩ ዘይፈልጥ ግሩም ጽባቐ ምፈጠረ ነይሩ ።

ሐደ መዓልቲ ሰብ ብዛዕባ መዝገበ ክዛረብ ከምዝሰማዕክዎ ፤ "ናይ መዝገበ ሥራሕ ድላይ ወይ ክእለት አይኮነን ። ፍትወት እዩ ዝበሀል ። ገሊኡ ሰብ ኣሎ ናይ ዝሙት ፍትወት ዝሐድሮ፤ ገሊኡ ናይ ቅትለት ገሊኡ ናይ ስርቂ ወይ ሐሶት ። መዝገበ ናይ ጽርበትን ስዕልን ፍትወት እዩ ሐዲሩዎ'ምበር ፤ ከምዚ ገይሩ ክጥቀም ወይ ክጠቅም እየ ቢሉ አይኮነን ። "

እዞም ከምዚ ቢሎም ዝተዛረቡ ምሁር ሰብኣይ ሐቀም ፡ እኮ ይኾኑ ፤ የምስልስ እዩ ። ምምስሳል ከይኮነ ርግጽ እዩ ። ስለምንታይ ዘይበልዕ? ስለምንታይ ካብ ናይ ፀሐይ ወይ ናይ ቁሪ ብርታዔ ዘይርሕቅ? ስለምንታይ ሰውነቱ ዝጎድእ ?

እብ ዓዲግራት ብዙሐት ውሩያት አሳዕል ብዘገርም ክእለቱ አውጺኡ ። ካብ ኩላትን ውርይቲ ፤ ንዓይ ድማ ካብ ዓይነይ ዘይትፍለየለይ ናይ እምባ

ዐለቋ ስዕሊ ብናይ ዘይቲ ሕብሪ ገይሩ ዘውጽአ እዩ ። ቅድም ነዛ ዓባይ እምባ እዚአ አብቲ ጸፋሕቲ አእማን አሕብጥ አቢሉ ዝደለዮ ቅርጺ ዘውጽኡሉ ዝነ በረ ብዘደንቕ ጽባቐ አውጺኡዋ ነይሩ ።

ሕጂ ግን ጎድኑ እመትን ፈረቓን ቁመቱ ሐደ እመት ዝኸውን ዐለባ ስኢ ሉዋ ። እታ እምባ እንተትልዐል ብእግሪ ዘይሀልቕ ሜዳ ዝፍጠር ይመስለካ ግን ሀባቡላ ንፋስ መጺኡ ሰብን ገዛውትን ዘጥፍእ ይመስል ። እምባ ዐለቑ ልክዕ ከም ሐንቲ ልክዕ ዘይብላ ገዛፍን ሕያውነታ ዘይውዳእ አደ ተመሲላ ትርአየካ ፤ አብ ቅድሚ'ታ እምባ ዝሰአሎም ክልተ አረገውቲ ሐደ ሰብአይን ሐንቲ ሰበይትን ብዘሕዝን ገጽ ንእምባ ዐለቋ ኸግሮም ዝገልጹላ ዘለዉ ይመ ስሉ ። እምባ ዓለቋ ድማ አጆኹም አይትፍርሑ ፡ አነ እንከሎኹ አጆኹም ትብሎም ዘላ ተመሲሉ ይርአየካ ።

ሕይወት ዘለዋ ስዕሊ አብ መንደቕ ሰቂሉ ነይሩ ። ንሕና በታ ስዕሊ ተሐጕስና ኔርና ክብል አይኽእልን ። ዘይመሐንሲና ብምሕማቃ አዐርያ ዘይተሳዕለት ማለትና አይኮነን ። ክንሪአ እንከሎና ነንቀጥቅጥ ኔርና ፤ ብሐቂ ንፈርሕ ። እምበር ሐደ ሰብ ንበይኑ ብለይቲ መብራህቲ አብሪሁ ንደገ ክወ ጽእ ደልዩ ድሕሪ ቁሊሕ ኢሉዋ ብብዝኃት ፍርሒ መብራህቱ ኡፍ ቢሉ ገጹ ተዐሚሙ ከምዝድቅስ ትገብሮ ።

እዛ ስዕሊ'ዚአ ናይ ሐደ አባት ዛር ብምሉእ ሰውነቱ እተርእይ እያ ። አዒ ንቱ ብዘይካ ንእሽቶ ጸላም ዝዓበየ ጎልሐጥ ዝበለ ጻዕዳ ይርአይ፤ ጨጉሪ ርእሱ ከም ንቑጽ ነገር ደው ቢሉ እንተሐዝካዮ ዝዋጋእ ይመስል ። ብጠቅላላ ፡ ሕማቕ መልክዕ ስለዘለዎ አይኮነን ዘፍርሕ ፤ እንታይ ድአ ፤ ምሉእ ጎበዝ በዓል ጽቡቕ መልክዕ እንከሎስ አብ ውሽጢ ልቡ ሰሪጹ ሐደ ክፉእ መንፈስ ዓይንኻ አፍጥጦ ፤ አፍንጫኻ ገትሮ ጭጉራፍኻ መልምሎ ስለዝብሎ እዩ ።

ብዛዕባ እዘን ክልተ አሳዕል ጥራይ ብሐጺሩ አዘንትየ ፤ ንሳተን ጥራይ ስኢሉ ማለት ጌጋ እዩ ፤ ከመይ ማለት ንሱ ዝሰአሎ ገሊኡ ብደረቕ ርሳስ ገሊኡ ብናይ ርሳስ ሕብሪ ፤ ገሊኡ ብማይ ሕብሪ ፤ ገሊኡ ድማ ብናይ ዘይቲ ሕብርን ቀለምን ፈቒድካ አይውዳእን ። ናይ ክንደይ ሰብ መልክዕ ብዐቢይ እናሰአለ አበርኪቱሎም ፤ ንሳቶም ከአ እምብዛ ስለዝተሐጎሱ ንመዝገበ ክርስዕዎ አይክእሉን ።

ስዕሊ ብምኽአሉ ንጽርበት ብዙሕ ሐጊዙዎ ክብል ይኽእል ። አተሐ ጋግዝኡ አጸራርባ አየምሀሮን ፤ ክጸርብ ግን ሐጊዝዎ ። እዚ ማለተይ መዝገበ ንሐደ ቆልዓ ወይ ሰብአይ አብ ቅድሚኡ ደው አቢሉ ንዕዑ እናረአየ ክንድ ዝቕርጽስ አብ ከተማ እንከሎ ተቐዳዲሙ ይስዕል ።

ንአብነት ንሐንቲ አብ ገዛና እትሠርሕ ዝነበረት ጓል ፡ ርእሳ ፡ ደረታ ፡ ወዘተ እንዳበለ አብ ብዙሕ ወረቓቕቲ መጀመሪያ አብ ገዛ ኮይኑ ስኢሉዋ፤ ድሕ ር አብ በረኽኡ ከይዱ ናይ ፍጥረታ መልክዕ ብቅርጺ አውጺኡዎ። ንሐንሳብ

እምኒ ንገዛና አምጺኡ ንእሺ ዝበሎ ሰብ አብ ቅድሚኡ ገይሩ ቅርጸ እብኡ እንከሎ ብዘገርም ፍጥነትን መልከዕን ይቐርጸ ።

እዚ ኩሉ እንዳገበረ እንከሎ ብትምህርቱ ከመይ ይካየድ ነይሩ ትብሉ ትኾኑ ። ማንም ሰብ ከምዝግምቶ ጊዚኡ አብ ስዕልን ጽርበትን እና ሕለፈ ብትምህርቲ ከነፍዕ ከምዘይክእል እዩ ። ይገርም'ዩ ፤ ካብ ቀደሙ ወይ አይነከየ ወይ ከአ አይነፍዐ ። መማህራኑ ከምቀደሙ ብዓብይ ትሕትና የክ ብር ፤ ምስ ዝፈልጦም ተመህሮ ድማ ጥዑም ዘረባ ጥራይ ይዛረብ ።

ንዓይ ከምቀደሙ የፍቅረኒ ይሕዝነለይ ነይሩ ። ዝገበራ ነገር ፤ ዝተ ጓነፎ ምሳይ ኮይኑ ክጻወት እምበር ካባይ፤ዝሐብአ ምሥጢር አይነበሮን ።

ይፍለጠኒ ሐደ መዓልቲ ፤ ሻቡቱይ ሻድሻይ ወዲእናስ ናብ ሻውዓይ ሐሊፍና ኔርና ። ትምህርቲ ካብ ዝጅመር ልክዕ ወርሒ ገይሩ ነይሩ ከምቀደ ምና መዝገበን ዛይድን ሐጎስን አነን አብ ሐንቲ ኬፍሊ አቲና ንመህር ኔርና ።

ናይ ንግሆ ዕረፍቲ ምስተደወለ ንመዝገቢ ከይወጽእ ምልክት ገይሉ ። እቶም ተዓቢጦም ጸኒሖም ምዓስ'ያ ዕረፍቲ ክብሉ ዝጸንሑ ተመህሮ ብሐን ሳብ ሕዱድድ እናበሉ ወጺኦም ። እምበአርከስ አብ ሐንቲ ንእሽቶ ክፍሊ መዝገቢ ሐወይን አነን ተሪፍና ። ሥፍርኡ አብ ቅድሚት እዩ ኔዩሩ ፤ ናተይ ክአ አብ እጋ መወዳእታ አቢሉ ነይሩ ። አብ ሰስፍራና ደው ቢልና ንቑሩብ ጊዜ ከምዘይንፋለጥ ተጠማሚትና ። ድሐር አብዘለናዮ እንከሎና ዘረባና ጀሚርና ።

አነ ነቲ አብ ልቢይ ዝነበረ ዘረባ ከውጽእ ይጅምር ። "መዝገቢ ሎሚ እንዳተመህርና እንከሎን እንተስተብህልኩልካ ከም ቀደምካ ከምዘየሎኻ ፈሊጠ ። ገጽካ ዝተጨነቐ ይመስል ፤ አብ ውሽጢ ልብኻ ሐዘን ይኹን ወይ ፍርሐት ዘሎካ ትመስል ። አዒንትኻ በርበረ መሲሉ ፤ መምህር ከምህር እን ከሎ ድማ ብፍጹም ትኽተሎ ከምዘይነበርካ ትርአይ የርካ ። እንታይ ኰንካ አሎኻ ? እንታይ ዘሕዝን ረኺብካ ? ወይ ከአ የሕመካ'ዶ አሎ'ዩ ? በል ከአ ንገ ረኒ ፤ ካባይ ትሐብአ ምሥጢር አሎካ ድዩ ? "

"ካባኺ ዝሐብአ ምሥጢር የብለይን ፤ ግን ንዓይ ዝገርመኒ ፤ አዐርዩ ዘገርመኒ ፤ ክሳብ ሎሚ ሐደ ነገር ስለዘይተረድአኪ እዩ ። አሎ እንድዩ መዓ ልቲ መዓልቲ ንግሆ ክትትንስእ እንከሎኻ ካብ ዓራትካ ዝል ቢልካ ትወር ደሉ ፤ ዝሑል ማይ ጌርካ ክትሕጸብ ዘበርትዕ ተአምራታዊ መድኃኒት ዝሰ ተኻ ዝመስለካ ፤ ገጽካ ካብ ወትሩ ዝበርሀሉ ፤ ዝቀይሐሉ ፤ ቁርሲ ዝተቀረ በልካ ባህ ቢሉካ ትበልዓሉ ፤ ንቤት ትምህርትኻ እንዳገዮየኻ ትአትወሉ ፤ ድሐር ወርቂ ክወሀበካዩ'ዩ ከምዝበሉኻ ብርቱዕ ተስፋ ትገብረሉ ፤ ብሐጺሩ ጥዑም ተሕልፈሉ ። ሐንሳብከ ተሰሚዑኪ አይፈልጥን? ሰብካ ሞይ ቱካ፤ ገንዘብካ ጠፊኡካ፤ ከምዝበሉኻ ስቅ ቢልካ እትሕዝነሉ፤ ተዛረብ ስሐቅ ተጻወት ዘይመጽአካ ፤ ምሸት ንእሽቶ ጥራሕ ተደሪርካ አብ ውሽጢ ዓራት

ምስአተኻ ክሳብ አንሶላኻ ዝጥልቂ ከም ውሕጅ ዓይንኻ ዝነብዓሉ ፤ ከምኡ እዩ ቅድስቲ ሐብተይ እምበር አነስ እዚ ኽይነ ክብለኪ አይክእልን ። ”

“ሐቅኻ ኢኻ መዝገበ ከምኡ ዝአመሰለ መዓልታት አሎ ። አብ ሕይወትና ምናልባት ድአ ናብ ጽቡቕ ወይ ናብ ሕማቕ ይዘዙ ይኸውን እምበር ጽቡቕ መዓልታትትን ሕማቕ መዓልታትን ከየሕለፍና ሱቕ ክንብል አይን ክእልን ። ገሊኡ መዓልታት አሎ ካብ ሐዲኡ ገሊኡ ዘይስምዓካ ፤ ስለዚይ ወይ ናይቲ ሕማቕ ወይ ድማ ናይቲ ጽቡቕ መዓልታት ይዝከረካ ፤ ማለት ከም ዕድልካ ። በዚ ምኽንያት’ዚ ብዘይካ ምኽንያት ይመስለካ እምበር ሱቕ ቢልካ አይትሕነስን ወይክአ አይትሐዝንን ኢኻ ። ሕጂ’ውን መሊሰ ይልምነካ ፤ እንታይ ምስ ተዘከረካ እዩ ሐዚንካ ውዒልካ ዘሎካ ?” ቢለ አጥ ቢቀ ይሐቶ ።

“ንስኪ ድአ አይፈለጥክን እምበር አነን ንስኽን አነን ካልኦትን ተመሀሮን ብዙሕ ፍልልይ እኮ አሎና ። አነ ተመሀራይን ሠራሕተኛን እየ ፤ ንስ ካትኩም ግን ተመሀሮ ጥራይ ኢኻትኩም ። እዚ ዝገብሮ ዘለኹ ሥራሕ ንዓይ ዐቢይ ነገር እዩ ፤ ብዛዕባኡ ዝአክል ብዙሕ ሐሳብ አብ ልበይ አሕዲረ አሎኹ። ንሰብ ከምዝመስሎስ ሐደ ሰአላይ ወይ ብእምኒ ዝቀርጽ ግርም ስዕሊ ወይ ቅርጺ ገይሩ ክብል ድሕሪ ደልዩ ናይ መልክዐኛታት ሰባት ናይ ዕምባባታትን ጽቡቅት አንስሳታትን እንተውጽኦ እዩ። እዚ ግና ብሐቂ ዓቢይ ጌጋ እዩ ሐንቲ ቆንጆ ሰበይቲ ብእምብዛ ድኽነት ክዳውንታ ዝተቃዳደደ፤ ምሉእ ዝነበረ አካላታ ብቅጥኒ ዝተባላሸወ፤ አብ ሕቁፍአ ብጥሜት ዝሞተ ወዳ ሐቕሩ እንዳበኸየት እንከላ ብስእሊ ወይ ብጽርበት እምኒ ድሕሪ አውጺእ ካ ብኡነት ዐቢይ ናይ ሕይወት ፈላጥ ክትበሃል ትኽእል። ጽባቂ ዝተኸፍተ ዕምባባታት ለምለም ሣዕሪን ጥዑያት ህፃናትን ጥራይ አይኮነን ። ታሕጓስ ክምስ ምባል አይኮየን ፤ ክንደይ ነገራት ንጋገ ኢና ። ንብዓት ፤ ጎዝን ፤ ጽባቔ ዝኾነሉ ጊዜ አለዎ ። ቀጺለ ምተዛረብኩ ፣ ግና ዕብዳን ከይመስለኪ ። ”

“ድሐን ናይ ካሊእስ ፤ ዘረባኻ እንዳፍርሐኒ ይኽይድ አሎ ፤ ብደጊኡ ንይ ዕቡድ እናመሰለ ብውሽጢ ክገልጾ ዘይክእል ብርታዔ የሕድር አሎ ። ግን ምናልባት ብዛዕባ ናይ ዛይድ ዝአክል ገለ ሽግር ከይህልወካ ። ዛይድ ከረጋግጸልካ ከምቀደማ ወይከአ አብሊጻ ተፍቅረካ አላ ። መዝገበ ከምዚ እዩ ዝገብር ፤ ከምዚ አይፈቱን እዩ ከምዚ ኢሉ’ዩ ዝዛረብ እናበሉት ተሕስረና ። ብዛዕባኻ ጥራሕ እምበር ብዛዕባ ካሊእ’ኳ አይትዛረብን ። ንስኻኸ ትፈትዋዶ አሎኻ ? ”

“ሕይወተይ ከም ሐደ ሰንሠለት ገይረ እየ ዝቆጽሮ ፤ ዛይድ ካብተን ነታ ሰንሠለት ዘተሐሕዝአ ሐንቲ ከባብ ሐጺን ገይረ’የ ዝቆጽራ ። ካብ ማእከል እታ ሰንሠለት ሐንቲ ድሕሪ ወዲቓ ፤ ሰንሠለት ትብጠስ ፤ ምስ ዛይድ ድሕሪ ተባኢሰ ድማ ሕይወተይ አብ ክልተ ዝስበር መሲሉ ይርአየኒ ። ሐደ ክፋእ ዕድል አብ ርእሰይ ከምዝወድቀኒ ርግጽ እዩ ። ፈሊጥኪዶ አሎኺ ናይ ዛይድ

ምስሊ ክውድእ ቀሪበ ከምዘሎኹ፣ ግን ናብ ገዛ ኦ ሞጺኤ አብ ሐንቲ ዘፍሊ አእትየ ንዛይድ ጸዊዔ እናርአኹ ከመሐይሾ እየ ። ”

ዘረባና ከይንቕጽል ናይ ቆልዑ ድምጺ ሰሚዕና ፤ ጽንሕ ቢሎም ከአ እናተዳፍኡ እናሰሐቑ ደቂ ክፍልና ሱላቶም አትዮም ። መምህር እትው ቢሉ ታሪኽ ክምህረና ጀሚሩ ። እንድዒ ናይ መዝገበ ፤ አነ ግና መምህር ዝበሎ ክከታተል አይከአልኩን ። ዛይድ ክንደይ ዕድለኛ እያ ፥ ክንደይ ዘይርሳዕ ዝጠቅም ግብሪ ዝገበሩ ሰባት አይሽንኳይዶ ሐውልትስ ስሞም አብ ጋዜጣ እኳ ከይተሰምየ ይሐልፍ ። ብጽባቐ እንተኮይኑ ከአ ዛድይ ሐጻቢት እቖረን ንምኳን ዘይትበቕዕ ብዙኃት ወይዘራዝር አለዋን ሐሊፈንን ። ግን ፍቅሪ ብርቱዕ እዩ ፤ መላሲ የብሉን ። መዝገበ ንዛይድ ተገይሩ ዘይፈልጥ ናይ ምሉእ ሰውነታ ቅርጸ ዘርኢ ዐቢይ ሀወልቲ ይሠርሐላ አሎ ። ታጅ መሀል ትበሀል አብ ሀገር ሀንዲ ትርከብ ውርይቲ ሀንዳ ፤ ማለት ብምጽባቑ ዝአክል ሚልዮናት ዝአኽሉ ሰባት አብ ዓመት ዓመት ክሪኡዋ ዝኽዱ ሐደ ልውል ንሐንቲ ዘፍቅራ ሰበይቲ መዘከርታ ቢሉ ዘሥርሐ እዩ ይሰምዕ ። ሕጂ ድማ መዝገበ አብነቱ ተኸቲሉ ክበሀል ይከአል። ግን ብዛዕባ ታጅ መሀል ወይ ከምኡ ዝአመሰለ ካሊእ ታሪኽ ተገደሱ ሰሚው ዝፈልጥ'ካ አይመስለንን ። ዛይድ ክንደይ ክትሕነስ እያ ፤ ክንደይ ከአ ክትኮርዕ እያ ፤ ጽብቅቲ ቅርጺ ይሠርሐላ ከምዘሉ ጥርጥር የብለይን እናበልኩ ምልእቲ ክፍሊ አሕሊፈያ ።

ከምዚ ቢልና ካብንዛረብ ገለ ሠለስተ መዓልቲ አቢሉ ምስ ሐለፈ ቀዳም ድሕሪ ፍርቂ መዓልቲ አጋግዘ ክኽውን ክቀራረብ እንከሎ መዝገበ ብካብ ዕስራ ዝበዝሑ ሸቃሎ አሰኪሙ ሐንቲ ብዛዕርን በቕጽልትን ተጠምጢማ ብገመድ ዝተጠምረት ነገር ብጸፋሕቲ አእጻው ተደጊፋ አብ ሐንቲ ጥርሐ ዝነበረት ገፋሕ ክፍሊ አብ ጥቓ ሐደ ዙርናዕ ተቐሚጣ ። ገብረ ድማ ብዛዕሪ ከዲኑ ብገመድ ዝጠመራ ነገር ከም ቆልዓ ዝሐቆፈ ይመስል አብ ልዕሊ ሐንቲ ሐጻር ጠረጴዛ አቐሚጡዋ ።

መዝገበ ዝገበሮ ነገር ክትሪኡ ተባሂሎም ፤ አቶ መብራህቱ ምስ ሰበይቶም ፤ አቦይን አደይን ፡ ዛይድን ገብረን አነን ኔርና ። በል እቲ ጌርካዮ ዘሎኻ አርእየና ዛዕሪ ምልጋስ'ዶ ክንሕግዘካ? ይብልዎ ። ንሱ ግን ኩሉ ባዕለይ እየ ዘሪኤኩም ቢሉ ብበላሕ ካራ ነቲ ጠሚሩዎ ዝነበረ ብርቱዕ ገመድ ምስ በንጠሶ እቲ ዛዕርን አቑጽልትን ቀስ እናበለ ክወድኞ ጀሚሩ ። ዛይድ ብሕይወታ እትመስል እምኒ ድማ አብ ቅድሜና ደው ኢላ ።

ንአቶ መብራህቱ ግልጽ ቢለ እንተጠመትኩዎም ገጾሞ ብፍርሒት ዝተለወጠ መሲሉ ተራእየኒ ። ሰበይቶም ነቢዔን ፤ አደይ ከአ ወይ ክትሕግዘን ቢላ ትኽውን ወይ ብልባ ተሰሚውዋ ካብአን ገዲዳ ነቢዓ ። አቦይ ንደገ ወጺኡ ፤ ዛይድ ድማ ብታሕጓስ ብዝኃት ይኹን ወይስ ብፍርሒት ከም ድኻም ዝበዝሐ ኮይና ልባ እንዳደገፈት ቀስ ቢላ ኮፍ ኢላ ።

መዝገበ ገለ'ኳ አይዓጀቦን ፤ ናብታ ሐወልቲ እናቀረበ ብሰንጢ እን ዳገበረ ገለ ይሕንጥጥ ነይሩ ። ከምዝመስለኒ ፤ ንዛይድ እናተመልከቱ አብዚአ ቦታ'ዚአ ከመሐያይሻ ፤ አብዚአ ቁሩብተይ ተጋግየ እዩ ዝብል ዝነበረ ።

ናይ መዝገበ ተአምራታዊ ዝኾነ ትርኢት ምስርአና ፤ ገብረ ነታ አብ ልዕሊ ሐንቲ ንእሽቶይ ጠረጴዛ ዘንበራ ነገር ብሰንጢ ገይሩ ነቲ አኪሩዎ ዝነ በረ ገመድ ምብንጣስ ጀሚሩ ። ድሐር ነቲ ግዕሪ ብኢዱ እናነገፈ ፤ ንሐን ሳብ ከአ ኡፍ ኡፍ እናበለ "ርእዩታ አነ ዝገበርኩዎ ፤ ናይ ሐንቲ ሰበይቲ ቅርጺ እኮ እዩ ፤ ግና እዘን ዝብለኩም ሰበይቲ አብዚ የለዋን ። አብ ሽረ እየን ዝቕመጣ ። ንእሽቶ እንከለኹ ምስርአኹወን ገጸን ካብ ዓይነይ አይተፈልየን፤ ኵሉጊዜ ድማ ይዝክረን ። "

ብርግጽ እዘን ዝበለን ሰበይቲ አብቲ ዓዲ ከምዘይነበራ ተረዲኡኒ ፤ አብ ምሉእ ዓለም ብሕይወተን ወይ ብምውተን ከምዘይነበራ ከአ አረጋጊጸ። ብሕይወታ ዘላ እትመስል ቅርጺ ክንርኢ ጸኒሕናስ፤ ናይ ገብረ ሰበይቲ ቢሉ ዝቐረጻ ምስ ርእና ሰሐቕና ክንዓግቶ አይከአልናን ። ሰበይቲ አሎዋ'ምበር ብርግጽ ሐንቲ እምኒ ምስ ረኸባ ርእሲ ቢሉ ክንዲ ናይ ውላድ ድሙ ርእሲ ገይሩ እንግድዓ ቢሉ ድማ ክንዲ ናይቲ ዝገዘፈ እንግድዓ ዘለዎ ሰብአይ ዝኸ ውን ገይሩላ ። አጥባታ ርእዩ ቢሉ ንኽልተ ከበብቲ ሕንጻጻት አመልኪቱልና። ብኡነት እዚአ ከምዚ ከምዚ እያ ቢሉ እንተዘይነገረና ካብ ማንም ደንጎላ ፍልይ ቢላ እትርአየሉ አብነት አይነበራን ። ካብ ኩሉ ዘስሐቕና ፤ ክዳና ዝን ጉርጉር እዩ ቢሉ ብዙሕ ሕንጻጻት ምስ አርአየና እዩ ። ንሕና ግን ምእንቲ ከይነሕዝኖ ተስፋ ከይነቑርጸ ብማለት ክንደይ ትጽብቕ ክትፍተወካ ፤ ከመይ ዝአመሰላ ጽብቕቲ ሰበይቲ ይኾና ብሕይወተን ቢልና ነሐጉሶ ።
ንጽባሒቱ ሰንበት ብድሩኡ ብሐንሳብ ክንውዕል ቢልና ተዛሪብናሉ ስለዝ ነበርና ፤ ዛይድ ፡ መዝገበን ገብረን እነን ኮንና ምሳሕና ዝኾነና ሒዝና ንብ ኮት ዝበሃል ቦታ ክንከይድ ንጅምር ። ብኮት ጎልጎል ነፃ ምስወጸእካ ቁሩብ ሕሩስ ገርሁ ምስ ሐለፍካ አብ ትሕቲ እምባ ይርከብ ። ብኮት ዱር ወይከአ በረኻ አይኮነን እንታይድአ ፤ ናይ ቀደም ጥልያን ዝሠርሖ ጽቡቕ ገዛውቲ ዑና እዩ ። ካብ ኩሉ ንምርአያ ተብሀግ ሐንቲ ጽብቕቲ ንእሽቶይ ቤት ክ ስትያን ዝነበረት እያ ።

ንመዝገበ በጃኻ ናይ ሰንበትካ ክዳን ቀይር ቢልና ፤ ኩልና ዝነበረና ጽቡ ቅ ክዳውንትና ተኸዳዲንና እናደረፍና ፤ እናሰሐቅና ከይተፈለጠና ናብ ብኮት ንበጽሕ ። ንገለ ክልተ ሰዓትን ፈረቃን ዝኸውን ፍሩስን ጥዑይን ገዛ ውቲ ክንርኢ አሕሊፍናዮ ። ድሐር አብ ሐደ ጽላል ዘለዎ ጥዑም ቦታ ተመ ሲሉ ዝተሰምዓና ኮፍ ቢልና ዘረባ ንጅምር ።

ዘረባ ፍልም እነ ጀሚረ ፤ "እንቲ ዛይድ እንታይ እዩ እዚ ሒዝኪዮ ዘሎኺ ዓቢይ ጥቅላል? እዚ ኩሉ ምግቢ መሊኡ ድሕሪ ከይኑ ብርግጽ ከም ዘይንውድአ ጥርጥር የብለይን ። "

'እወ ምግቢ'ዩ መሊኡ ፤ ግን ከም ንውድአ አዐርየ አረጋግጽ እየ ።'' ቢላ እንዳሰሐቀት መሊሳትለይ ።

ጽንሕ ቢልና ድሕሪ ቁሩብ ዘረባን ወግዕን ፤ ዘምጻእናዮ ምግቢ ንምክ ፋል ንጅምር ። ዛይድ ካብቲ ዘምጽአቶ ዓቢይ ጥቅላል ሐደ ሥልጣንያ ተው ጸእ ፤ እቲ ሒዛቶ ዝመጽአት ጥቅላል ንሐደ ሥልጣንያ ጥራሕ አይኮነን ንገለ ሐሙሽተ ሽዱሽተ ምኾነ ነይሩ ።

አብ በረኻ ማለት ካብ ገዛኻ ድሕሪ ወጺእካ ፤ ከብድኻ'ዩ ዝኸፈት ። ዳር ጋ ኩሉ ክንውድአ ደሊና ። በሊዕና ምስ ወጸዕና አብ መጸግዒ ተደጊፍና ስዋ እናሰተና ክነዋግዕ ጀሚርና ።

ዛይድ ነቲ ዘምጽአቶ ጥቅላል ሒዛ ትንስእ ቢላ ''ንመዝገበ ሐንቲ መዘ ከርታ አብዛ ጥቅላል አምጺኤሉ አለኹ ፤ እስኪ እንታይ ምኽና ገምቲ ቢላ ብዘሐጉስ ገጻ ፍሽኽ እናበለት ንኩልና በብሐደ ትጥምተና ።

ገብረ ተቀዳዲሙ ''ብዘይካ ጥርጥር ንቅርጺ መሥርሒ ትኸውን ሐንቲ ሐጺን እያ '' ይብላ ።

አነ ድማ ''አብ ክዳን ትግበር ገለ ሽልማት መሳሊት'' ይብላ ።
መዝገበ ምስተሐተ ''ከምቲ ገብረ ዝበሎ ንዓይ ንሥርሐይ እትጠቅመኒ ነገር እያ ትኸውን እምበር ካሊእ እንታይ ክብላ እየ'ሞ'' ምስ በላ ከምዛ ብር ግጽ ዝፈለጣ ይመስሎ ።

ኩልና ተጋጊና ፤ ናይ ዛይድ ሐሳብ ክንፈልጠ አይከአልናን ። ነታ ሐቁ ፋታ ዝነበረት ጥቅላል ቀስ አቢላ ምስ ከፈተታ ካብ ውሽጣ ሐንቲ መልከዐኛ ሰማያዊት ባርኔጣ ትወጽእ ። ኩልና ብሰሐቅ ንመውት ። ንዛይድ ብክልተ ኢዳ ሒዛ ልክዕ ናይ ንጉሥ ዘውዲ ዝሐዘት ትመስል ፤ ቀስ ቢላ ናብ መዝገበ ቀሪባ አብ ርእሱ ተንብራ ። ብዙሕ አጥሚማትሉ ፤ ንመልከው ዐሠርተ ጊዜ ዝኸውን ትውስኽሉ ። ኩልና ንሕጮስ ንስሕቅ ። ድሕር ንዛይድ ከመይ አቢላ ልከው ከምዝፈለጠትን ከመይ አቢላ ከምዝረኸበታን ንጥይቅ ።

ብሐጺሩ ከምዚ እናበለት ተረድኣና ፤ ''አቦይ ቁሩብ መዓልታት ይግ ብር ከምዚአ ዝበላ ባርኔጣታት ናብ ሱቅና አእትዩ ። ብመልክዐን ብምድል ዳለንን ምኽባረንን ክዛረበለን ምስ ሰማዕኩ፤ ንመዝገበ ካብአተን ሐንቲ ክህቦ ደልየ ። አቦይ ዝደለኸዮ ጠይቅኒ ምስበለኒ ፤ ነዛ ባርኔጣ ክህበኒ ለሚነዮ ። መጠን ናይ መዝገበ ድማ ዋዛ አምሲለ አብ ክፍሊ እንከሎና ብፈትሊ ገይረ ዓቂነ ረኺበዮ ። ''

ሰማያዊት ባርነጣ አብ ርእሱ ዝነበረ ወዲ አብ ማእከልና ጌርና ፤ እና ደረፍናን እናሰሐቅናን ንገዛና ንምለስ ። ገዛይ ምስ አተኹ ናይ ዛይድ ጽቡ ቅ ሐሳብ ከገርመኒ አምስዩ ። ዝሀበቶ ባርኔጣ ንፀሐይ ክንደይ ጠቂማቶ ፤ ኩሉ ጊዜ ድማ ክገብራ ጀሚሩ ።